sh.ch



# ናብ ሻፍሃውሰን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!

## መሐበሪ ንሓደስቲ ሰፋሮ






## IMPRESSUM:


| | |
|---|---|
| Herausgeber: | Kanton Schaffhausen, Departement des Innern |
| 2. Auflage: | 2024 |
| Redaktion: | Integres, Integrationsfachstelle für die Region Schaffhausen,<br>Anlaufstelle für Diskriminierungsschutz und interkulturelle Konflikte<br>Flavia Brühlmann und Chantal Bründler |
| Bezugsquellen: | Sekretariat Departement des Innern<br>Mühlentalstr. 105<br>8200 Schaffhausen<br>Tel. +41 52 632 74 61 / Email sekretariat.di@ktsh.ch<br><br>Integres<br>Tel.+41 52 624 88 67 / Email info@integres.ch |
| Gestaltung: | Sepp Pircher |
| Bildquellen: | Chantal Bründler: *Seite 12, 16, 21, 23 L/R, 24*<br>Gino Gallucci: *Seite 39*<br>profifoto.ch - Michael Kessler: *Seite 31, 37*<br>SAH Schaffhausen: *Seite 20, 36 L*<br>Sepp Pircher: *Seite 6 M / R, 8 L, 15 R. 18, 20 L, 28, 30, 32, 33 R, 36 R, 38*<br>Stadtarchiv Schaffhausen: *Seite* 3, *9, 11, 19, 23 M, 25, 26, 27, 34, 36 M*<br>VBSH: *Seite 10, 17*<br>www.parlament.ch: *Seite  6 L*<br>Wirtschaftsförderung Kanton Schaffhausen, Fotograf Röbi Bösch: *Seite 1, 2, 4, 5, 7, 8 M, 9 R, 13, 14, 15 L, 22, 28, 29, 33, 35, 40*<br>*(L = Links, M = Mitte, R = Rechts auf der Seite)* |
| Druck: | Druckwerk SH AG, Schweizersbildstrasse 30, Postfach, 8207 Schaffhausen |
| Gedruckt auf: | Refutura blauer Engel + Recycling,matt,ISO-Weisse 100, 100% 100 g/m2 |

# ዝርዝር ትሕዝቶ






| | |
|---|---|
| መርሓባ! | 4 |
| WILLKOMMEN! | 5 |
| ብዙሕ ዝገጻታ ስዊዘርላንድ | 6 |
| ዞባ ሻፍሃውሰን | 7 |
| መሰረታውያን ክብረታት | 9 |
| ምምጻእን ምጥያስን | 10 |
| ምርድዳእን ምውህሃድን | 11 |
| ምንባር | 13 |
| ተንቀሳቓስነት | 16 |
| ስራሕ | 18 |
| ማሕበረሰባዊ ድሕነት | 20 |
| ግብሪ | 22 |
| መርዓን ምጽማድን | 23 |
| ቤተ ሰብን ቆልዑን | 25 |
| ቤት ትምህርቲ | 28 |
| ሞያዊ ትምህርትን፡ ልዑል ትምህርትን | 30 |
| ጥዕና | 32 |
| ምዝንጋዕን ባህልን | 34 |
| ኣብ ዕለታዊ ናብራ ዘድልዩ ነገራት | 36 |
| ፖለቲካዊ ህይወት | 37 |
| INTEGRES | 39 |

# መርሓባ







**ናብ ካንቶን ሻፍሃውሰን እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም!**

ናብዚ ንሓድሽ ነገራት ቅሩብን፣ ምስ ባህሊ ዝተኣሳሰረን ካንቶንና ስለ ዝመጻእኩም ንሕጎስ።
ካንቶን ሻፍሃውሰን፣ ማራኺ ናይ ናብራን ስራሕን ቀረባት፣ ምስ ጎረባብቲ ካንቶናት ቱርጋውን *(Thurgau)* ዝዩሪክን *(Zürich)* መዳውብቲ ቦታታት ሃገረ ጀርመን ከኣ ብሉጽ ናይ መጉዓዝያ መራኸቢታትን ዝምድናታትን ኣለዎ።

እቲ ዘይተተንከፈ ባህርያዊ መሬትን፣ ኣብ ቀረባኹም ትረኽብዎ መዘናግዒ ቦታ ሩባ ራይንን፣*(Rhein)* ኣግራብ ተኽሊ ወይኒ ክለትጋውን ምስ ቤተ ሰብኩምን ከም ትሕጎሱሉ ርግጸኛታት ኢና።
ዓለም ሓንቲ ምኳናን፣ ዘጋጥሙ ዘለዉ ከባብያዊ ለውጢታትን ከም ማሕበረሰብ መጠን ዓበይቲ ብድሆታት ይኾኑና። ሓድሕዳዊ ምክብባር፣ ምጽማምን፣ ንኻልኦት ብግርህና ምቕባልን ኣገደስቲ መሰረታውያን ክብረታትን ንናይ ተቐባልነት ጋሻ ባህሊ ካንቶን ሻፍሃውሰን ከኣ ኣገደስቲ ኣበርክቶታትን እዮም።
ኣብ ማሕበረሰባዊ ህይወት፡ ባህላዊ ምርኢታትን ትምህርታዊ ቀረባትን ተኻፈሉ።

ኣብ መንጎ ደቂ ዓድን ሓደስቲ መጻእትን ኣብ ዝግበር ንጡፍን ዉዕዉዕን ርክባት ምክፋል፣ ከም ሰብ ዓዲ መሲልኩም ምስ ደቂ ዓዲ ናይ ምሕዋስ ስምዒት ይህበኩም።
እዚ ጥራዝ'ዚ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓድሽ ትቕመጡሉ ካንቶንኩም ንኽትእክቡን፣ ንሓድሽ ዓድኹም ክትለማመዱን ይሕግዘኩም።

ኣብ ምልላይኩም ምስ ካንቶን ሻፍሃውሰን ታሕጓስ እናተመነይኩልኩም፣ ብስም ኣባላት ባይቶ መንግስቲ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም እብለኩም።

ቫልተር ፎገልሳንገር፣ ናይ መንግስቲ ኣባል ሽማግለ *(Walter Vogelsanger, Regierungsrat)*

# WILLKOMMEN!







*Herzlich willkommen im Kanton Schaffhausen!*

*Es freut uns sehr, dass Sie in unseren aufgeschlossenen und gleichzeitig traditionsverbundenen Kanton zugezogen sind.*
*Der Kanton Schaffhausen bietet Ihnen attraktive Lebens- und Arbeitsbedingungen mit hervorragenden Verkehrsverbindungen und guten Beziehungen zu den Nachbarkantonen Thurgau und Zürich sowie dem grenznahen Deutschland.*
*Wir sind sicher, dass Sie und Ihre Familie sich nicht zuletzt auch dank der intakten Naturlandschaft, dem Naherholungsgebiet am Rhein und auf dem Randen sowie dem Weinbaugebiet Klettgau schnell wohl fühlen werden.*
*Die Globalisierung, der gesellschaftliche Wandel und die Umweltveränderungen stellen uns als Gesellschaft vor grosse Herausforderungen. Gegenseitiger Respekt, Toleranz und Offenheit gegenüber den Mitmenschen sind wichtige Grundwerte und tragen auch zur Willkommenskultur des Kantons Schaffhausen bei.*
*Nehmen Sie am gesellschaftlichen Leben mit seinen kulturellen Veranstaltungen und Bildungsangeboten teil. Ein aktiver und reger Austausch zwischen der einheimischen und zugezogenen Bevölkerung trägt massgeblich dazu bei, sich im Kanton Schaffhausen heimisch zu fühlen. Diese Broschüre hilft Ihnen viele nützliche Informationen über Ihren neuen Wohnkanton zu sammeln und unterstützt Sie gut an Ihrem neuen Lebensort anzukommen.*
*Ich wünsche Ihnen beim Erkunden des Kantons Schaffhausen viel Freude und heisse Sie im Namen des Regierungsrates herzlich willkommen.*

*Walter Vogelsanger, Regierungsrat*

# ብዙሕ ዝገጻታ ስዊዘርላንድ





## ኣመቓቕላ ስዊዘርላንድ

ስዊዘርላንድ ንእሽቶ፣ ድምር ናይ ኣርባዕተ ቋንቋታት ዝዝረበሉ ዞባታት ሃገር እያ።
ኣብዘን ዞባታት ኣርባዕተ ወግዓውያን ቋንቋታት፡ ጀርመንኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ጣልያነኛን ሬቶሮማንያውን ይዝረብ።
ኣብተን ዝተፈላለያ ዞባታት፣ ብመጠኑ ዝፈላለይ ቅዲ ናብራ እውን ኣሎ።
ስዊዘርላንድ ብዓልየተ መበቆል ይኹን ብሃይማኖት ኣሃዱነት ዘይብላ ናይ ስምምዕ ሃገር እያ።
ሃገራዊ ኣቀራርጻ ስዊዘርላንድ ፌደራላውን ኣብ ሰለስተ ጽላት ፖለቲካ ማለት፡ ፈደራላዊ ጥምረት፡ ካንቶናትን፣ ኮማትን ይምቀል። ፈደራላዊ ቅዋም እምነ መሰረታዊ ሕገ ስርዓት እዩ። ነቲ ቀንዲ መሰረት ሕጊ ናይ ሓባራዊ መነባብሮ ኸኣ መስርዕ የትሕዝ። ምቕቅል ዕዮታት ኣብ መንጎ ፌደራላዊ ጽፍሕን ካንቶናትን ዘሎ ስልጣናትን ተጻዋዕነት ሰብ ስላጣናትን ከኣ የነጽር፡

## ፈደራላዊ ምምሕዳር

ፈደራል መስመዱ ናይ ሃገራዊ መንግስቲ እዩ። እቲ ካልእ ዝውቱር መጸዊዒኣ ኸኣ ኮንፈደረሽን እዩ።
ፈደራላዊ ምምሕዳር ኣብ ኩሉ ፈደራላዊ ቅዋም ዘፍቀደሉ ጉዳያት ዘበለ ኢዱ ይመልስ። ንኣብነት ኣብ ምሕጋግ፡ ናይ ጉዳይ ወጻእን ድሕነት ፖለቲካን ወይ እውን ኣብ ናይ ስግር ዶብ ቀረጽ ምቕራጽን፡ ጉዳይ ገንዘብን። ብንጹር ኣብ ትሕቲ ፈደራላዊ ስልጣን ዘይምደቡ ጉዳያት ኣብ ትሕቲ ሓላፍነት ካንቶናት ይስርው።

## ካንቶናት

ስዊዘርላንድ ብድምር ካብ 26 ካንቶናት ዝቖመት ሃገር እያ። ካንቶናት ወይ ከኣ ብዝውቱር ኣበሃህላ ሽቴንደ (Stände) ተባሂለን ዝስመያ፡ እተን ቀደም ልዑላውያን ሃገራት ዝነበራ፡ ካብ 1848 ጀሚረን ግና ብፌደራላዊ ጥምረት ዝሓበራ እየን። ነፍሲ ወከፍ ካንቶን ናይ ገዛእ ርእሳ ቅዋም፡ መንግስትን፡ ባይቶን፡ ቤት ፍርድታትን ኣለዉዋ።
መንግስትን ቤት ፍርድታትን

## ኮማት

ከም ኩለን ካንቶናት፡ ካንቶን ሻፍሃውሰን እውን ኣብ ኮማት ዝተኸፋፈለት እያ።ዳርጋ ሓደ ሕምሲት ኣቢለን ዝኾና ካብተን ኮማት ናይ ገዛኣ ርእሰን ባይቶ ኣለወን። ኣብዚ ህዝቢ ኣብ ኣገደስቲ ጉዳያት ጥራሕ ብመገዲ ፍቓዳዊ ወይ ኣገዳዲ ህዝባዊ ሓተታ ወይ ረፈረንዱም ኣቢሉ ትኽ ብትኽ የድምጽ። ኣርባዕተ ሕምሲት ኮማት ሻፍሃውሰን ብቀጥታዊ ኣገባብ ዲሞክራሲ ይዓይያ። ውሳኔታት ከኣ ኣብ ኮማት ይውሰዱ። ኮማት ንፌደራላዊ ምምሕዳር ካንቶናት ወኪለን ህዝቢ ይምዝግባ። ኣብ ማሕበራውን፡ ቤት ትምህርታውን፡ ቀረብ ጸዓትን፡ ምስራሕ ጽርግያታትን፡ ናይ ቦታታት ንድፍታት፡ ምድላውን፡ ኮማዊ ቀረጽ ዝምልከት ጉዳያት ከኣ ይውስና። ደረት ስልጣን ናይ ኮማት ካንቶናት ይውስንኦ፡ ስለዚ ኸኣ ዝተፈላለየ እዩ።

- ሃገራዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ፍልሰት *(Staatssekretariat für Migraton SEM):* «ናብ ዊዘርላንድ እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም» – ናይ ሓበሬታ ጥራዝ ናይ *SEM* ንሓደስቲ መጻእቲ ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ዝተተርጎመ
- *ch.ch:* ስዊዝርላንድን መንግስታዊ ስልጣናታን ብኹለን ሃገራውያን ቋንቋታትን ብቋንቋ እንግሊዝን ዝተገልጸ።
- ፌደራላዊ ክፍሊ ንጉዳያት ወጻኢ *(Eidgenössisches Departement für auswärtige Angelegenheiten EDA) – About Switzerland* ወግዓዊ ናይ ሓበሬታ መርበብ ናይ ኢንተርነት ኣፍደገ ናይ ፈደራላዊት ስዊዘርላንድ ናብ ዝተፈላለየ ቋንቋተት ዝተተርጎመ።
- *SWI swissinfo.ch: SWI swissinfo.ch* ናጻ ዜናታት ስዊዘርላንድ ናብ *10* ቋንቋታት ተተርጒማ ትቕረብ።

# ዞባ ሻፍሃውሰን



7

## ርእሱ ዝኸኣለ ዞባ

ተቐማጣይ ሻፍሃውሰን፡ ነቲ ሕልኽልኽ ዘይብሉ መነባብሮን፡ ልዑል ደረጃ ህይወትን ጽቡቕ መንበሪ ኣባይትን፡ ኣብ ቀረባ፡ ኣብ ኣፍ ቤት ዝርከብ ናይ መናፈሲ ቦታታትን፡ ምዕቡል ባህልን፡ ቀረባት ምውስዋስ ኣካላትን ይሕበነሉ።

ሻፍሃውሰን ኣብ ሰሜናዊ ጥርዚ ስዊዘርላንድ ብምርካባ ምስ ጀርመን ኣግፌሓ ትዳወብ። 82% ካብቲ 185 ኪሎሜተር ዝንውሓቱ ዶባ ንጀርመን ንኣውራጃ ባደን-ቭዩርተምበርግ (Baden-Württemberg) ይትንክይ። ነታ ካንቶን 1740 ዝኣኽሉ ኣእማን ዶብ ከቢቦማ ይርከቡ። ስለዚ ኸኣ ሰበ ስልጣን ኣብ ዝተፈላለየ ጽፍሕታት ምስ ጎረባብቲ ካንቶናት ጥራሕ ዘይኮነ፡ እንከላይ ምስ ጎረቤት ጀርመን እውን ሃነጽቲ ርክባት የካይዱ።

እዛ ካንቶን ኩለን ብወገን ሰሜን ራይን (Rhein) ዝርከባ ኣብ ሰለስተ ርእሰን ዝኸኣላ ቦታታት ትምቀል። እቲ ቀንዲ ክፋል ካብ መዕጸፊ ራይን ኣብ ሻፍሃውሰንን፡ ኖይሃውሰንን (Neuhausen) ካብ ራይንፋል ክሌትጋው ጀሚሩ ክሳብ ምድሪ ራንደንን (Reiat) በረኽቲ ጽፍሒታት ረያትን ይዝርጋሕ። ኣብ ምብራቕ ከኣ ሽታይነር ዚፕፈል (Steiner Zipfel) ኣብቲ ኡንተርሰ (Untersee) ዝፈሰሉ ቦታ ትርከብ። ኣብ ጫፍ ምዕራባዊ ደቡብ ታሕታይ ክፍሊ ናይዛ ካንቶን እተን ክልተ ኣቑሻት፡ ቡኽበርግን፡ (Buchberg) ርዩድሊንገንን (Rüdlingen) ይርከባ።


ምድሪ ሻፍሃውሰን ኣብ ጫፍ ማእከላይ መሬት ናይ ስዊዘርላንድ ይርከብ።

ኣብኡ እቶም ልሙጻት ኮረቢትን፡ ሕሉማትን ኣብ ጫፍ ዩራ (Jura) ይርከቡ፡ ብንጹር ከኣ ኣሰር ብሕጓጔ ናይ መወዳእታ ዘመን በረድ ይርኣዮም። እቲ ገጸ ምድሪ ዝተፈላለየ ትርኢታት ኣለዎ፡ ሩባ ራይን ዝውሕዞ ገጸ ምድሪ፡ ዓበይቲ ጫካታት፡ ሰፋሕቲ መሬት ሕርሻን፡ ብጥንቃቐ ዝተታሕዘ ናይ በረኽቲ ቦታት ተኸሊ ወይንን ይርከቦ።

ስፍሓት ናይዛ ካንቶን 298 ትርብዒት ሜተር ኢዩ። እዚ ከኣ 0,7% ካብ ድምር ስፍሓት ምሉእ መሬት ስዊዘርላንድ ማለት እዩ።

ልዕሊ 84.000 ኣቢሎም ዝበጽሑ ተቐማጦ ኣብ 26 ኮማት ናይዛ ካንቶን ይነብሩ። እምበኣር እዛ 1% ካብ ድምር ተቐማጦ ስዊዘርላድ ዝነብሩላ ሻፍሃውሰን፡ ሓንቲ ካብተን ዝነኣሳ ካንቶናት ስዊዘርላንድ እያ።

► ናይ ካንቶን ሻፍሃውሰን ሓበሬታ መርበብ ናይ ኢንተርነት ኣፍደገ ኩለን ኮማት ሻፍሃውሰን ኣብ ሓደ መስርዕ።




| | | | |
|---|---|---|---|
| 1 | Bargen | 11 | Lohn |
| 2 | Beggingen | 12 | Löhningen |
| 3 | Beringen | 13 | Merishausen |
| 4 | Buch | 14 | Neuhausen am Rheinfall |
| 5 | Buchberg | 15 | Neunkirch |
| 6 | Büttenhardt | 16 | Oberhallau |
| 7 | Dörflingen | 17 | Ramsen |
| 8 | Gächlingen | 18 | Rüdlingen |
| 9 | Hallau | 19 | Schaffhausen |
| 10 | Hemishofen | 20 | Schleitheim |
| | | 21 | Siblingen |
| | | 22 | Stein am Rhein |
| | | 23 | Stetten |
| | | 24 | Thayngen |
| | | 25 | Trasadingen |
| | | 26 | Wilchingen |





## ዛንታ

እዚ ናይ ሕጂ መልክዕ ሻፍሃውሰን ኣብ ፈለማ ማከላይ ዘመን ብኣለማናውያን ዝተመስረተ ኢዩ። ዳርጋ ኣብ ምሉእ መሬት እዛ ካንቶን እዚኣ ናይ ሻብዓይ ዘመን ዑናታት ኣለማናውያን ተዘርጊሖ ይርከብ። እተን ኣዝየን ዘገድሳ ብዘበን ሮማውያን ዝተተኽላ ዓድታት ሽላይትሃይምን (Schleitheim) ሽታይንን ኣም ራይንን (Stein am Rhein) ኣብ ጥቓ ራይን ይርከባ።

ብድሕሪ 1000 ዓመት ምሕረት እዛ ቅድሚ ሕጂ ሃብታ ኣብ ሕርሻዊ ማእቶት ዝተመርኮሰ ካንቶን ሓያል ዕብየት ተርእይ ኣላ። እንተ ደንጎየ ኣብ መበል 11 ክፍለ ዘመን ኣገዳስነት ራይን እናረዘነ ከደ። ምልቃሕ

ባጤራን፡ምጥቃም መሰል ዕዳጋን ናይተን ኣብ ጸግዒ ራይን ዝርከባ ሻፍሃውሰንን ሽታይንን፡ ብፍላይ ከኣ ንሁር ዕቤት ሻፍሃውሰን ውጽኢት ናይቲ እናማዕበለ ዝኸደ ምውፋር ኣብ ዕዮታት ንግድ እዩ። ነቶም ብራይንፋል ኣቋሪጾም ንዝሓልፉ ኣገደስቲ መስመራት ጉዕዞ ማይ፡ ተቐማጦ ሻፍሃውሰን ኣገልግሎት ምጽዓንን ምርጋፍን ብምሃብን፡ ናይ ስግር ዶብ ቀረጽ ብምቕራጽን ረብሑሎም። ብመሰል ዋንነት ናይተን ኣብቲ ከባቢ ዝርከባ ኣቑሻት ብምጥቃም ከኣ ምምስራት ሓያል ልዑላዊት ከተማ ተጀመረ። ኣብ ማእከላይ ዘመን ሓያላት መንግስታት ሻፍሃውሰን ንምቁጽጻር ይሰሓሓባ ነበራ። ብ1501 ሻፍሃውሰን ኣብ ፈደራላዊ ኪዳን ተጸምበረት፡ ድሕነት ሰሜናዊ ዶብ ክትሕልው እውን ሓላፍነት ወሰደት። ክሳብ ሕጂ ከም መፈለጥታ ናይታ ከተማ ኮይኖም ዝርኣዩ ከም ዕርዲ ሙኖት (Festung Munot) ዝኣመሰሉ ህንጻታት ከኣ ሽዑ ብወፈራ ተሃንጹ።

## ምጅማር ዴሞክራሲ

ክሳዕ መወዳእታ ናይ 18 ክፍለ ዘመን ወካይል ናይ ከተማ ማሕበራት ሞያ ብዘይ ቀጥዕን እድንን ንወፋሮ ገጠራት ገዝእዎም። ድሕሪ ሰውራ ፈረንሳ ግና ተቐማጦ ገጠር ከም ተቐማጦ ከተማ ማዕረ መሰላት ይግብኣና ኢሎም ተለዓሉ። ካንቶንን፡ ከተማ ሻፍሃውሰንን 35 ርእሰን ዝኸኣላ ኮማትን ኣብ መበል 19 ክፍለ ዘመን ተመስረታ። ክሳዕ መፈለምታ 19 ክፍለ ዘመን ተቐማጦ ሻፍሃውሰን ብመሰረቱ ካብ ዕዮ ሕርሻን፡ ኢደ ስራሕን፡ ንግድን እዮም ዝናበሩ ዝነበሩ። እዚ ግና ምስቲ ኣብ ምጣነ ሃብቲ መሰረታዊ ለውጢ ዘምጽአ ምትእትታው ኢንዱስትሪ ተቐየረ።

ኣብ 19 ን 20 ን ክፍለ ዘመን ሻፍሃውሰን ናብ ስሙያት ትካላት ዝርከብዋ ኣገዳሲት ቦታ ኢንዱስትሪ ተቐየረት።

## ምጣነ ሃብታዊ ዕብየታት

ኣብ 1950ታትን 1960ታትን እቲ ዞባ ካብ ሓፈሻዊ ምጣነ ሃብታዊ ምዕባለ ከሲቡ እዩ።

ናይ ቀደም ትካላት ከም Georg Fischer, SIG, IVF ን ካልኦትን ዓምበቡ። ኣብ ርእሲኦም እውን ካልኦት ተወሰኽዎም። ሽቕለት ኣልቦነት ዳርጋ ኣይነበረን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ሰራሕተኛ ውሒዶም ካብ ወጻኢ ሽዑ ብፍላይ ካብ እጣልያ ተጠልቡ።

ቅልውላው ናይ 1990ታት መሰረታዊ ምጉዳል ናይ ኢንዱስትሪ ቦታታት ስራሕ ኣስዓበ። ሻፍሃውሰን ጽፍሒ ምጣነ ሃብታ ከተርሕብን ሓድሽ ኣረኣእያ ክትገብርን ተገደደት። ብምትእትታው ሓደስቲ ትካላትን ውሽጣዊ ምቅይያር ህልዋት ትካላትን ኣገዳስነት ናይ ጨንፈር ኣገልግሎታዊ ስራሓት እናሓየለ መጸ። ንዓለምለኻውያን ተዋሳእቲ ሰብ ዋኒን ዞባ ሻፍሃውሰን ኣብ ዓለምለኻዊ ውድድራት ብቕዓቱ ዘመስከረ ሰሓብን ወናኒ ምሕዳሳትን ዝኾነ ምጣነ ሃብታዊ ቦታ እዩ።


ድሕሪ ምዝሕታል ቁጽሪ ናይ ህዝቢ ናይ 1990ታት ካብ ገለ ዓመታት ጀሚሩ ቁጽሪ ህዝቢ ክውስኽ ጀመረ። ሓደስቲ ሰፋሮ ካብ ወጻኢ፣ብዙሓት ካብ ጎረቤት ጀርመን ከምኡ'ውን ካብ ምሉእ ዓለም ክመጽኡ ጀሚሮም ኣለዉ።

► ቤተ መዘክር ዙ ኣለር ሃይሊገን *(Museum zu Allerheiligen)* ታሪኽን፣ስነ ጥንታዊ ቅርስን (ኣርኪዮሎጂን)፣ ኪነ ጥበብን፣ስነ ባህርይን ኣብ ትሕቲ ሓደ ናሕሲ የጠቓልል
ብፍላይ ኣብ ዞባ ሻፍሃውስውን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቀዳመይቲ ቀዳም ናይ ነፍሲወከፍ ወርሒ መእተዊ ብናጻ እዩ።

► ምጣነ ሃብታዊ ድጎማ ሻፍሃውሰን *(Wirtschaftsförderung Schaffhausen):* ሓበሬታ ብዛዕባ ምጣነ ሃብታዊ ዞባ ሻፍሃውሰን

# መሰረታዊ ክብረታት








## መሰረታዊ መሰላት

ስዊዘርላንድ ከምኡ እውን ካንቶን ሻፍሃውሰን ንሓርነትን መሰላትን ግቡኣትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ሰብ የኽብራ። መሰረት ናይ ጽቡቕ ሓባራዊ ህይወት ናይ ሓድሕድ ምክብባርን፡ ምጽማምን ምኽባር ማሕበራዊ ህይወት መሰረታዊ ክብረታትን እዩ። መሰረታውያን መሰላት ኣብ ፈደራላዊ ቅዋምን፡ ቅዋም ካንቶንን ተገሊጾም ኣለዉ። እዚ መሰላት እዚ ንኹሎም ነበርቲ ስዊዘርላንድ እንከላይ ንወጻእተኛታት ብሓባር ይብጽሖም።

### ማዕርነት መሰላት

ጾትኡ፡ ወይ እውን ዕድሚኡ ብዘየገድስ፡ ኣየናይ መበቆል፡ ዓሌት፡ ቋንቋ፡ እምነት፡ ማሕበረሰባዊ ቦታ፡ ርእይቶ ዓለም፡ ኣነባብራ ይሃልዎ፣ ወይ ስንክልና ይሃልዎ ብዘየግድስ፡መንግስቲ ንኹሎም ሰባት ብማዕርነት ከናብሮም ይግባእ፡ ስለዚ ከኣ ንዝኾነ ሰብ መሰላቱ ክጎድሎ ኣይግባእን።

### ናይ መሰል ማዕርነት

ሰብኣይን ሰበይትን ኣብ ቤተ ሰብ፡ ትምህርትን፡ ስራሕን ማዕረ መሰል ኣለዎም።

ሰብኡትን ኣንስትን ንማዕረ ሰራሕ ናይ ማዕረ ደሞዝ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

### መሰል ህይወትን ውልቃዊ ሓርነትን

ኩሉ ሰብ ብህይወት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎ። ናይ ሞት መቕጻዕቲ ክልኩል እዩ። ኩሎም ሰባት ናይ ውልቃዊ ሓርነት መሰል ኣለዎም። እዚ ኸኣ ብዋላ ሓደ እኳ ክትንከይ ኣይግባእን፡ ኩሎም ሰባት ከኣ ብናጻ ክንቀሳቐሱ መሰል ኣለዎም ማለት እዩ።

### መሰል ምትካል ሓዳር

ናይ መበል 18 ዓመት ዕድሚኡ ዝመልአ ዘበለ ኩሉ ክምርዓው መሰል ኣለዎ።

### መሰል እምነት

ኩሉ ሰብ እምነቱ ብናጻ ክመርጽ ይኽእል። ዝኾነ ሰብ ኣባል ገለ እምነት ክኸውን፡ ወይ ካብ ገለ ማሕበር እምነት ክወጽእ ክግደድ ኣይግባእን።

### ናይ ማሕበረሰበ-ሕጋዊ ተፈላጥነት ዘለወን ሃይማኖታውያን ማሕበራት

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ናይ ማሕበረሰበ-ሕጋዊ ተፈላጥነት ዘለወን ሰለስተ ሃይማኖታውያን ማሕበራት ኣለዋ። ንሳተን ከኣ ወንጌላዊት -ተሓድሶን (Evangelisch-reformierte) ፣ ሮማዊት ካቶሊካዊትን (römisch-katholisch) ክርስትያን-ካቶሊካዊት ሃገረ ቤተ ክርድትያንን (christ-katholische Landeskirche) እየን። ማሕበረሰበ-ሕጋዊ ተፈላጥነት ከም ግብሪ ቤተ ክርስትያን ዝኣመሰሉ መሰላት የውህቡ። ብኻልእ ወገን፣ እቲ ተፈላጥነት ምስ ምፍላጥ ናይ እምነት ናጽነት፣ምኽባር መሰል ደቂ ሰብን፣ ምጣነ ሃብታዊ ግሉጽነትን ዝተተሓሓዘ እዩ።

### ናይ ርእይቶ ሓርነት

ኩሉ ሰብ ብናጻ ክሓስብን፡ ሓሳቡ ኸኣ ሕጊ ብዘፍቅዶ መገዲ ገክገልጽን ይኽእል።

እዚ መሰላት እዚ ኣብ ገለ ኩነታት ብመንግስቲ ክድረት ይኽእል ነቲ ምድራት ግን ሕጋዊ መሰረት የድልዮ። ውልቃዊ መሰላትኩም ዝተጋህሰ እንተ መሰለኩም ከከም ሕቶኹም ምኽርን ናይ ሕጋዊ ደገፍን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

- ኣብ ሻፍሃውሰን ገንዘብ ዘይክፈሎምን፡ ሒደት ገንዘብ ዘኽፍሉን፡ ንኹሉ መሰላዊ ጉዳያት ዝምልከቱ ትካላት ኣማኸርቲ ሕጊ ኣለዉ። ናይ ዑቕባን መሰል ወጻእተኛታትን ናይ ምኽሪ ቤት ጽሕፈት *SAH Schaffhausen* ናይ ካንቶን ናይ ሰራሕተኛታት ሰክረታርያት ሻፍሃውሰን
- *Integres* ሻፍሃውሰን መመስርሒ ጉዳያት ናይ ኣድልዎ ጥቕዓትን ሓድሕዳዊ ግርጭታትን ባህልታትን *(Schaffhausen – Anlaufstelle für Diskriminierungsschutz & interkulturelle Konflikte:)* ብምኽንያት መበቆሎም፣ ሕብሪ ቆርበቶምን ሃይማኖቶም ወይ ካልእ ምልክታት ብኣድልዎ ተጠቂዕና ንዝብሉ ምኽሪ ዝርከበሉ ቤት ጽሕፈት። ኣገልግሎ ምክሪ ናጻ እዩ።

### ሓላፍነታት፡ወተሃደራዊ ኣገልግሎትን፡ግዴታ ምድማጽን

ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ጎኒ መሰረታዊ መሰላት፡ ንደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዝምልከቱ ግቡኣት እውን ኣለዉ። ኣብ ስዊዘላንድ ኣብ ርእሲ ህዝባዊ ሰራዊት ግዴታ ናይ ሓፈሻዊ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት እውን ኣሎ፣ እዚ ግዴታ እዚ እዚ ኸኣ ንኹሎም ደቂ ተባዕትዩ ስዊዘርላንድ ይምልከት።፡

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን፡ሓደ ዝተፈልየ ግዴታ እውን ኣሎ። ኣብ ሻፍሃውሰን ኩሎም ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ዜጋታት ኣብ ምርጫን ምውሳንን ናይ ምድማጽ ግዴታ ኣለዎም።

# ምምጻእን ምቅማጥን






## ስርዓት ምፍቃድ ምቕማጥ

ኣብ ስዊዘርላንድ ምቕማጥ ብዝተፈላለየ ኣፈቓቕዳ ይትግበር።

እተን ኣገደስቲ፡ ሓጺር ናይ መቐመጢ ፍቓድ (እንተ ወሓደ ንሓደ ዓመት)፣ Aufenthaltsbewilligung (ንውሱንግዜ) Niederlassungsbewilligung (ንዘይተወሰነ ግዜ) ቅድመ ኩነት ናይ ምሃብ ፍቓድ መቐመጥን ኣብ ምኽንያት ምሃብ፣ ዜግነትን ዝተመርኮሰ እዩ።

ምኽንያት ፍልልይ ከኣ መበቆል እቲ ሰብ ካብ ሃገራት EU-/EFTA-Land ምዃኑን ዘይምዃኑን እዩ።

መመልከቲ ብተቖጻጸርቲ ተቐማጦ ናይ ኮምኩም ይምስራሕ።

ዋላውን ዛጊት ኣብ ካልእ ኮም ናይ ሻፍሃውሰን ተቐማጢ እንተ ነበርኩም፡ ባዕልኹም ኣብ ቅድሚ ተቖጻጸርቲ ተቐማጦ (Einwohnerkontrolle) ቀሪብኩም ኣመልክቱ።

> ### ኣገደስቲ ናይ ወጻእተኛታታ ወረቐታት መንነት እዞም ዝስዕቡ እዮም
>
> መንነት B ተቐማጢ፡ ተቐማጢት
> መንንነት C: ነባሪ፡ ነባሪት
> መንነት L መጽንሒ ሓጺር ግዜ
> መንነት G፡ መስገር ዶብ
> መንነት N ፡ ሓታቲ ፖለቲካዊ ዑቕባ
> መንነት F: ግዝያዊ እታው ሓድሽ ወጻእተኛ
> መንነት S፡ ጸግዒ ዘድልዮ ሰብ

## ፍልሰትን ቤት ጽሕፈት ዶባዊ ምእታውን ምውጻእን

ቤት ጽሕፈት ፍልሰትን ዶባዊ ምእታውን ምውጻእን ናይ ካንቶን ሻፍሃውሰን ናይ ምምሕዳር ምሕጋግ ፌደራላዊ ጉዳያት ወጻእተኛታት ተጸዋዒ እዩ። ሓበሬታታት ንኣብነት ብዛዕባ ናብ ሃገር ምእታው፣ ምውሃብ ፍቓድ መቐመጢ፣ ምጽንባር ቤተ ሰብ ዝምልከት ጉዳያት ይውድእ።

## ቤተ ሰብ ኣስዒብካ ምምጻእ

ናይ EU/EFTA ዜጋታት ዓይነት ፍቓድ መንበሪኦም ብዘየገድስ ቤተ ሰቦም ከስዕቡ ይኽእሉ። ቤተ ሰብ ተባሂሎም ዝፍለጡ፡ ሰብ ኪዳን፡ ወለድን፡ ናይ መበል 21 ዓመት ዕድሚኦም ዘየማልኡ ወይውን ሓላፍነት መነባበሪኦም ዝውሰደሎም ቆልዑን የጠቓልል። ካብ EU/EFTA ወጻኢ ንዝኾኑ ሰባት ሕጊ እናተመላኸተ ቅድመ ኩነታት ምስ ኣባላት ቁጽጽር ተቐማጦ ናይ ኮማት ኣባላት ቤተሰብ ኣስዒብካ ናይ ምምጻእ መመልከቲ (ሰብ ኪዳንን ዘይምርዕዋት ትሕቲ 18 ዝዕድሚኦም ቆልዑን ) ከቐርቡ ይኽእሉ። ክስትውዓል ዝግባእ ናይ ቤተ ሰብ ኣስዒብካ ምምጻእ ምልክታ ኣብ ውሽጢ ዝተዋህበ ናይ ቆጸራ ሓጹር ግዜ ክቐርብ ከም ዘለዎ እዩ።

ደቂቕ መግለጽን፡ ክምላእ ዝግብኦ ቀጥዒታትን (ፎርምታትን) ካብ ናይ ካንቶን ቤት ጽሕፈት ፍልሰት (ሚግራሽን) ክትረኽቡ ትኽእሉ።

- ሃገራዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ፍልሰት *(Staatssekretariat für Migration SEM):* ሰፊሕ መግለጺ ብዛዕባ ናብ ስዊዘርላንድ ምእታውን፣ ኣብ ስዊዘርላንድ ምንባርን፣ ዑቕባን ስራሕን።
- ቁጽጽር ነበርቲ ናይ መራኸቢ ሓበሬታትን፣ እዋን ስራሕን፣ ኣብ መርበባት ኢንተርነት ኮማት ናይ ካንቶን ሻፍሃውሰን።
- ካንቶን ሻፍሃውሰን – ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስራሕ *(Arbeitsamt):* ሓበሬታ ብዛዕባ ፍቓድ ስራሕ፣ምርካብ ስራሕን፣ መስርሕ ምልክታ ንሰራሕተኛታትን ወሃብቲ ስራሕን

## ናይ ፈለማ ሓበሬታ

ንናብ ካንቶን ዝመጽኡ ሓደስቲ ሰባት ብዛዕባ ናብራን ስራሕን ኣብ ስዊዘርላንድን ካንቶን ሻፍሃውሰንን ሓበሬታን ምኽርን ይወሃቦም። ኣብ ምምዝጋብ ሓደስቲ መጻእቲ ተቖጻጸሪ ነበርቲ ኣብ ናይ ተቐምጥቲ ኮም ንተመዝገብቲ ናይ ሓበሬታ ወረቓቕቲ ብምሃብ ቀዳማይ ኣንፈት ዝህብ ሓበሬታ የቕርቡሎም። ብተወሳኺ ብናጻ ዝወሃብ ናይ ምኽሪ ዝርርብ ናይ ክፍሊ ምውህሃድ ኢንተግረስ (Integrationsfachstelle Integres) ቀረብ‘ውን ኣሎ።





## ፖለቲካ፡ ምውህሃድን ምኽርን

ኣባላት ሽማግለ ምምሕዳር ካንቶን ሻፍሃውሰንን፡ ኣባላት ቤት ምኽሪ ከተማ ሻፍሃውሰንን ንፖለቲካ ጽኑዕ ምውህሃድ ዝምልከቱ 2003 መምርሕታት ኣውጺኦም ኣለዉ።

እተን መምርሒታት ምእታው ሰፋሮ ናብ ስራሕን፡ ማሕበረ ሰባውን፡ባህላውን፡ ቋንቋውን ፖለቲካውን ዕለተ ተግባራት ከመይ ጌርካ ክመሓየሽ ከም ዝኽእል የመልክታ።

ስለዚውን ካንቶንን ከተማን ሻፍሃውሰን ኣብ ምሕያል ተኽእሎታት ምውህሃድን ናይ ሓባር ናብራን ኣብ ዞባ ሻፍሃውሰንን ልዑል ኣበርክቶኦም እናርኣዩ ተጸሚዶም ይዓይዩ።

ኢንተግረስ ኣብ ሻፍሃውሰን ናይ ምውህሃድ ኣሃዱ ምምሕዳር እዩ። ኣብዚ ውልቀ ሰባት ይኹኑ ሰበ ስልጣናት ወይ ከኣ ትካላት ንፍልሰትን ውህደትን ዝምልከት ተገዳስነት ዘለዎም ኩሎም ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ይረኽቡ።

- *Integres* – ናይ ምውህሃድ ኣሃዱ ምምሕዳር ንዞባ ሻፍሃውሰን ንሕቶታት ምውህሃድን ፍልሰትን ንዝምልከት ሕቶታት ናጻ ናይ ምኽሪ ኣገክግሎት
- መምርሒታት ንጽኑዕ ናይ ምውህሃድ ፖለቲካ *(Leitlinien für eine kohärente Integrationspolitik)* ኣብ መርበብ ኢንተርነት ኢንተግረስ ክትረኽብዎም ትኽእሉ።

## መዐቀንታት ምውህሃድ

ናይ ወጻእተኛታትን ምውህሃድን ሕጊ (Das Ausländer- und Integrationsgesetz (AIG)) ንመዐቀኒታት ምውህሃድ ገሊጹ ካብኡ ብምብጋስ ንወጻእተኛታት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ብዘይ ስግጥ ምግጥ ናብ ምሕጋዝ ይሳገር። ምስኡ ኣተሓሒዙ ንርእሰ ሓላፍነታዊ ምውህሃድ ናይ ተሳተፍቲ የተባብዕ። እቲ ሓቂ ናይ ወጻኢ ዜግነት ዘለዎም ሰባት ብመጠን ዝረኽብዎ መሰላት ምውህሃዶም እናጸባቐ ከም ዝኸይድ ምኳኑ እዩ። እዚ ኸኣ ብፍላይ ክእለት ቋንቋ ምስ ደረጃ መሰል መቐመጢ ጥቡቕ ተዛማድነት ዘለዎ ከም ዝኾነ እዩ።

ዝስዕባ መዐቀኒታት ምውህሃድ ኣብ AIG ዝተመዝገባ እየን፡:

- ቋንቋ ምኽኣል
- ህዝባዊ ድሕነትን ስዓታትን ምኽባር
- ንፌደራዊ ቅዋምን ክብርታቱን ምሕላው
- ኣብ ምጣነ ሃብታዊ ህይወትን ምምሃርን ምንጣፍ

እዘን መዐቀኒታት ምውህሃድ እንተ ዘይተማልኣ ናይ መቐመጢ ፍቓድ (Aufenthaltsbewilligung) ከይናዋሕ ወይውን ክንጸግ ይኽእል Niederlassungsbewilligung ክንጸግ ወይውን ደረጃ ናይ Aufenthaltsbewilligung ንታሕቲ ክወርድ ይኽእል። ከምኡውን ቤተ ሰብ ኣስዒብካ ናይ ምእታው ምልክታ ክኽልከል ወይ'ውን ምልክታ ምርካብ ዜግነት ክንጸግ ይኽእል።

## ጀርመነኛ ከም ናይ ሓባር ቋንቋ

ኣብ ስዊዘርላንድ ብዙሓት ቋንቋታት ይዝረቡ። ተዘራሪብካ ምርድዳእ ናይ ምውህሃድ ቀንዲ መፍትሕ እዩ። ተዘራሪብካ ምርድዳ፣ ንኻልኦት ከተረድእን ካልኦት ንዓኻ ከረድኡኻን ምኽኣል ማለት እዩ። ናይ ሓባር ቋንቋ ምህላው ነዚ መሰረቱ እዩ። ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ጀርመንኛ ይዝረብ። ወግዓዊ ቋንቋና ስነ ጽሑፋዊ ጀርመንኛ ኢዩ። ኣብ ዕለታዊ ርክባት ከኣ ልሃጃ ስዊዘርላንድ ይዝውተር። ጀርመንኛ ምርዳእን ምዝራብን ኣብ ዕለታዊ ናብራን ኣብ ሞያዊ ዓለምን ናይ ምርድዳእ ቅድመ ኩነት እዩ። ናይ ሓባር ቋንቋ ሓቢርካ ንምንባር ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

## ቋንቋ ጀርመን ምምሃር

ኣብ ዞባ ሻፍሃውሰን ሓያሎ ቀረባት ትምህርቲ ቋንቋ ኣለዉ። እቲ ናይ ቀረብ መኣዲ ኣዝዩ ሰፊሕ እዩ፡ ኣብ ጎኒ እቲ ዝውቱር ትምህርቲ ቋንቋ ጀርመንኛ፡ ነዴታት ምስ መብረ ምሓዝ ቆልዑ፡ ንበጽሕታት ምስ ዕድላት ሞያዊ ስልጠና ዝተተሓሓዘ፣፡ወይ ከኣ ንህጻናትን ካልኦት ጉጅለታትን። ኢንተግረስ ምስ ኩነትኩም ዝሰማማዕ ቀረብ ኣብ ምርካብ ብምኽሪ ይድግፈኩም።

- *Integres* – ናይ ቋንቋ ጀርመን ኮርስ ሓጺር ዝርዝርን ናይ ምውህሃድ ቀረባትን፡ሓበሬታን ምኽርን ብዛዕባ ናይ ጀርመን ኮርስን- ናይ ምውህሃድ ቀረባት ዞባ ሻፍሃውሰንን





## ናይ ቋንቋ መረጋገጺታትን ናይ ምስክር ወረቓቕትን

ኣብ ስዊዘርላንድ ምርካብ ዝተፈላለዩ ናይ መንበሪ መሰላት ምስ ደረጃ ክእለት ቋንቋ ዝተኣሳሰሩ እዮም። ዋላውን ንስልጠናታትን መመላእታ ስልጠናታትን ሞያውያን ስራሓት ኣድለይቲ ክእለታት ቋንቋ ክሕተቱ ይኽእሉ እዮም።

እዚ ከኣ ብናይ ቋንቋ ምስክር ወረቐታት ክረጋገጽ ይግባእ። ብዛዕባ'ዚ መግለጺ ኣብ ናይ ኢንተግረስ (Integres) መርበብ ኢንተርነት ይርከብ።

- *fide – Deutsch in der Schweiz – lernen, lehren, beurteilen:* ቀንዲ ዕላማ ናይ ፊደ *(fide)* ኣብ ምድጋፍን ኣብ ምምዛንን ብቕዓት ቋንቋ፣ ንናይ ስዊዘርርላንድ ዕለታዊ ህይወት ዘማእከለ እዩ። ፊደ *(Fide)* ኣንፈት ሓባራዊ ኤውሮጳዊ ናይ መወከሲ ደረጃታት ቋንቋ *(GER)* ይኽተል። ዕላምኡ ከኣ ንስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ንጭቡጥ ናይ ህይወት ኩነታት ንኽመልኩ ምብቃዕ እዩ።
- ሃገራዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ፍልሰት *(Staatssekretariat für Migration SEM)* – ናይ ቋንቋ ምስክር ወረቐታት-: ዝርዝር ተፈላጥነት ዘለዎም ናይ ቋንቋ ምስክር ወረቐታት. ኩሎም ኣብዚ ዝርዝር'ዚ ተጠቒሶም ዘለዉ ናይ ቋንቋ ምስክር ወረቐታት. *Aufenthaltsbewilligung (B), Niederlassungsbewilligung (C)* ከምኡ'ውም ዜግነት *(Einbürgerung)* ንምርካብ የብቕዑ

## ናይ ሓድሕደ ባህላዊ ምርድዳእ

ንሓደ ዕዉት ጥምረታዊ ስራሕ ቅድመ ኩነቱ ናይ ምርድዳእ ዝርርብ እዩ። ውሽጠ ባህላዊ ትሕዝቶ ምትርጓም ከኣ ካብ ንቓል ብቓል ተኪእካ ምትርጓም ንላዕሊ እዩ።

ንመበቆላዊ፡ባህላዊ፡ሚዛን ክብርታትን፡ ውልቃዊ ኣረኣእያን ሰጊርካ ምርድዳእ ምኽኣል እዩ። በዚ ዝተረኽበ ርጉጽነት ናይ ኩሎም ተኻፈልቲ ናይ ምውሳእ ዕድል የስፍሕን፡ ኣብ ሓባራዊ ፍታሕ ዘብጽሕ መገዲ ኣብ ምድላይን ምርካብን ዝግበር ጻዕሪ የቃልልን።

ኣሃዱ ምምሕዳር ደርማን *(Derman)* ምስ ኣገልግሎታት፡ ምትርጓም፣ ናይ ተሌፎን ምትርጓም፣ መሰነይታን የራኽብ። እቲ ምርኻባት ከኣ ብውሕሉል ሞያውነት ይካይድ።

እቲ ኣሃዱ ምምሕዳር ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ኣብ ሰዓታት ስራሕ ክፉት እዩ። ብኢመይል ብምጽሕሓፍ ወይ ኣብ ኢንተርነት ቀጥዒታት ብምምላእ ምርኻብ'ውን ይከኣል። ኣብ ወጻኢ ናይ ስራሕ ሰዓታት ምስ ናይ ተሌፎን ኣገልግሎት ምትርጓም *Asylorganisation Zürich (aoz)* ብምርኻብ ናይ *365* መዓልታት ኣብ ዓመት ለይትን መዓልትን ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ ናይ ልዕሊ *50* ቋንቋታት ኣገግሎት ይወሃብ።

- *SAH Schaffhausen* – ምትርጓም: ምርኻብን ስልጠናን ናይ ሓድሕደ ባህላዊ ምትርጓምን መሰነይታን። ናይ ኣብ ቦታኡ ዝወሃብ ኣገልግሎት፣ ብስልኪ ወይ ብጽሑፍ
- ናይ ተሌፎን ኣገልግሎት ምትርጓም *aoz:* ምርኻብ ተርጎምቲ *365* መዓልታት ኣብ ዓመት፣ 24 ሰዓታት ኣብ መዓልቲ ቁጽሪ ተሌፎን *0842 442 442.*

## ሓበሬታ ንምርድዳእ የቃልል

ብዛዕባ ካንቶን ሻፍሃውሰን ሓያሎ ሓበሬታ ካብ ኢንተርነትን መራኸቢታት ብዙሓንን ምርካብ ይከኣል። ብፍላይ ከኣ እቲ ኣብ ትነብሩሉ ቦታ ዝወጽእ ጋዜጣታት ብዛዕባ ህይወት ናይቲ ዞባ ይሕብረኩም። ኣብኡ ምልክታታት ስራሕን፡ ዝካረይ ኣባይትን መደብ ፍጻመታትን፣ ጠቓሚ ኣድራሻታትን ይርከብ።

ሓበሬታ ብዛዕባ ኣገደስቲ ፍጻመታት ናይቲ ዞባ ኣብ መርበብ ናይ ካንቶን ሻፍሃውሰን ኮማቱን ይርከብ።

### ዞባዊ መራኸቢ ብዙሓን

- ጋዜታታት ሻፍሃውሰን
  *Klettgauer Bote*
  *Schaffhauser Bock*
  *Schaffhauser AZ*
  *Schaffhauser Nachrichten*
  *Steiner Anzeiger*
  *Thaynger Anzeiger*
- ናይ ዞባ ኣገልግሎት ራድዮ:
  *Radio Munot*
  *Radio Rasa*
  *Radio Top – Schaffhausen*
  *Schweizer Radio SRF – Regionaljournal Zürich/Schaffhausen*
- ናይ ዞባ ተለቪዥን:
  *Schaffhauser Fernsehen*
  *Tele D*
  *Tele Top News Schaffhausen*
- ናይ ኢንተርነት መድረኽ *schaffhausen.ch:*
  ሓበሬታ ብዛዕባ ባህሊ፣ ምዝንጋዕ፣ ስራሕ፣ መነባብሮን ብዙሕ ካልእን





## መንበሪ ቤት ምርካብ

ብኽራይ ይኹን ብመሸጣ፣ ቤት ኣብ ምርካብ እዘን ዝስዕባ ነጥብታት ኣገደስቲ እየን።

- ኣብ ናይ ዘሎኹሙሉ ቦታ ዝወጽእ ምልክታታት ምርኣይ
- ናጻ ብዛዕባ ናይ ዝኸውን ኣባይቲ ካብ ፈለጥትኹም ሓበሬታ ምርካብ
- ካብ ዝምልከቶም ኣካላት ምምሕዳር ሓገዝ ምሕታት

ብፍላይ ብዛዕባ ኣባይቲ ክራይ ዝለዓለ ኣገልግሎት ዝህባ ናይ ኣብ ፍሉይ ነገራት ዘተኮራ መርበባት ኢንተርነት ምውካስ

► *schaffhausen.ch: schaffhausen.ch:* ዞባዊ ሓበሬታታት ንኸም ዕዳጋ መንበሪ ኣባይቲ ዝኣመሰሉ ጉዳያት ዝምልከት

## ክራይ

ብዛዕባ መንበሪ ቤት ዝግደስ ናይ መመልከቲ ቅጺ ክመልእ ይግብኦ። ኣብቲ ቅጺ ንኣብነት ብዛዕባ ዕድመ፡ ምርዕው ዘይምርዕው ብዛዕባ ምኺን፡ ሞያ፡ ቆልዑ፡ ኩነት ናይ መቐመጢ ፍቓድ፡ ወሃብ ስራሕ፡ ደሞዝ፡ እንስሳ ዘቤት መግለጺ ክህብ ይድለይ። ተኻራዪ ዋጋ ኽራይ ክኸፍል ከም ዝኽእል ዘረጋግጽ ሰነድ ካብቲ Betreibungsregister ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቤት ጽሕፈት ናይ ዕዳ ኣገዲዱ ናይ ምኽፋል ስልጣን ዘለዎ ኣካል ናይ መዝገብ ቅዳሕ ምቕራብ እውን የድልይ። እዚ ሰነድ እዚ ካብ Betreibungsregister ሻፍሃውሰን ወይ ካብ ካልእ ሓታቲ ቤት  ክራይ ዝነብረሉ ዝነበረ ካንቶን ምርካብ ይከኣል። ገለ ካብ ቀንዲ ትሕዝቶታት ውዕል ክራይ፤ ሓፈሻዊ ኩነታትን፡ ስርዓት ቤትን እዮም። ተኻረይቲ ኣብ ቤት ቅድሚ ምእታዎም ተቐሚጡ ጸኒሑ ነቲ ቤት ክገድፍዎ ከለዉ ዝምለሶም ትሕጃ ክኸፍሉ ይድለይ።

ከም ኣማራጺ ተኻራዪ ኣብ ክንዲ ትሕጃ ናይ ዓመት ኣስተዋጽኦ  መድሕን (Jahresprämie) ክኸፍል  ዘፍቅዱ ኣካረይቲ'ውን ኣለዉ።

ስለዚ ከኣ እቲ ገንዘብ ትሕጃ ኮይኑ ኣይእሰርን።

ክራይ ከም ስሩዕ ኣብ ፈለማ መዓልቲ ወርሒ ይኽፈል። ኣብ ርእሲ ክራይ ተወሳኺ ከም ዋጋ ሃልኪ ሙቐትን፡ ውዑይ ማይን ዝኽፈል እውን ኣሎ። ኣብ ውዑል ክራይ ተወሰኽቲ ዕዳታት እንተ ዘይተጠቕሱ ኣብ ምውዕዓል ክራይ ብዛዕባ ዝርዝር ወጻኢታት ተወከሱ።



► ማሕበር ተኻረይቲ ካንቶን ሻፍሃውሰን *(Mieterverband Kanton Schaffhausen):* ብዛዕባ ንጉዳይ ክራይ ዝምልከት ናይ ሕጊ ኣገልግሎት ምኽሪ፣  ጠቐምቲ  ወረቓቕቲ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጉዳይት፣ ንኣብነት ብዛዕባ ጎናዊ ወጻኢታት። ንኣባላት ኣገልግሎት ምኽሪ ብናጻ እዩ። ሽዑ ንሽዑ ተተግባሪ ዝኸውን ምእታው ኣባልነት ይከኣል እዩ።

► ኣብ ጉዳይ ክራይ ናይ ምርድዳእ ቤት ጽሕፈት ሻፍሃውሰን *(Schlichtungsstelle für Mietsachen Schaffhausen):* ናይ ምርድዳእ ሰበ ስልጣን ኣብ ጉዳይት ክራይ ናይ መንበርን ናይ ዋኒንን ኣባይትን

► ካንቶን ሻፍሃውሰን – ናይ ምእካብ ዕዳን-  ዕዳ ምኽፋል ዘይምኽኣልን ቤት ጽሕፈት *(Betreibungs- und Konkursamt):* መርኣዩ ዝርዝር ናይ ምእካብ ዕዳ መስርሓት  ብመገዲ  ኢንተርነት ኣቢልካ ክጥለብ ይከኣል።

## ትሕተ ቕርጺ

ንኣገልግሎት ናይ ተሌፎን፣ ኢንተርነትን ናይ ኢንተርነት ተሌቪዝንን ዝተፈላለዩ ወሃብቲ ኣገልግሎት ኣለዉ። በየነይ ኣገልግሎት ምጥቃም ከም ዝከኣል ካብ ትነብሩሉ ዞባ ወይ ቦታ ዝውሰን እዩ። ዋጋታቶምን ኣገልግሎታቶምን ዝተፈላለየ ስለዝኾነ ግን ምንጽጻር የድልይ። ናይ ሳተላይት ሽሓኒ ክጥቀም ዝደልይ ኣቐዲሙ ምስ ኣካራዪ ክዘራረብ ወይ ከኣ ንጎረባብቱ ክውከስ የድልይ። ኣብ ከም ናይ ከተማ ሻፍሃውሰን ቤት ንባብ ዝኣመሰሉ ቦታታት ህዝባውያን መራኸቢታት ኢንተርነት ይርከቡ።

ናይ ኤለትሪክ መርበብ 230 ቮልት እዩ። ናይ ኤለትሪክ መጣቐሚታት መራኸቢ መሰማምዒ፡ *(Adapter)* ኣብ ዕዳጋ ይርከቡ።

## ኣቑሑ ቤትን ናይ ጉድኣት ሸፋን ዕዳ መድሕንን

ናይ ኣቑሑ ቤት ብጌጋኹም ናይ ዝፍጸም ዕንወት ዝትክእ ናይ መድሕን ውዕል ክትገብሩ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ። ኣብ ገለ ኣባይቲ ከምዚ ዝበለ ውዕል ቅድመ ኩነት ምኽታም ውዕል ክራይ ኢዩ። ኢዚ መድሕንዚ ንኣብነት ናይ መሕጸብ ኣካላት ጋብላ መሊኡ እንተ ፈሰሰ ወይውን መሕጸብ ኣቑሑ እንተ ነቕዔ ክስዕብ ንዝኽእል ጉድኣትን ዕዳን ክሽፍን ይኽእል።

► ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት መንበሪ ኣባይቲ *(Bundesamt für Wohnungswesen BWO)* – «ኣብ ስዊዘርላንድ ምንባር» *«Wohnen in der Schweiz»:* ወረቐት ሓበሬታ ብዛዕባ ጉዳያት መንበሪ ኣባይቲ ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ይርከብ





## ብዙሓት ቤተ ሰባት ኣብ ዝነብሩሉ ቤት ምቕማጥ

ብዙሓት ቤተ ሰባት ኣብ ዝነብሩሉ ቤት ምቕማጥ ምእንቲ ክከኣል ሓድሕዳዊ ምክብባር የድልይ። ነዚ ዘኽእሉ ቀንዲ ነጥቢታት ኣብ ስርዓት ቤት ተዘርዚሮም ይርከቡ።

### እዋን ዕረፍቲ

ናይ ለይቲ ዕረፍቲ ካብ ሰዓት ዓሰርተ ናይ ለይቲ ክሳዕ ሰዓት ሸውዓተ ናይ ንግሆ እዩ። ዋላውን ኣብ ቀዳመ ሰንበት ዝህውክ ድምጺ ኣይፍቀድን።

በመሰረቱ ቴለቪዥን ካልኦት መጣቐሚ ሙዚቃን ድምጾም ካብቲ ዘለዉዎ ቦታ ሓሊፉ ክስማዕ ኣይግባእን። በዓል ዘብዕል እንተ ደኣ ሃልዩ ኽኣ ንጎረባብቱ ኣቐዲሙ ክሕብር ይጥለብ።

### ናይ ሓባር ክፍሊታት

መእተዊ፡መደያይቦ፡ ናይ ሕጽቦ ክፍሊታት፡ ናይ መሳርሒ ክፍሊታት ንኹሎም ተኻረይቲ ብሓባር ይብጽሕዎም። እዚ ናይ ሓባር ቦታ ናይ ውልቂ ኣቕሑ ከይቅመጦን ብጽርየት ክተሓዝን ይግባእ። ኣብ ብዙሓት ኣባይቲ ነቲ ናይ ሕጽቦ ኽፍሊታት በብታራ እዮም ዝጥቀሙሉ። ኣብ መደያይቦን ሊፍትን ምስታይ ሽጋራ ውጉድ እዩ።

### ጸገማት እንተ ኣጋጠመ

ገለ ነገር እንተ ተሰብረ ሓበሬታ ናብ ኣለይቲ ቤት ወይ ከኣ ናብ ዋና ቤት ኣመሓላልፉ።

ኣብ መብዛሕትኡ ኣባይቲ ኣለይቲ ቤት ናይ ጉዳያት ድሕነትን ጽገናን ኣባይቲ ተጸዋዕቲ እዮም። ቀለልቲ ጽገናታት ወይ ምጽራያት ተኻራዩ ባዕሉ ሓላፍነት ይወስደሎም። ንኣብነት ምቕያር መንፈት መምጸዪ ሃፋ፡ መቑሎ እቶን፡ ወይ ከኣ ሻምብቆ መሕጸቢ እንተ ተበላሸወ ተኻራዩ ይትክኦ።

ምስ ጎረባብቲ መፍትሒ ዘይርከቦ ቖዪቛ እንተ ተላዕለ ምስ ኣለይቲ ቤት ወይ ከኣ ምስ ምምሕዳር ቤት ምዝርራብ የድልይ። በዚ እንተ ዘይተፈትሐ ኸኣ ንመተዓረቕቲ ጉዳያት ክራይ ኣባይቲ ወይ ከኣ ማሕበር ተኻረይቲ ምውካስ ይከኣል።

### ናይ ዋንነት መንበሪ

ንወጻእተኛታት ኣብ ቤት ዝስርሖ መሬት፡ ወይ ስሩሕ ቤት ኣብ ምዕዳግ ድራተታት ይግበረሎም ኢዩ። ንገዛእ ርእሶም ዝጥቀሙሉ ቤት ኣብ ምዕዳግ ፍቃድ ኣየድልዮምን።

ቤት ዝስርሖ መሬት፡ ወይ ስሩሕ በት ኣብ ምዕዳግ መምርሒታት ካብ ናይ ካንቶን መምዝገብ ርስቲ፡ (Grundbuchamt) ወይ ከኣ ትካል መራኸቢ መሸጣ ዝስራሕ መሬት ክርከብ ይከኣል። ካብ ማሕበር ወነንቲ መንበሪ ኣባይቲ ወይ ከኣ (Verband Casafair) ሕጋዊ ምኽሪ ብዛዕባ ዋንነት ቤትን ከባብያዊ ድሕነትን ኣብ ዘለዎ ቤት ምስፋርን ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

## መእተዊ መራኸቢ ብዙሓን

### ቴለፎንን ኢንተርነትን

ስዊዘርላንድ ድልዱል ናይ ቴለፎን መስመር ኣለዋ። መራኸቢታት ተሌፎንን ኢንተርነትን ኣብ ኩሉ ቦታታት ውሑስ እዩ። ኣገልግሎት ተለፎንን ኢንተርነትን ንምርካብ ናብ ወሃብ ኣገልግኦት ከተመልክቱ የድልየኩም።

### ራድዮን ተለቪዥንን

ኣገልግሎት ራድዮን ተለቪዥንን ዋጋ ይኽፈሎ ኢዩ። ነዚ ክፍሊት እዚ Serafe ይቕበሎ።

ብመሰረቱ ኩሎም ተቐማጦ ስዊዘርላንድ ተጠቀምቲ ናይ ንዋት መራኸቢ ብዙሓን ይኹኑ ኣይኹኑ ብዘየገድስ ኣስተዋጽኦ ክኽፍሉ ግዱዳት እዮም።





## ኣቑሑ ቤትን ከባብያዊ ሓለዋን

እሩም ኣገባብ ምጉሓፍ ብምጥቃም ኣብ ከባብያዊ ሓለዋ ጽቡቕ ኣበርክቶ ትፍጽሙ። ኮምኩም ብዛዕባ እሩም ኣገባብ ምጉሓፍን መኣከብ ጉሓፍን መዓልቲታት ጉሓፍን ካልእን ክሕብረኩም ይኽእል። ዋጋ ምጉሓፍ ብድምር መሰረታዊ ክፍሊትን ዓቕናዊ ክፍሊትን ዝኽፈል ኣገልግሎት ጉሓፍ ይሽፈን። ጠቓሚ ንጥረ ነገራት ዘለዎ ጉሓፍ ብቐጥታ ኣብ መኣከቢ ጉሓፍ ከተረክቡ ትኽእሉ።

ጉሓፍ ገዛ ምእካብ ጉሓፍ ገዛ ኣብ ሓያሎ ኮማት ናይዛ ካንቶን ዋጋ ይኽፈሎዩ። ናይ ክፍሊት ክሻ ወይ ዝልጠፍ ናይ ክፍሊት መፈለጥታ

ካብ ምምሕዳር ኮማት፡ ፖስታን ካልኦት ድኳናትን ምርካብ ይከኣል።

### ሓምላይ ጎዱፍ

ኣብ ዝተፈላአያ ኮማት ተረፋት መግቢ፡ ኣቑጽልትን፡ ካልእን ካብ ጉሓፍ ገዛ ተፈልዩ ብዘይ ክፍሊት ይእከብ።

### ጥርሙዝ፡ ታኒካ፡ ጎማ፣ PET ኣሉሚንዩምን ዘይቲ መግብን

ጥርሙዝ፡ ታኒካ፡ ጎማ፣ PET ኣሉሚንዩምን ዘይቲ ብልዕን ኣብ ኮንተይነር ዘለዎም መእከቢታትን፡ ድኳናትን ከተረክብዎም ትኽእሉ።

ደቂቕ መግለጺ ብዛዕባ ምርካብ ክልኩል ኬሚካል፡ ጨርቅን ካልእን ኣብ ሰነዳት ናይ ኮምኩም ክትረኽቡ ትኽእሉ።

### ወረቐትን ካርቶንን

ኣረገውቲ ወረቓቕትን ካርቶናትን ኣብ ፍሉይ እዋናት ይእከቡ፣ ወይ ከኣ ኣብ ንዕኦም ተባሂሉ ዝተመልከተ ቦታ ክርከብ ይከኣል። ናይ ምእካብ ቆጻራታት ወይ ካብ ሰነዳት ኮማት ወይ ከኣ ካብ ዕለታውያን መሐበሪ ጽሑፋት ክትረኽቡ ትኽእሉ።

### ባተሪታት

ኣብ ስዊዘርላንድ ንገለ ባተሪታትን፡ ዝምልኡ ባተሪታትን፡ ናይ ማኪና ባተሪታትን ዓደግቲ ድሕሪ ምህላኾም ናብ ዝሸጡሎም ነጋዶ ናይ ምምላስ ግዴታን፡ ሸያጦ ኽኣ ገንዘብ ከየኽፈሉ ናይ ምቕባል ሓላፍነት ዘሰክምን ሕጊ ኣሎ።

### ናይ ኤለትሪክ መሳርሒታት

ኩለን ብኤለትሪክ ዝሰርሓ መጣቐሚታት ምስ ተወሳኺ ኣቑሑተን ድሕሪ ምእራገን ናብ ተማሳሳሊ ኣቑሑ ዝሸጡ ነጋዶ ምምላስ ይከኣል። ዓይነት ኣቕሓን ሓለገቱን ብዘየገድስ፡ መላሲ ዋላውን ሓድሽ ኣቕሓ ኣይዓድግ፡ ነጋዳይ ንዝኣረገ ኣቑሑ ብዘይ ገለ ክፍሊት ክቕበሎ ግዴታ ኣለዎ።

- ካንቶን ሻፍሃውሰን - ካንቶን-ጠርነፍ ላቦራቶሪ።
  ሓበሬታ ብዛዕባ ንኣከብቲ ምርካብ ዝተፈላለዩ ጉሓፋት
- ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ከባብያዊ ሓለዋ *(Bundesamt für Umwelt BAFU):* ናይ ጉሓፍ ሓባሪ መገድን ካልኦት ሓበሬታታት ብዛዕባ ንኣከብቲ ምርካብ ጉሓፍን





## ዝሑል ምንቅስቓስ፡ ብእግርን ብብቺክተታን ምጉዓዝ

ቢቺክሌታ ኣብ ስዊዘርላንድ ፍትውቲ ናይ ጉዕዞ መሳለጢት እያ። ተጎዓዝቲ ድሕነቶም ተረጊጹ ምእንቲ ክንቀሳቐሱ መገዲ ቢቺክሌታ ብጽሑፍን ምልክትን ብጽቡቕ ዝተነጸረ እዩ።

ተጠቀምቲ ኣብ ካልኦት ንዝወርድ ጉድኣት ዝኽሕስ መድሕን ክኣትው ንላበው።

ዋላውን እቶም ኣብ መገዲ ብእግሮም ዝንቀሳቐሱ ድሕነቶም ክርገጽ ይግባእ። ንናይ ኤለትሪክ ቢቺክለታ (E-Bike) ተወሳኺ መምርሒታት ኣሎ።

ዋላውን ውሕስነት ናይ ተጎዓዝቲ እግሪ ብዝከኣል መጠን ክሕለው ይግባእ። ተጎዓዝቲ እግሪ ኣብ ጸሊምን ጻዕዳን ሕንጻጻት፡ ምልክት ዜብራ ዘለዎ ቦታታት ኩሉ ቀዳምነት ኣለዎም። እዚውን ናብ ቤት ትምህርቶም ንዝመላለሱ ህጻናት ርእሶም ክኽእሉን ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ምርኻብን ዕድልን ክረኽቡን የብቅዖም።

ስለዚ እውን ናይ ፖሊስ ትራፊክ ሻፍሃውሰን ንቆልዑ መዋእለ ህጻናትን ንኣሸቱ ተመሃሮን ኣብ ጽርግያ ከመይ ኢሎም ክጎዓዙ ከም ዝግብኦም ይምህርዎም።

► *Fussverkehr Schweiz:* ጉዕዞ እግሪ ስዊዘርላንድ *(Fussverkehr Schweiz)* ብጉዳይ ተጉዓዝቲ እግሪ ይግደስ። ንተጉዓዝቲ እግሪ ዝጥዕም ናይ ምጉዓዝ ፕላን ኣብ ምውጻእ ከኣ ይተግህ።

► *Pro Velo Schaffhausen:* ፕሮ ቬሉ *(Pro Velo)* ቢቺክለታ ንጥዕና ትጠቅምን፣ መዘናግዒትን ኣብ ከባብያዊ ሓለዋ ጽቡቕ ኣበርክቶ ዘለዋን ብምኧና፣ ኣብ ዞባ ሻፍሃውሰን ከም መጉዕዝያ ኮይና ክትቅጽል ይድግፍ፣ ኣብ ኢንተርነት ኣገደስቲ ምኽርታት ብዛዕባ ምዝዋር ቢቺክለታ ኣብ ሻፍሃውሰን ይርከብ። *Pro Velo Schaffhausen* ናይ ቢቺክለታ ናይ መሸጣ ብርኪ ዕዳጋን ናይ ቢቺክለታ ምዝዋር ትምህርትን የዋድድ።

► *Schweiz Mobil:* ሃገራዊ መርበብ ናይ ዝሑል መጉዓዝያ። ኣብ መርበብ ኢንተርነት ንኣብነት ናይ ቢቺክለታ መገድታትን፣ *(Veloland)*፣ ናይ ኣጋር መዛወሪ መገድታትን ወዘተ ከፊትኩም ክትርእዩን፣ ኣብ መስመር ኢንተርነት ኰንኩም መደብ ከተውጽኡን ይከኣል።

► *Schulweg bildet: Empfehlungen für Eltern, wie sie ihren Kindern den eigenständigen und sicheren Schulweg ohne Elterntaxis ermöglichen können*

## ህዝባዊ ኣገልግሎት መጉዓዝያ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዋላ ምስ ንኣሽቱ ቁሸታት ከይተረፈ ዘራኽብ ድልዱልን ውሑስን መርበብ ህዝባዊ ኣገልግሎት መጉዓዝያ ይርከብ።

ናይ ባቡርን ኣውቶቡስን ዝነቕላሉን ዝበጽሓሉን መደባት ግዜ ንሓሕዱ ዝሰናነይ እዩ። ንነዊሕ ጉዕዞ ናብ ስራሕን ቤት ትምህርትን ንምምልላስ ብዙሓት ተጎዓዝቲ ከም ዝምስክሩሉ ጉዕዞ ባቡር ዝጠዓመ እዩ። ንህዝባዊ ኣገልግሎት መጉዓዝያ ክትጥቀሙሉ ዘኽእለኩም ዝተፈላልየ ቀረባትን ጠለባትን ኣሎ። ብፍላይ ፍቱው እቲ ንህዝባዊ ኣገልግሎት መጉዓዝያ ብፍርቂ ዋጋ ከጥቅም ዘኽእል ,‘ሃልብታክስ - ኣቦ‘‘ ዝበሃል ቀረብ ኣሎ። ትሕቲ 6 ዓመት ዝኾኑ ህጻናት ብናጻ ዓበይቲ ቆልዑ ክሳዕ 16 ዓመት ድማ ብ ብመሰነይታ ወለዶም ብናይ ዩንዮር ካርተ (Juniorkarte) ወይ ከኣ ብ Kinder-Mitfahrkarte ምስ ካልእ ዓቢ ሰብ ከይከፈሉ ክጎዓዙ ይኽእሉ። ኣብ ገለ ኮማት ኣብ ምሉእ ስዊዘርላንድ ክትዛወሩሉ ዘኽእለኩም ሕሱር ቲከት ክትዕድጉ ትኽእሉ።

► *Schweizerische Bundesbahnen (SBB):* ሓብሬታ ብዛዕባ ናይ ውሱን ግዜ ጥሙር ጠለብን *(Abonnementen)* ፣ቲኬታትን ምሕሳር ዋጋን፣ናይ ኢንተርነት *(Online)* መደብ ጉዕዞ ንምሉኣ ኤውሮጳን

## ዞባዊ ኣገልግሎት መጉዓዝያ ሻፍሃውሰን

ኣብ ሻፍሃውሰን ካብ ገጠር ንኸተማ ወይ ከኣ ካብ ከተማ ንገጠር ክጎዓዝ ዝደልይ ኣብ ዝደለዮ ቀልጢፉ ይበጽሕ።ኣገልግሎት ባቡርን ኣውቶቡስን ኣብ ኩለን ኮማት ይርከብ። ብመስመር ማይ ክጎዓዝ ንዝደሊ እውን ኣብ ራይን ቅሩባት መራኽብ ኣለዋ። ዞባ ሻፍሃውሰን ምስ OSTWIND ተባሂሉ ዝስመይ ጥርኑፍ ውዑላዊ ኣገልግሎት ጉዕዞ ኣሎ ዝተኣሳሰረ እዩ። እዚ ናይ ውዕል ጥርናፈ ንተጎዓዝቲ ኣብዚ ዞባ‘ዚ ብሓንቲ ቲኬት ዝተፈላለያ መስመራት ጉዕዞ ኣብ ውሽጢ ዝተፈቐደ ግዜ ምጥቃም የኽእሎም። ስለዚ ኽኣ ገንዘብ ንዝተኽፍለሉ ራሕቂ ካብ ባቡር ወሪድካ ናብ ኣውቶቡስ ምቕያር እንተ ደኣ ተደልዩ ሓድሽ ቲኬት ምዕዳግ ኣየድልዮን።





- ትካላት መጉዓዝያ ሻፍሃውሰውን *(Verkehrsbetriebe Schaffhausen VBSH)*: ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ከተማን ዞባን ናይ ጉዕዞ መደባትን፣ ቲኬታትን፣ ናይ ውሱን ግዜ ጠለብን ጥርኑፍ ውዑላዊ ኣገልግሎት ጉዕዞ *OSTWIND.*
- ናይ ስዊዘርላንድ ማሕበር ጉዕዞ መርከብ Untersee ን *Rhein (Schweizerische Schifffahrtsgesellschaft Untersee und Rhein)*: መደብ ጉዕዞን ይሕሹ ዝተባህሉ ናይ ጉዕዞ መደባትን
- ናይ ስዊዘርላንድ ፌደራላዊ መስመራት ባቡር *(Schweizerische Bundesbahnen SBB)*: ምጉዓዝ ዝተሓጽረ ዓቕሚ ምንቅስቓሳት ናይ ዘለዎም ሰባት: ሓበሬታን ቀረባትን ን ገደብ ዘይብሉ ምጉዓዝ፣ንዝተሓጽረ ዓቕሚ ምንቅስቓስ ዘለዎም ሰባት።

## ምዝዋር ማኪና ኣብ ስዊዘርላንድ

ናይ ወጻኢ ናይ ማኪና ፍቓድ መዘወሪ ናብ ስዊዘርላንድ ካብ ዝተኣትውኩሙሉ ዕለት ጀሚሩ ንሓደ ዓመት የገልግል። ኣብ ውሽጢ እዚ ሓጹር ግዜ እዚ ኣብ ናይ ካንቶን ቤት ጽሕፈት ጉዕዞ ምድርን ባሕርን ብምምልካት ናይ ስዊዘርላንድ ፍቓድ መዘወሪ ክሕተት ይከኣል። ብዛዕባ ስርዓት ኣጠቓቕማ ጽርግያን ኣዘዋውራን ተወከሱ።

## ቪኘተ ወይ ከኣ ክፍሊት ርግጫ ናይ ምኽፋል ግዴታ

ተጠቀምቲ ሃይወይ ናይ ርግጫ ዋጋ ክኸፍሉ ይግደዱ። ወረቐት ርግጫ ቪኘተ ካብ ኣኽፈልቲ ቀረጽ፣ ፖስታ፡ ዓደልቲ በንዚን፡ ጋራጅን ትካላት TCS ወይ ከኣ ካንቶናዊ ቤት ጽሕፈት ኣገልግት ጽርግያ ክዕደግ ይከኣል።

## ናይ ሞቶር መጉዓዝቲ መድሕን

ንኹለን ብሞቶር ዝንቀሳቐሳ መጉዓዝያታት ከም ማኪና፡ ቱግቱግን ናይ ሞቶር ቢቺክሌታን ናይ ኤለትሪክ ቢቺክለታን (E-Bike) መራኽብን ናይ መድሕን ውዕል ምእታው ግደታ እዩ።

ኣብ ርእሲ ናይ ሞቶር መጉዓዝቲ መድሕን፡ ተወሳኺ ውዕላት ምምላእ ይከኣል እዩ።

ናይ ሞቶር መጉዓዝቲ ካብ ወጻኢ ናብ ስዊዘርላንድ ብዛዕባ ምጥላብ

ናብ ስዊዘርላን እንተ ኣተውኩም ካብ ወጻኢ እውን ማኪና እንተ ጠለብኩም ብቅልጡፍ ናብ ናይ ስዊዘርልንድ ሰበ ስልጣን ስግር ዶባዊ ኣቕረጽቲ ዞል ኣመልክቱ።

ናብ ስዊዘርላንድ ዝኣትዋ መካይን ክፍሊት መድሕነን እናተኸፍለለን ታርጋ ከይተቐየረለን ን12 ኣዋርሕ ኣብ ኣገልግሎት ክጸንሓ ይኽእላ እየን።

ኣብ ስዊዘርላንድ ንልዕሊ ዓመት መቐመጢ ቤት ዝሓዘ ግና ማኪንኡ ከመዝግባ ብሕጊ ይግደድ። ኩለን ናይ ሞቶር መጉዓዝትን ተሰሓብተንን ቅድሚ ኣብ ስዊዘርላንድ ንጥቕሚ ምውዓል ፍቓድ ምርካበን ይምርመራ። ብዛዕባ ናይ ምፍቃድ ቅድመ ኩነታትን ኣድለይቲ ሰነደታን ከይደንጎኹም ምስ ናይ ስዊዘርላንድ ሰብ መዚ ኣገልሎት ጉዕዞ ጽርግያ ብምዝርራብ ዘድልይ ሓበሬታ ርኸቡ።

- ካንቶን ሻፍሃውሰን – ቤት ጽሕፈት ናይ ጽርግያታትን መራኽብን ጉዕዞ- *(Strassenverkehrs- und Schifffahrtsamt)*: ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ መዘወሪ ፍቓድ፣, ናይ ጉዕዞ ድሕነትን ካልእን

## ጉዕዞ ኣየር

ዓለምለኻዊ መዕረፍ ነፈርቲ Zürich-Kloten ቀረባ ኢዩ። ንምብጽሑ ብማኪና ሓደ ሰዓት ብናብኡ ትኽ ኣቢላ ዘብጽሕ ናይ ባቡር መራኽቢ ከኣ ኣርብዓ ደቓይቕ ይውድእ።

ዝኾነት ምጣነ ሃብታዊ ኣገዳስነት ዘለዋ ዓባይ ከተማ ዕለተ ዕለት ካብ Zürich ተበጊስካ ምብጻሕ ይከኣል። እቲ መዕረፍ ነፈርቲ ንገዛእ ርእሱ ምስ መስመራት ህዝባዊ ኣገልግሎት ጉዕዞ ዝተጣበቐ እዩ። ዋላውን ኣብ ቀንዲ መዓርፎ ባቡራት ሻፍሃውሰን ናብ ነፋሪት ዝጸዓን ኣቑሑት ምርካብ ይከኣል ኢዩ። ኣብኡ ድማ ናይ መሳፈሪ ወረቐትኩም ቦርድ ካርድ ክትረኽቡ ትኽእሉ።

## ናይ ስግር ዶብ መገሻ ሕጊ ስግር ዶባዊ ምቕራጽ

ናብ ጎረባብቲ ሃገራት ምጋሽ የወናውን እዩ። ቅድሚ ዶብ ምስጋር ግና ዝግባእ ሰነዳት ምሓዝ ከም ዘድልይ ዘክሩ። ብዛዕባ ቀረጽ ስግር ዶብ ካብ ቤት ጽሕፈት መቕረጽቲ ስግር ዶብ ናይ ስዊዘርላንድ Zollamt ክትረኽቡ ትኽእሉ።

- ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ቀረጽን ድሕነትን *(Bundesamt für Zoll und Grenzsicherheit BAZG)*: ሓበሬታ ንውልቀ ሰባትን ትካላትን ናይ ፌደራላዊ ምምሕዳር መቕረጽቲ.

# ስራሕ





## ስራሕ ምርካብ

ስራሕ ምርካብ ብሕጊ ዝተሰርዐን ኣብ ኩነት ፍቓድ መንበሪ ዝተመርኮሰን ኢዩ። ስራሕ ንምርካብ ምትእስሳር ዝተፈላለዩ ናይ ምድላይ ሜላታት የድልዮ።

- ኣብ ጋዜጣ ንዝወጸ ቀረባት ኣንቢብካ ምውካስ።
- ምጥቃም ናይ ማእከላይ መድረኽ (Zentrale Plattform)
- ኣብ ኢንተርነት ብዝወጸ ቀረባት ቦታ ስራሕ ምንዳይ።
- ብርእሰ ተበግሶ ናብ ትካላት ወፍሪ ምልክታ ምቕራብ
- ምስ መጋጠምቲ ስራሕ ምርኻብ።
- ምስ ትፈልጦም ሰባት ምዝርራብ
- ኣብ ጋዜጣታት ንዝወጹ ናጻ ናይ ስራሕ ቦታታት መግለጺታት ርኢኻ ምልክታ ምቕራብ
- ኣብ ዞባዊ ማእከል ምግጣም ኣስራሕን ሰራሕተኛን (RAV) ምምልካት

► ናይ ስራሕ ምርኻብ ማእከል *(Arbeitsvermittlungszentrum RAV)* ሻፍሃውሰን: ዞባውያን ማእከላት ጉዳይ ምርኻብ ስራሕ ንደለይቲ ስራሕ ተቐማጦ ሻፍሃውሰን: ናጻ ኣገልግሎት ክህቡ ቅሩባት እዮም።

## ኣብ ስዊዘርላንድ ብኸመይ ኣገበብ እዩ ናይ ስራሕ ምልክታ ዝቐርብ?

ኣብ ስዊዘርላንድ ስራሕ ኣብ ምምልካት ጽሑፋዊ ታሪኽ ህይወትን ናይ ተበግሶ ጽሑፋዊ መመልከትን የድልዩ። ኣብ ርእሲ እዚ እውን

ናይ ስራሕ ምስክራትን፡ መረጋገጺታትን፣ ናይ ስልጠና ምስክር ወረቓቕትን፣ ዲፕሎማታትን ነቲ ማህደር ምልክታ ከሰንይዎ ይግባእ። መብዛሕትኡ ግዜ ምልክታታት ብመልክዕ ኢንተርነት ክቐርቡ ይግባእ። ብዛዕባ ማህደር መመልከቲ ብጽቡቕ ኣገባብ ምድላው ዘድልይ ሓበሬታ ኣብ ኢንተርነት ምርካብ ይከኣል።

► ናይ ሞያ ማእከል ሓበሬታ *(Berufsinformationszentrum BIZ)* ሻፍሃውሰን - ኣገልግሎት ምኽሪ ብዛዕባ ሞያዊ ምዕባለ ንዓበይቲ መበገሲኹም ኣነጺርኩም ክትበጽሕዎ ንትደልዩ ናይ ሞያን ስልጠናታትን መመላእታ ስልጠናታትን ዕላማታት ሓሳባት ኣክቡ።

► *berufsberatung.ch:* ሓፈሻዊ ሓበሬታታ ንናይ ስልጠና ቦታታትን ሞያን ስራሕን፣ ምኽሪ ብዛዕባ ምምልካት ንስራሕን፣ ካልእን። ናብ ሓያሎ ቋንቋታት ዝተተርጎመ ሰነዳት

► ማሕበር መራኸቢ ቦታ ናይ ስራሕ ኣልቦ ሰባት ሻፍሃውሰን *(Verein Erwerbslosentreffpunkt Schaffhausen VETS)* – ቤት ምድላው ጽሑፋት *(Schreibstube)*: ሓገዝ ኣብ ምድላው ታሪኽ ህይወትን ናይ ምድላይ ስራሕ መመልከትን

► *arbeit.swiss:* ማእከላይ ኣፍ ደገ ኢንተርነት ንደለይቲ ስራሕ። ወሃብቲ ስራሕን መራከብቲ ስራሕን

## ብዛዕባ ተፈላጥነት ናይ ወጻኢ ዲፕሎማታት

ዝተፈላለዩ ናይ ወጻኢ ምስክራት ትምህርትን ሞያታትን ኣብ ስዊዘርላንድ ተፈላጥነት ክረኽቡ ይኽእሉ ኢዮም። ከክም ትምህርትኹም ኣብዚ ዝስዕብ ቦታታት ኣመልክቱ።

► ሃገራዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ትምህርቲ፣ መጽናዕትን ምሕዳሳትን *(Staats-sekretariat für Bildung, Forschung und Innovation SBFI):* ምትሕብባራት ንተፈላጥነት ናይ ወጻኢ ዲፕሎማት

► ናይ ካንቶ ጉባኤ ዳይረክተረኣት ትምህርቲ - ናይ ወጻኢ ዲፕሎማት፡ ተፈላጥነት ሞያታት መምህርነት

► *Swissuniversities:* ሓበሬታ ብዛዕባ ቅድመ ኩነታት ምእታው ናብ ናይ ስዊዘርላንድ ዩኒቨርሲቲታት

## ደሞዝን ማሕበራዊ ኣስተዋጽኦን

ኣብ ስዊዘርላንድ ምሉእ ደሞዝ ክብ ዝበለ እዩ። ናይ መነባብሮ ወጻኢታት እውን ከምኡ ክብ ዝበለ እዩ። ንኹሉ ጨንፈራት ስራሓት ዘማእክል ዝተሓተ ደሞዝ የለን። ገለ ጨንፈራት ግና ኣጠቓላሊ ናይ ስራሕ ውዕል ዝተሓተ ደሞዝ ኣለወን። ካብ ደሞዝ ንመድሕን እርጋንን ወረስትን (AHV), ናይ ስንክልና መድሕን፡ (IV) ።

ናይ ሽቕለት ኣልቦነት መድሕን (ALV)፣ ናይ ሓደጋ መድሕን (UV) ይሕረጥ።

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ሰራሕትን ወሃብቲ ስራሕን ንማሕበራዊ ረዲኤት እውን ክፍሊት ይፍጽሙ እዮም። ካብ ዓመታዊ እትዋት 20‘000 ፍራንክ. ጀሚሩ ኸኣ ተወሳኺ ኣስተዋጽኦ ንሞያዊ ቅድመ ሓልዮት (ነቲ ካልኣይ ዓንዲ ዝበሃል) ከም መመላእታ ናይ AHV ተሓሪጡ ይውሰድ። ብድምር ከም ግዴታውያን ማሕበረ ሰባዊ መድሕን ተባሂሎም ዳርጋ 15% -20% ካብ ቀንዲ ደሞዝ ይሕረጡ።

► ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ንማሕበረሰባዊ መድሕናት *(Bundesamt für Sozialversicherungen BSV):* ናይ ኣስተዋጽኦ ዓቕናት





## ካብ ስራሕ ምስንባት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብር‘ሞ ካብ ስርሑ ዝተሰናበተ፡ ቅድመ ኩነት ኣማሊኡ እንተ ደኣ ኮይኑ ዕለታዊ ገንዘብ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ መድሕን ክፍሊት ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎ። ርጉጽ ናይ መቑመጢ ፍቓድ ዘለዎን፡ እንተ ወሓደ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ን 12 ኣዋርሕ ቅድሚ ምምልካቱ ኣብ ስራሕ ምውፋርን ቀንዲ ናይ መፍቀዲ ቅድመ ኩነት እየን። እንተ ደኣ ካብ ስራሕ ትሳናበቱ ኣለኹም ብዝተኻእለ መጠን ቀልጢፍኩም ኣብቲ መጠንቀቕታ ስንብት ዝተዋህበኩም ሓጹር ቆጸራ ኣብ ትነብሩሉ ቤት ጽሕፈት ዞባዊ ማእከል መጋጠምቲ ኣስራሕን ሰራሕተኛን (RAV) ኣመልክቱ። ኣብኡ ብዛዕባ ክትገብርዎ ዝግብኣኩም ስጉምቲታት ክትሕበሩ ኢኹም።

- ካንቶን ሻፍሃውሰን – ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስራሕ: ኣገልግሎት ምኽሪ ኣብ ሽቕለትኣልቦነት፣ ምግጣም ስራሕን ወጻእተኛታትን፣ ቀጻልቲ ሕቶታት ብዛዕባ ስራሕ ኣብ ስዊዘርላንድን
- ካንቶን ሻፍሃውሰን ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ስራሕ ኣገልግሎት ምኽሪ ኣብ ጉዳያት ሽቕለታልቦነትን ምርኻብ ስራሕን

## ኩነታት ስራሕ

ስዊዘርላንድ ብጽቡቕ ናይ ስራሕ ኩነታታ ትፍለጥ። እዚ ግን ከከም ሞያን ጨንፈርን ዝፈላለይ እዩ። ብዛዕባ ዘሎ ኩነታት ስራሕ መረዳእታ ንምርካብ እኹል ግዜ ወሲድኩም ተወከሱ። ኣብ ናይ ስራሕ ውዕል፡ ዓይነት ስራሕ፡ ሰዓታት ስራሕ፡ ናይ ፈተነ ግዜ፡ ናይ መሰናበቲ ቆጸራ፣ ዕረፍቲ፡ ደሞዝ፡ ናይ ሞያ ግዴታዊ መድሕንን ኣውሓሲ ትካል መጠወርን ይግለጽ። ኣብ ገለ ጨንፈራት ምሉእ ውዕል ስራሕ (GAV). (GAV). ኣብ መንጎ ወሃብ ስራሕን ወይ ወሃብቲ ስራሕን ወይ ማሕበር ወሃብቲ ስራሕን ማሕበር ሰራሕተኛታትን ዝግበር ናይ ጽሑፍ ውዕል እዩ። ብዛዕባ ኣብ መንጎ ወሃብቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን ዘሎ ስምምዓት ዝምድናታትቶምን ምሉእ ውዕል ስራሕን (GAV). ኸኣ ይገልጽ።

- ሃገራዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ምጣነ ሃብቲ *(Staatssekretariat für Wirtschaft SECO):* ኩሉ ሓበሬተታት ብዘዕባ ስራሕ *nformationen rund um das Thema Arbeit.*
- ሃገራዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ፍልሰት*(Staatsekretariat für Migration SEM):* ሓበሬታ ንወጻእተኛታት ሰራሕተኛታት ብዛዕባ ኣብ ስዊዘርላን ኣብ ስራሕ ምውፋር.
- ካንቶን ሻፍሃውሰን – ናይ ስራሕ ላዕለዋይ ቁጽጽር፡ ናይ ስራሕ ላዕለዋይ ቁጽጽር፡ኣብ ቦታ ስራሕ ኣብ እዋን ስራሕን ዕረፍትን ፣ ናይ ምኽርን፣ ኣገልግሎትን፣ ብቕዓትን ናይ መፈጸሚ ማእከል ድሕነት ስራሕን፣ ሓለዋ ጥዕናን፣ እዩ።.

## ካብ ምስንባት ምዕቃብ

ሰራሕተኛታት ኣብ እዋን ሕማም፡መጉዳእቲ ሓደጋ፡ ጥንሲ፡ ምሕብሓብ ናጽላ ህጻን ካብ ስራሕ ተሰጕጎም ከይሰናበቱ ብሕጊ ክልኩል ኢዩ። ኣብ ከምዚ ዝተጠቕሰ ኩነታት ዝግበር ምስንባት ብሕጊ ውዱቕ እዩ። ብኻልእ ምኽንያት ስንብታ እንተተገብረ ግና ሰራሕተኛ ተመሊሱ ኣብቲ ትካል ክሰርሕ ኣይኽእልን። ካሕሳ ክረክብ ግን ጉዳዩ ናብ ቤት ፍርዲ ከቕርብ ይኽእል።

- ሚኒስትሪ ጉዳያት ስራሕ *(Arbeitersekretariat)* ሻፍሃውሰውን: ናይ ሕጊ ምኽሪ ናይ ፈለማ ምክሪ ዋጋ ዘይክፈሎ ኣገልግሎት

## ዘይሕጋዊ ስራሕ

ዋላውን ሓድሓደ እዋን ኣብ ዕዮ ጽርየት፡ምሓዝ ቆልዓ ወይ ውን ክንክን ኣታኽልቲ ሰሪሑ ገንዘብ ዘእትው ሰብ ከም በዓል እቶት ሰራሕተኛ እዩ ዝሕሰብ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ዕዮ ዝዋፈር ወጻእተኛ ናይ ስራሕ ፍቓድ ክህልዎ፡ ግቡእ ማሕበረሰባዊ ክፍሊት ዝኸፍልን ክኸውን ይግብኦ። እንተ ዘይኮነ ዘይሕጋዊ ስራሕ ይሰርሕ ኣሎ ማለት እዩ። ኣብ ዘይሕጋዊ ስራሕ ዝተዋፈሩ እንተ ሰንከሉ መድሕናት ሓደጋን ክፍሊት ሽቕለት ኣልቦነትን ኣይህልዎምን። ሳዕቤናቱ መሪር ክኸውን ይኽእል እዩ። ዝድለ ምልክታ ኣቕሪብካ ምስራሕ ንረብሓ ሰርሕተኛታት እዩ።

- ሃገራዊ ሚኒስትሪ ጉዳያት ምጣነ ሃብቲ *(Staatssekretariat für Wirtschaft SECO):* ሓበሬታ ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ስራሕ፣ ሓገዝ ኣብ ጉዳይ ዘይሕጋዊ ስራሕ፣ ናይ ምርኻብ ቀረባት
- ካንቶን ሻፍሃውሰን – ዘይሕጋዊ ስራሕ: ሓበሬታታት ብዛዕባ ዘይሕጋዊ ስራሕ:.

# ማሕበረሰባዊ ድሕነት






## ቅድመ ሓልዮት ኣብ ስዊዘርላንድ

ድልዱል መርበብ ናይ ማሕበረሰባዊ መድሕንን ማሕበረሰባዊ ረዲኤትን

ኣብ ስዊዘርላንድ ንዝነብሩን ንዝሰርሑን ሰባትን ቤተ ሰቦምን ካብቲ ሕማምን፡ ሓደጋን፡ ሸቐለት ኣልቦነትን፡ ስንክልናን ካልእ መሰናኽላትን ከስዕብዎ ዝኽእሉ ክቱር ስእነትን ድኽነትን የድሕኑ። እቲ ዕላማ ድኽነት ኣብ ስዊዘርላንድ ንኸይህልው ምክልኻል እዩ። ማሕበረሰባዊ ድሕነት ሓደ ካብቲ ቀንዲ እምነ መኣዝናትን መፈለጥታን ስነ መንግስቲ ስዊዘርላንድ እዩ። ኣብ ቀዳማይ መስርዕ ከኣ ናይ ገዛእ ርእስኻ ሓላፍነት ባዕልኻ ምውሳድን ስራሕን ይርከብዎ።

ኣብ ስዊዘርላንድ ማሕበረ ሰባዊ ድሕነት ኣብ ናይ 3- ዓንድታት መምርሕን (ግራፍ ተመልከት) ኣብ ማሕበረ ሰባዊ ረዲኤትን ዝተመስረተ እዩ። ንሃለዋትኩም ዘድልይ ሓገዝ ወይ ንስኹም ወይ ከአ ቤተ ሰብኩም ብምኽንያት ስንክልና፡ ስእነት ስራሕ፡ ወይ ከአ ሞት ገንዘባዊ ጸገማት እንተ ኣጋጠመኩም ሓገዝ ይወሃበኩም እዩ። ስለዚ እውን ገንዘባዊ ጸገማት እንተ ኣጋጠመኩም ደገፍ ክትሓቱ ትኽእሉ።

ሓበሬታ ካብ ቤት ጽሕፈት ተቐማጦ ኮም ወይ ከኣ በት ጽሕፈት ማሕበረሰባዊ ድሕነት ሻፍሃውሰን ክትረኽቡ ትኽእሉ።

- ቤት ጽሕፈት ማሕበረ ሰባዊ መድሕን *(Sozialversicherungsamt SVA)* ሻፍሃውሰን: ሓበሬታን ናይ መመልከቲ ቀጥዒታትን ንማሕበረ ሰባዊ መድሕንናትን ምሕሳር ኣስተዋጽኦ ናይ ግድነታዊ መድሕን ሕክምናን
- ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ማሕበረ ሰባዊ መድሕንናትን *(Bundesamt für Sozialversicherungen BSV):* ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተፈላለየ ማሕበረ ሰባዊ መድሕንናትን ንኹሎም ኣተውትን ወጻእትን ስደተኛታት

### ቅድመ ሓልዮት ኣብ ስዊዘርላንድ

| 1ይ ዓንዲ | | 2ይ ዓንዲ | | 3ይ ዓንዲ | |
|---|---|---|---|---|---|
| መንግስታዊ ቅድመ ሓልዮት | | ሞያዊ ቅድመ ሓልዮት | | ውልቃዊ ቅድመ ሓልዮት | |
| ርእስኻ ምኽኣል | | ዝተለምደ ኣነባብራ ምቕጻል | | ውልቃዊ መመላእታ | |
| **ኣ ሃ ፋው** ናይ እርጋንን ብድሕሬኻ ዝተርፉ ኣባላት ቤተ ሰብን መድሕን **ኢ ፋው** ናይ ስንክልና መድሕን | **ኤ ኤል** ናይ መመላእታ መድሕን **ኤ ኦ** ስርዓት መተካእታ እትዋት | **በ ፋው ገ** ግዴታዊ ሞያዊ ቅድመ ሓልዮት | **ዓንዲ ክልተ ለ** ልዕለ ግዴታዊ ሞያዊ ቅድመ ሓልዮት | **ዓንዲ ሰለስተ ሀ** ጥሙር ቅድመ ሓልዮት | **ዓንዲ ሰለስተ ለ** ናጻ ድልየታዊ ቅድመ ሓልዮት |

ናይ እርጋንን፡ ሞትን፡ ስንክልናን ቅድመ ሓልዮት ኣብ ሰለስተ ዓምድታት ይምስረት።
1ይ ዓንዲ፡ AHV/IV/EO ኣሃፋው/ ኢፋው/ ኤኦ መሰረታዊ መድሕን እዩ።ኩሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩን ዝሰርሑን ከኣ ብግዴታ ይኣትዉዎ።

2ይ ዓንዲ፡ ኣብ ሞያዊ ቅድመ ሓልዮት (ሳጹን ምጥዋር) ካብ ሓደ ውሱን ዓቐን እትዋት ጀሚሩ፡ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ግዴታዊ መድሕን እዩ።
3ይ ዓንዲ፡ውልቃዊ ቅድመ ሓልዮት፡ ናጻን ድልየታውን ኢዩ። ካብ ጁባኻ ኸኣ እዩ ዝኽፈል።






## AHV/IV

ዝለዓለ ኣገዳስነት ዘለዎ ማሕበረ ሰባዊ መድሕን ናይ እርጋንን ብድሕሬኻ ዝተርፉ ኣባላት ቤተ ሰብን መድሕን AHV እዩ።

ብመሰረቱ ኩሎም ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ዘግነት ስዊዘርላንድ ይሃልዎም ዜጋ ካልኦት ሃገራት ይኹኑ እትዋት ይሃልዎም ኣይሃልዎም መድሕን AHV ክህልዎም ግዱዳት እዮም። ብዛዕባ ስሩዕ ዕድመ ናይ ጥሮታ ካብ ቤት ጽሕፈት ማሕበረ ሰባዊ መድሕን ሻፍሃውሰን ሓበሬታ ክርከብ ይከኣል፣ ቅድሚ ዝተጠቕሰ ዕድመ እውን ጡረታ ምእታው ይከኣል እዩ ኣስተዋጽኦ ክፍሊት መድሕን ስንክልና (IV) ምስ ምስ ኣስተዋጽኦ (AHV ) ካብ ደሞዝ ተቖሪጹ ብሓንሳብ ይኽፈል። ስንክልና እንተ ኣጋጠመ፡ ኣውሓሲ ንጉዱእ ኣብ ዝበቕዖ ስራሕ ኣብ ምርካብ ወይ ኣብ ጡረታ ምርካብ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ እጃሙ የበርክት። ስራሕ እንተ ዘይብልኩም ወይ ከኣ ናይ ገዛእ ርእስኹም ስራሕ እንተ ደኣ ኣሎኩም ክፍሊት ኣስተዎጽኦ ባዕልኹም ብቐጥታ ናብ Ausgleichskasse ክትፍጽሙ ትኽእሉ።

- *Pro Senectute Kanton Schaffhausen:* ማሕበረ ሰባዊ ኣገልግሎት ምኽሪ ንኣረጋውያንን ቤተ ሰቦምን
- *Pro Infirmis Schaffhausen:* ኣገልግሎት ምኽርን ደገፍን ንጉዱኣት ኣካልን ቤተ ሰቦምን ክሳዕ ምብጻሕ ዕድመ *AHV*

## መዕበይ ቆልዓ

ቆልዓ ድሕሪ ምውላደን ኣዴታት እንተ ወሓደ ናይ 14 ሰሙናት መሰል ዕረፍቲ ኣለወን። ኣብዚ ወቕቲ እዚ እንተ ወሓደ 80% ካብ ደሞዘን ናይ ምርካብ መሰል ኣለወን። እዚ መሰል እዚ ንምርካብ ቅድሚ ሕርሰን እንተ ወሓደ ንትሽዓተ ኣዋርሕ ኣባል መድሕን ዝነበራን ካብኡ ድማ ንሓምሽተ ኣዋርሕ ኣብ ዕዮ ዝተዋፈራን ክኾና ይጥለብ።

## ናይ ኣቦታት ዕረፍቲ

ናብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ኣቦታት፣ ኣብተን ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ድሕሪ ምላድ ቆልዕኦም ክልተ ሰሙናት ናይ ምዕራፍ መሰል ኣለዎም። ( እንተ በዝሐ ናይ 14 መዓልታት ደሞዝ)

## ሞያዊ ቅድመ ሓልዮ (BV/ Pensionskasse) ኣውሓስ ጡረታ

ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ሰባት፡ካብ ገለ ዓቐን ዓመታዊ እትዋት ጀሚሮም ተኻፈልቲ ኣስተዋጽኦ ናይ ወሃብ ስርሖም ትካል ቅድመ ሓልዮት ክኾኑ ይግባእ። ክፍሊቶም ካብ 7% ክሳብ 18% ካብ ዓመታዊ እትዋቶም ይኸውን። እንተ ወሓደ ፍርቂ ናይዚ ቅድመ ክፍሊት ብወሃብ ስርሖም ይሽፈን። እዚ ሕጊ'ዚ ንባዕላቶም ዝመሓደሩ ሰብ እትዋት ኣይምልከትን

## ቤተ ሰባዊ ድጎማ

ኣብ ስዊዘርላንድ ሰራሕተኛታትን፡ ርእሶም ዝኸኣሉ ሰብ እትዋትን፣ ኣብ ስራሕ ዘይተዋፈሩን ቤተሰባዊ ድጎማ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም። ኣብ ወጻኢ ንዝርከቡ ቆልዑ ተጓዲሉ ክፍቀድ ይከኣል። ናይ ህጻናት ድጎማ ካብ ቀዳመይቲ መዓልቲ ዝተወልዱላ ወርሒ ክሳዕ ናይ 16 ዓመት ዕድመ ዝመልኡ ይፍቀድ። ኣብ ትምህርቲ ንዝርክርቡ መንእሰያት ክሳዕ ትምህርቶም ዝውድኡ፡ እንተ ደንጎየ ከኣ ክሳዕ ደቂ 25 ዓመት ዝኾኑ ይፍቀደሎም።

## ማሕበረሰባዊ ደገፍ

እጃም ማሕበረ ሰባዊ ደገፍ ንሰባት ካብ ንዋታውን ውልቀ ሰባውን ጸገማት ምልቓቕ፣ ምቅላል ወይ ምልዓል እዩ። መሰል ማሕበረሰባዊ ደገፍ

ዝህልወኩም ኣብ ውልቀ ሰባዊ ጸበባ ትርከቡ እንተ ደኣ ኰንኩም፣ ዘድልየኩም ትዕድጉሉ ወይ ንቤተ ሰብኩም ተናብሩሉ እኹል ገንዘብ እንተ ደኣ ዘይብልኩም እዩ። ማሕበረሰባዊ ደገፍ ትረኽቡ ካልእ ሓገዛት ዘይትረኽቡ ወይ ከኣ ትርኽብዎ ዘይኣኽለኩም እንተ ኾነ እዩ። ዕላማ ናይ ማሕበረሰባዊ ደገፍ ቀልጢፍኩም ርእስኹም ክም ትኽእሉ ንምብቃዕ እዩ።

ማሕበረሰባዊ ደገፍ ካብ መንግስቲ ዝወሃብ ደገፍ ደኣምበር መድሕን ኣይኮነን።

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ኣብ ኣወሳስና ማሕበረሰባዊ ደገፍ ሓላፍነት ዘለዎም ካንቶንን ኮማትን እዮም። ብዛዕባ ሕቶታት ንጽል ጉዳያት ንቤት ጽሕፈት ናይ ትነብሩሉ ኮም ተወከሱ።





## ግዴታ ምኽፋል ቀረጽ

ኣብ ስዊዝርላንድ ህዝባዊ ኣገልግሎት፡ ትሕተ ቅርጺ፡ መጉዓዝያ፡ ትምህርቲ፡ ፖሊስን ምክልኻልን፡ ጥዕናን፡ ማሕበረሰባዊ ድሕነትን ካልእን ብዝዓበየ እጃም ብእትዋት ቀረጽ ውልቀ ሰባትን ትካላትን ተወሳኺ ቀረጻትን ይሸፈኑ። በዚ ከኣ ኩላቶም ማሕበረኣዊ ህይወት ብጽቡቕ ንክሰርሕ ኣበርክቶኦም ይፍጽሙ። ውልቀ ሰባት ናይ እትዋትን ርእሰ ማልን ቀረጽ ይኸፍሉ።

## ኣከፋፍላ ቀረጽ

ንመጸብጸቢ ናይ ክኽፈል ዝግብኦ ናይ እትዋትን ርእሰ ማልን ቀረጽ ዜጋታትን ናይ መቐመጢ ፍቓድ C ዘለዎም ተቐማጦ ስዊዘርላንድን ኣብ ዐዓመት ቅጺ ቀረጽ ክመልኡ ይግደዱ። ቅጺታት ቀረጽ ኣብ ምጅማር ዓመት ይልኣኹልኩም። ናይ ግብሪ መግለጺ ቅጺ ንምምላእ ዘኽእል ገንዘብ ዘይክፈሎ ናይ ቀረጽ ናይ ኮምፕዩተር ፕሮግራም (Steuersoftware) እውን ኣሎ። ዝተምልአ ቅጺ ብኮምፕዩተር (eFiling)) ወይ ከኣ ብፖስታ ክለኣኽ ይከኣል።

ቀረጽ ክሸፍሉ ዝግብኦም ተቐመጥቲ ስዊዘላንድ ደቂ ወጻኢ ሰራሕተኛታት፣ ወይ Niederlassungsbewilligung C ዘይብሎም ወይ ከኣ ምስ ናይ ስዊዘርላንድ መሰል ዜግነት ዘለዎ/ዋ ወይ Niederlassungsbewilligung C ዘለዎ/ ዋ ዘይተመርዓዉ እንተ ኾኑ፣ ቀረጾም ብቐጥታ ካብ ደሞዞም ይቑረጽ። (Quellensteuer) እዚ ንናይ ሓደ ዓመት ፍቓድ መቐመጢ ዘለዎም (Jahresaufenthalts-bewilligung B) ሓተትቲ ዑቕባ ፣ ወይ ናይ ሰሙን ተቐማጦ ወጻእተኛታት ይምልከት።

ናይ Quellensteuer). ከፉሊ ሓደ ካብቶ ጸኒሖም ግቡእ ናይ ቀረጽ መግለጺ ክህቡ ዝግብኦም እንተ ደኣ ኮይኑ (ንኣብነት እትዋቱ እንተ ወሓደ CHF 120‘000 እንተ ደኣ ኮይኑ፣ ግቡእ ቀጥዒ መግለጺ ቀረጽ ይመልእ።) ሕቶ እንተ ደኣ ኣለኩም ንናይ ኮም ምምሕዳር ቀረጽ፣ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ወይ ከኣ ንትኣምንዎ ተወከሱ።

- ሻፍሃውሰን ናይ ቀረጽ ምምሕዳር *( Steuerverwaltung)* ሓያሎይ ሓበሬታታት ብዛዕባ ንቀረጽ ዝምልከት ሕቶታት፣ ናይ ኢንተርነት ጸብጻቢት ቀረጽ፣ መውረዲ *( Download)* ናይ ቀረጽ ፕሮግራም *(Steuersoftware).*
- ምጣነ ሃብታዊ ደገፍ ሻፍሃውሰን – *Tax Guide:* እዛ መጽሓፍ ብሓጺርን ብንጹርን መገዲ ኣገባባት ቀረጽ ኣብ ሻፍሃውሰን ትገልጸኩም።







## መርዓ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝምርዓው ሰብ ናይ 18 ዓመት ዕድመ ዝመልአ ክኸውን ይግብኦ። መርዓ ከም ኪዳን፣ ሕጋዊ ተፈላጥነት ዝህልዎ ብበርጌሳዊ ኣገባብ ኣብ ናይ ህዝቢ ምዝገባ ምምሕዳር ከተማ እንተ ተፈጸመ ጥራሕ እዩ። ኣብ ኮም ሻፍሃውሰን በርጌሳዊ ናይ ህዝቢ ምዝገባ ምምሕዳር ከተማ ተጸዋዒ ጉዳያት መርዓ፡ ምሃብ ኣፍልጦ ልደትን ሞትን እዩ። እዚ ቤት ጽሕፈት እዚ ብዛዕባ ቅድመ ኩነት ምእሳር ቃል ኪዳንን ዘድልዩ ሰነዳትን ይሕብረኩም።ኣብ ስዊዘርላንድ ሓደ ዝጾትኦም‘ውን ክመረዓዉ ይኽእሉ።

## ጽምዶ

ኣብ ስዊዘርላንድ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ሓቢርካ ምንባር ይከኣል፣ ብሕጊ እወን ፍቑድ እዩ። ብዙሓት መጻምድቲ ከይተመርዓዉ ብዘይ ቃልኪዳን ሓቢሮም ይነብሩ፣ናይ ሓባር ቆልዑ ከኣ ይወልዱ።
እዞም ከምዚ ዝበሉ መጻምድቲ ናይ ዘይቃልኪዳናዊ ውዕል ክፍርሙ ተኽእሎ ኣለዎም። እዚ ኻኣ ብሕጋዊ ሰናዲ (Notar) ተረጋጊጹ ክምዝገብ ይከኣል። በዚ ኸኣ ንኣብነት ሓላፍነት ናይ ቆልዑን (Sorgerecht) ቀለብ ቆልዑን፣ ኣየናይ ንብረት ናይ መን ምዃኑን፣ ወጻኢታት ናይ ገዛ ብኸመይ ከም ዝመቓቐልዎን ክውሰን ይከኣል።

## ምፍልላይ

ሕቶ ፍትሕ ብኽልቲኦም ሰብ ኪዳን፣ወይ መጻምድቲ፣ ወይ ብሓደ በዓል ኪዳን ወይ መጻምድቲ ክቐርብ ይኽእል።ነዚ ዝውስን ናይቲ ከባቢ ናይ ቤተ ሰብ ቤት ፍርዲ እዩ። ዋላውን ኣብ ወጻኢ ዝተኣትወ ኪዳን ኣብ ስዊዘርላንድ ብሕጊ ስዊዘርላንድ ክፍታሕ ይኽእል እዩ። እዚ ንኽኸውን ናይ ተፋታሕቲ ማእከል ህይወት ኣብ ስዊዘርላንድ ክኸውን፣ እንተ ወሓደ ኸኣ ኣብ ስዊዘርላንድ ንሓደ ዓመት ዝተቐመጡ ክኾኑን ኣለዎም። . ብድሕሪ ፍትሖም እቶም ወጻእተኛታት ኣብ ስዊዘርላንድ ክነብሩ ምኽኣሎምን ዘይምኽኣሎምን ዝውሰን ብዙሓት ረቛሒታት ኣብ ግምት ብምእታው እዩ።. ብዛዕባ ፍትሕ ሓበሬታ ካብ ናይ ቤተ ሰብ ናይ ምምኻር ቤት ጽሕፈት ወይ ካብ ቤት ጽሕፈት ኣማኸርቲ ሕጊ ምርካብ ይከኣል።

- ከተማ ሻፍሃውሰን – በርጌሳዊ ቤት ጽሕፈት ምስናድ: ሓበሬታታት ብዛዕባ ምድላዋት መርዓ
- *binational.ch:* መድረኽ ሓበሬታ ንናይ ክልተ ዝዜግነቶም መጻምድትን፣ ንናይ ዝተፈላለዩ ባህልታት ጠርነፍ ቤተ ሰባትን
- ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ምኽሪ ንምጽማድን ጥንስን ሻፍሃውሰን *(Beratungsstelle für Partnerschaft und Schwangerschaft Schaffhausen):* ናይ መጻምድትን መነባብሮን ኣገልግሎት ምኽርን ሓበሬታ ብዛዕባ ጥንሲ፣ ምውላድን ምክልኻል ጥንስን።.
- *Pink Cross:* ማሕበር ሓድሕደ ሕድ ተጻመድቲ ደቂ ተባዕትዮ *(Schwulen)* ስዊዘርላንድ ፣ ሰፊሕ ቀረብ ኣገልግሎት ምኽሪ
- *LOS:* ማሕበር ሓድሕደ ሕድ ተጻመድቲ ደቂ ኣንስትዮ *(Lesben)* ስዊዘርላንድ
- *Transgender Network Switzerland:* ሓበሬታን ኣገልግሎት ምኽርን ንጉዳይ ስግረ-ጾታ
- *Transgender Network Switzerland: Informationen und Beratung zum Thema Transgender..*

# መርዓ ፡ ቤተ ሰብ፡ ቆልዑ





## መሰል ናጻ ምርጫ መጻምድቲ ሓዳር – ብጸቕጢ ዝፍጸም መርዓን ናይ ጸቕጢ ሓዳርን

ኣብ ስዊዘርልንድ መሰል ናጻ ምሕራይ መጻምድቲ ናብራ ኣሎ። ቤተ ሰባት ይኹኑ ካልኦት እምበኣር ብጸቅጢ ኣገዲዶም ከመርዕዉ ስልጣን የብሎምን። ከምዚ ዝበለ ጸቕጢ መሰረታዊ መሰል ወዲ ሰብን ፡ ፌደራላዊ ቅዋም ሕጊ ስዊዘርላንድን ስለ ዝግህስ ብሕጊ የቕጽዕ።

ኣብ ወጻኢ ይኹን ኣብ ውሽጢ ሃገር ብዘየገስ፣ ብምግዳድ ዝተኣትወ ኪዳን፣ ብሰበ ስልጣን ዘይሕጋዊ ተባሂሉ ክንጸግ ይከኣል።

## ዘቤታዊ ዓመጽ

ኣብ ስዊዘርላንድ ዘቤታዊ ዓመጽ ኣይፍቀድን። ብሕጊ ከኣ የቕጽዕ። ዘቤታዊ ዓመጽ ማለት ኣብ ቤተ ሰብ፣ ህልው ወይ ብፍትሕ ዝፈረሰ ናይ ምጽማድ ዝምድና ዝፍጸም ኣካላዊ፣ ስነ ኣእምራዊ ወይ ጾታዊ ዓመጽ እዩ። ግዱዓት ዘቤታዊ ዓመጽ ደገፍን ምኽርን ንዝወረደ ግብረ ዓመጽ ካብ ብስነ ኣእምሮ ምዕራይ ጀሚሩ ክሳብ ጉዳያት ሕጋዊ ስጉምትታት መረዳእታ ምሃብን ናይ ህጹጽ መጽለሊ ኣባይቲ ምርካብን ዝበጽሕ ሓገዝ ይግበረሎም። ፈጻምቲ ዓማጽን ዓመጽ ንኽፍጽሙ ቅሩባት ዝኾኑን፣ ዓመጽ ንምቁራጽ ወይውን ካብ ፈለምኡ ጠሪሶም ንኸይፍጽሙ ተኽእሎታት ንኽማዕብሉ ሓገዝ ይግበረሎም።

- ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ጉዳይት ግዱዓት ዓመጽ ሻፍሃውሰን *(Fachstelle für Gewaltbetroffene Schaffhausen FSGB):* ናይ ግዱዓት ኣገልግሎት ምኽሪ ን ኣንስቲ፣ ሰብኡት፣ ቆልዑን መንእሰያትን ብምኽንያት ግዱድ መርዓ፣ ግዱድ ሓዳርን ዘቤታዊ ዓመጽን
- ቤት ጽሕፈት ንጉዳያት ፈጻምቲ ዓምጽ ሻፍሃውሰን, *Konflikt.Gewalt:* ናጻን ስም ዘይቅልያን ኣገልግሎት ምኽሪ ንፈጻምቲ ዓማጽን ቅሩባት ምፍጻም ዓመጽን
- ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ግዱድ መርዓ *(Fachstelle Zwangsheirat)* ስዊዘርላንድ ፡ ንብግዱድ መርዓ ዝተጠቕዑ ሰባትን ኣብ ከባቢኦም ዝርከቡን ኣገልግሎት ምኽሪ ይህብን የሰንይን

# ቤተ ሰብን፡ ቆልዑን





## ናይ ቢተ ሰብ መደብን ምውላድ ቆልዓን

ምውላድ ቆልዓ ብዙሕ ለውጢታት የስዕብ። ኣብ ዞባ ሻፍሃውሰን ነዚ ለውጢታት እዚ ኣቕዲሞም ዘዳልውኹምን፣ ድሕሪ ምውላድ ኣስዒቦም ዘማኽርኹምን ዝተፈላለዩ ቀረባት ኣለዉ።

ዝኾነ ምውላድ ኣብ በርጌሳዊ ናይ ህዝቢ ምዝገባ ምምሕዳር ከተማ ሻፍሃውሰን ብምልክታ ክፍለጥ ይግባእ። እቲ ቆልዓ ኣብ ሕክምና እንተ ደኣ ተወሊዱ፡ እቲ ቤት ሕክምና ባዕሉ የመልክቶ እዩ። ኣብ ገዛ ንዝተወልዱ መሕረሲት ባዕላ ምልክታ ከተቕርብ ትግደድ።

መሕረሲት ካብ ጥንሲ ጀሚራ ክሳዕ ሕርስን ድሕሪኡን ሞያዊ ሓገዝ ትህብ።

- ከተማ ሻፍሃውሰን – በርጌሳዊ ቤት ጽሕፈት ምስናድ: ወረቐትን ሰነዳትን ብዛዕባ ምምዝጋብ ልደት
- ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ምኽሪ ብዛዕባ ምጽማድን ጥንስን *(Beratungsstelle für Partnerschaft und Schwangerschaft):* ናይ ምጽማድን መነባብሮን ኣገልግሎት ምኽሪ ከም ኡ'ውን ብዛዕባ ጥንሲ፣ ምውላድን ምክልኻል ጥንስን።
- ሆስፒታላት ሻፍሃውሰን: ንደቂ ኣንስትዮን መጻምድትን ኣብ ምድላው ምውላድ ይሕግዙ.
- ማሕበር መሕረስቲ ስዊዘርላንድ: ናይ ኢንተርነት መድረኽ ናይ ርእሰን ክኢለን ዝሰርሓ መሕረስቲ ዞባ ሻፍሃውሰን
- ናይ ሓበሬታ ወረቐት *«Für uns da»* ካንቶን ሻፍሃውሰን: ሓጺር ዝርዝር ኣስማት ኣገልግሎት ምኽሪ ንህጻናትን ቆልዑን ዘለዉዎም ወለዲ። እዚ ናይ ሓበሬታ ወረቐት ናብ ብዙሕ ቋንቋታት ዝተተርጎመ እዩ።

## ወለዲ ምኳን

ቆልዑ ምዕባይ ከቢድ ዕዮ እዩ፣ ወለዲ ኣብ ዕለታዊ ህይወቶም : „ንውላዶም እቲ ዝበለጸ ነገር እንታይ ኮን እዩ?“ እናበሉ ንነብሶም ይሕትቱ። ኣብ ሓድሽ ከባቢ ምንባር ንቤተ ሰባት ተወሳኺቲ ብድሆታት ይኾንዎም። ኣብዚ ምስ ካልኦት ወለዲ ተራኺቦም ተመኩሮታት ምቅይያር ጠቓሚ እዩ። ነቶም ምስ ክልኦት ወለዲ ተመኩሮታት ክቀያየሩ ዝደልዩ ወይ ምስ ውላዶም ክነጥፉ ንዝደልዩ ወለዲ ዝኸውን ብዙሕ ቀረባት ኣሎ። ገለ ካብቶም ቀረባት ብመደብ ደቂ ስዊዘርላንድን ወጻእተኛታትን ወለዲ ክራኸቡሎም ተባሂሎም ዝተዳለዉ እዮም። ብጀካ'ዚ ገለ ናይ ምምኻር ኣገልግሎት ቤት ጽሕፈታት ንወለዲ ብፍላይ ኣብ ሕቶታት መዕበያ፣ ምዕባለን ጥዕናን ዝሕግዙ እዮም።

- *wegweiser.sh* – ናይ ሻፍሃውሰን መድረኽ ሓበሬታ ንቖልዑ፣ መንእሰያትን ቤተ ሰባትን፡ ኣብ ናይ ኢንተርነት መድረኽ ቤት ጽሕፈታት ኣገልግሎት ምኽሪ፣ ኮርሳት፣ ናይ ትምህርቲ ኮርሳት ንወለዲ፣ ካልእን ምርካብ ይከኣል።

## መዕበያ፡ ትምህርቲ፡ ምዕባለ

ኣብ ስዊዘርላንድ ኣብተን ናይ መጀመርታ ኣርባዕተ ዓመታት ዕድመ ህጻን፡ ብመሰረታዊ መድሕን ዝሽፈን ናይ ሓኪም ሸሞንተ ናይ ቅድመ ሓልዮ መርመራታት ንምዕባለ ህጻን ይፍጸም።

ብተወሳኺ ኣማኸርቲ ኣዴታትን ኣቦታትን እውን ምኽሪ ንምሃብን ብግብሪ ንምድጋፍን ቅሩባት ይኾኑ። ብዛዕባ መዕበያን ምዕባለን ደቅኹምን ናይ በት ትምህርቲ ጸገማትን፡ ምስ ዝተፈላለዩ ምሳኹም ኮይኖም ፍትሓት ዘዳልዩኹም ኣማኸርቲ ክትዘራረቡ ትኽእሉ።

- *doktor.ch:* ናይ ህጻናት ቤት ሓካይም ኣብ ሻፍሃውሰን
- *Spitex Schaffhausen* – ናይ ኣደን ኣቦን ናይ ምኽሪ ኣገልግሎ፣ ኣብ ሕቶታት:ጥዕና፣ ምዕባለ፣ መዕበያ ናይ ውላድኮም (0-5) ዓመታት)
- Fቤት ጽሕፈት ጉዳያት ሕክምና *Heilpädagogik* ከምኡ'ውን *Logopädie* ኣብ ናይ ፈለማ ጀረጃ *(Fachstelle für Heilpädagogik und Logopädie im Frühbereich)* ሻፍሃውሰን: መረዳእታ፣ምኽርን ፍወሳን ንጸገማት ምዕባለ ወይ ጉድለት ዘለዎም ህጻናት ካብ ምውላዶም ክሳዕ ምጅማር መዋዕለ ህጻናት።
- *Spitäler Schaffhausen* – ናይ ህጻናትን መንእሰያትን ናይ ስነ ኣእምራዊ ሕክምና ኣገልግሎት *Kinder - und Jugendpsychiatrischer Dienst KJPD):* ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ጉዳይ ስነ ኣእምራዊ ምዕባለ ህጻናትን፣ መንእሰያትን ቤተ ሰባቶምን *Der KJPD* ንወለድን ሰብ ሞያን መግለጺታትን፣ ፍወሳን ምኽርን ይህብ።

# ቤተ ሰብን፡ ቆልዑን







- **ናይ ኣገልግሎት ክፍሊ** *Teddybär:*
ኣብ ሳፍሃውሰን ናይ ስነ ኣእምራዊ ኣገልግሎት ምክሪ ንወለድን ቆልዑን ኣብ ሕቶታት ምዕባለን መዕበያን።

- **ካንቶን ሻፍሃውሰን – ጉዳይ ትምህርቲ ምጽራይን ምምኻርን** *(Schulische Abklärung und Beratung SAB):* ምኽሪ ንመማህራንን ወለድን ብዛዕባ ናይ ምምሃርን ንጥፈትን ጸገማት ዘለዎም ቆልዑ፣ ብዛዕባ ፍሉይ ህያባት፣ምስ ካልኦት ዝምድና ናይ ምፍጣርን ናይ ተበጋስነት ጸገማት ወይ ጉድለታት ጠባይ ኣብ ማሕበረ ሰባዊ ርክባት ኣብ መዋዕለ ህጻናት ወይ ኣብ ቤት ትምህርቲ።

- **ካንቶን ሻፍሃውሰን - ቆልዑን መንእሰያትን** *(Kinder- und Jugenddienst KJD):* ምዕባለ ናይ ቆልዓ ወይ መንእሰይ ኣብ ሓደጋ እንተ ደኣ ኣቲዉ ዝወሃብ ምኽርን ደገፍን

- **ናይ ምኽሪ ኣገልግሎት ሻፍሃውሰን:** ኣብ ገዛ፣ ቤት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ሽግር እንተ ደኣ ሃልዩ፣ ቀረብ ምኽርን መሰነይታን ንኣብ መንጎ ናይ 12-24 ዓመታት ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያትን፣ ቤተ ሰቦምን፣ ወለዲ፣ መማህራንን መሰልጠንትን ይምልከት።

- *Pro Junior Schaffhausen/Thurgau:* ፍጻመታት ተዋድድ፣ ንቤተ ሰባትን ቆልዑን ከኣ ብግብሪ ትድግፍ።

- **ሓበሬታ ንወለዲ**
- ናይ ወለዲ መልእኽቲ *Pro Juventute:* ጠቓሚ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣመጋግባ፣ ክንክን፣ ምዕባለን ትምህርትን ኣብ ብዙሕ ቋንቋታት ዝተተርጎመ። ካብ *Mütter- und Väterberatung* ወይ ከኣ ካብ ኮምኩም ክትረኽብዋ ትኽእሉ።
- *Parentu:* እዛ ናይ ኮምፕዩተር መተግበሪት *(App)* ንወለዲ ብዝተፈላለዩ *15* ቋንቋታት ናይ ውላዶም ምዕባለ ካብ ልደቱ ጀሚሩ ክሳዕ *16* ዓመት ዝመልእ ትሕብር።

- **ናይ ቤተ ሰባት ማእከል ሻፍሃውሰን** *Familienzentrum am Kirchhofplatz* ኣዴታት፣ ኣቦታት፣ዓባያትን ኣቦሓጎታትን ኣለይቲ ቆልዑን ክራኸቡሉን ክላለዩሉን ዝኽእልሉ ቦታ እዩ። ኣብኡ መጻወቲ ዘለዎ ቢስትሮ *(Bistro)* ይርከብ፣ ኣዴታትን ኣቦታትን ዝመኽሩሉ መራከቢ *Infothek*፣ ከምኡ'ውን ኮርሳትን ምድላዋትን ክካየድሎም ዝከኣል ክፍልታት ይርከቡ።

- **ከተማ ሻፍሃውሰን – ፈለማ ህጻንነት :** ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ደገፍ ምፍላም ህጻንነት ንትምህርትን፣ምእላይን፣ መዕባያን ህጻናት ክሳዕ ምጅማር መዋዕለ ህጻናት ተገዲሱ ይዓይይ። እቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ ናይ ምእላይ ትካላት ጽቡቕ ናይ ቅድመ ኲነት ሓጼርን ልዑል ብልጫን ንኽህልው ይሰርሕ።
ኣብ ከተማ ኣብ ምፍላም ህጻንነት ደገፍ ዝሰርሑ ሰባትን ትካላትን ሓበሬታ ይህብን የተሓብብርን።

- **ኮም** *Neuhausen* **– ምፍላም ህጻንነት:** ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ደገፍ ካብ ምፍላም ህጻንነት ክሳዕ ሽዱሽተ ዓመት ዝዕድሚኦም ህጻናት ዘለዉዎም ቤተ ሰባት ብምኽሪ ይድግፍ። ኣብቲ ኮም ንዝርከብ ቀረባት ከኣ የተባብዕ። ብምድግጋም ንቤተ ሰባት መራኽብን ሰሙናዊ ናይ ወለድን ቆልዑን መዕለሊ *(Eltern-Kind-Café)* የዳልው። .

- **ምምዕባል ክፍለ ከተማ ሻፍሃውሰን ናይ ከተማ ሻፍሃውሰን ናይ ክፍለ ከተማ ምምዕባል ከተማ ሻፍሃውሰን** *Familienzentrum* ከም ኡውን ሓያሎ ካልኦት ናይ ክፍለ ከተማታት ምርኻብትን የካይድ።

- *Kinder- und Jugendkommission Thayngen – thayngen4kids:* ሓበሬታ ንቐረባት ቆልዑን፣ መእሰያትን ቤተ ሰባትን ኣብ Thayngen ን ከባቢኡን።

## መመላእታ ስድራዊ ምእላይን ትምህርትን

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ንቤተ ሰባት ከም መመላእታን ደገፍን ዝኾኑ ዝተፈላለዩ ቀረባት ይርከቡ።

እቲ ቀረባት ካብ ቤት ጽሕፈታት ኣገልግሎት ምኽሪ ጀሚሩ ክሳብ ኣገልግሎት መጽናሕቲ ህጻናት፣እግሪ ዘይተኸሉ ቆልዑን እኩባት ተጻወትትን መውዓልን መጻንሕን ህጻናትን ይበጽሕ። ነቲ ቀረባት ተጠቐሙሉ! ብእኡ ኣቢልኩም ንደቅኹም ምስ ካልኦት ቆልዑ ናይ ምርኻብ ቀዳማይ ዕድል ትህብዎም።ንዓኹም ከኣ ምስ ካልኦት ቤተ ሰባት ናይ ምልላይ ዕድል ይኾነኩም።

## ንናይ ቤተሰብ ምእላይ መመላእታን ካልእ ቀረባትን

ከም ተኽእሎታት መመላእታ ምእላይ ቆልዑ፡ ኣብ ሻፍሃውሰን፡ ቀረባት መውዓል ቆልዑ፡ *(KiTa)*፣ ናይ ተመሃሮ መጻንሕን፡ መምስሕን *(Schülerhorte)* ይርከቡ። ከከም ጠለብ፡ ቆልዑ ኣብኡ ወይ ምሉእ መዓልቲ ወይ ከኣ ብሰዓታት ዝተወሰነ ናይ ምእላይ ኣገልግሎት ይረኽቡ። ገለ ካብቲ ቀረባት ገንዘብ ዝኽፈሎ ኢዩ። ኣብ ገለ ኮማት እቶም ትካላት ይድጎሙዎ እዮም። ካብ ኮምኩም ብዛዕባ ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ቀረባትን ገንዘባዊ ሓገዛትን ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

- ካንቶን ሻፍሃውሰን፣ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ጉዳያት ስፖርት ቤተ ሰብን መንእሰያትን እቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ ርእሲ ዕማማት ናይ ቤተ ሰብን ተመሃሮን ምእላይ፣ ዝርዝር ናይ ቀረባት ኣለይቲ ትካላት ናይታ ኮም ይዝርግሕ።



- ከተማ ሻፍሃውሰን ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ምእላይ፡ መድረኽ ሓበሬታ ከተማ ሻፍሃውሰን ንመዋዕለ ህጻናት፣ ናይ ተመሃሮ መጻንሕን *(Schülerhorten)* ናይ መምስሒ ሰደቓን *(Mittagstischen)* ካልኦት ናይ ቆልዑ ምእላይ ቀረባትን
- *Zweidihei* – ማሕበር ምእላይ ቆልዑ፡ *für Kinderbetreuung:* ቀትሪ ዝኣልዩ ስድራ *(Tagesfamilien)*
- ቀይሕ መስቀል ሻፍሃውሰን *Rotes Kreuz Schaffhausen:* ናይ ምብራይ ቀረባት ንቤተ ሰባት *Entlastungsangebote für Familien,* መራኽብቲ መጽናሕቲ ቆልዑ *(Babysittervermittlung)*

## እኩባት መጻውቲ

ህጻናት ብሓባር ተኣኪቦም ቅድሚ ኣብ መዋእለ ህጻናት ምእታዎም እናተጻወቱ ቋንቋን ማሕበረ ሰባዊ ብቕዓትን ይለማመዱ። እኩባት መጻውቲ ኣብ ሰሙን ክልተ ግዜ ካብ ክልተ ክሳዕ ኣርባዕተ ሰዓታት ይራኸቡ። ናይ ሻፍሃውሰን ኣሃዱ እኩባት መጻውቲ ዝተፈላለየ ዓይነት እዩ። ኣብ ዱር ወይ እንዳ ሓረስቶት ዝራኸቡ፡ ወይ ከኣ ንቋንቋዊ ልምምድ ዝያዳ ኣቓልቦ ዝህቡ ኣለዉ።

- ናይ ሞያን ምርኻብን ቦታ ጉጅለ ተጻወትቲ ሻፍሃውሰን *(Fach- und Kontaktstelle Spielgruppen Schaffhausen):* ዝርዝር ኣስማት እኩባት መጻውትን ሓፈሻዊ ሓበሬታ ብዛዕባ እኩባት መጻውትን

## MuKi- / VaKi- / ElKi-Turnen)

ናይ ኣደ ምስ ቆልዓ፡ ወይ ናይ ኣቦ ምስ ቆልዓ ወይ ከኣ ወለዲ ምስ ቆልዓ፣ ወለዲ ምስ ንኣሽቱ ደቆም 3-5 ዓመት ዝዕድሚኦም ዝካፈልዎ ናይ ስፖርት ምድላዋት እዩ። ረብሓታት ጥዕናን ተንቀሳቓስነትን ከም ጸወታ ኮይኖም ይርከቡ።

## ምልምማድ ቋንቋ

ብዙሓት ወለዲ ብዛዕባ ውላዶም ኣብ ሓድሽ ከባቢኡ ኣየናይ ቋንቋ ምምሃር ከም ዝሕሾ ንምፍላጥ ይሸገሩ። ሕጂ ብዝተበጽሐ መጽናዕታዊ ፍልጥት ወለዲ ምስ ደቆም በቲ ባዕሎም ዝመልክዎ ቀዳማይ ናይ ኣደ ቋንቁኦም እንተ ተዛረቡ ከም ዝሓይሽ ተፈሊጡ ኣሎ።ምስኡ ብምትሕሓዝ ቁንቋ ናይ ሓድሽ ከበቢኦም ኣብ ምጽናዕ ንደቆም ንክኽሕግዙ ንኣብነት ንደቆም ምስ ካልኦት ቆልዑ ብምሕዋስን ኣብ እኩባት መጻውቲ ብምምዝጋብን ክሕግዝዎም ይኽእሉ።



- *Integres* – ክፍሊ፣ ጉዳይ ምውህሃድ ዞባ ሻፍሃውሰን፡ ብዛዕባ ዕለታዊ መነባብሮ ወጻእተኛታት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ደገፍ ቋንቋ ዝረኽቡሎም ቀረባት
- *migesplus.ch* – ንጥዕና ዝምልከት ናይ ኢንተርነት ኣፍደገ ናይ ዕድላት ማዕርነት: ምሳይ ተዛረብን፣ ንዓይ ስምዓንን *(Sprich mit mir und hör mir zu)* ናይ ወለዲ ወሃብ ምኽሪ፣ ምስ መበጋገሲ ሓሳባት፡ ቆልዑ ዘረባ ኣብ ምምሃር ከመይ ጌርካ ክድገፉ ከም ዝከኣክል። እቲ ጥራዝ ጠቓሚ ምምኽርታት ከም ንኣብነት ቆልዑ ክልተ ወይ ሰለስተ ቋንቋታት እናተማህሩ ክዓብዩ ከም ዝኽእሉ ዝሓዘ እዩ።. ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ዝተተርጎመ እዩ።
- ናይ ስዊዘርላንድ ትካል ንናይ ቆልዑን መንእሰያትን ኣቑሑ መራኸቢ ብዙሓን *(Schweizerisches Institut für Kinder- und Jugendmedien* SI-KJM)– ኣብ ቤተ ሰብ ምንባብ ምትብባዕ፡ ምኽሪ ንወለዲ ንቖልዑ ኣብ ምልምማድ ምዝራብን ምንባብን ከመይ ጌርካ ምድጋፍ ከም ዝከኣል። ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ዝተተርጎመ

## ቀረባት ንመንእሰያት

ካንቶን ሻፍሃውሰን ንድልየት መንእሰያት ከማልእ ይጽዕት። ሽማግለ መንእሰያት ንኮምን ማሕበራት መንእሰያትን የራኽብን ይድግፍን፡ ሓበሬታን ምኽርን እውን ይህብ።

ኣብ ከተማ ሻፍሃውሰን ተሓላቒ መንእሰያት ንመንእሰያት ምስ ማሕበረሰባዊ ጉዳያት ዝተተሓሓዘ ደገፉ ይህብ። ንመንእሰያት ተኽእሎታት ማሕበረሰበ ባህላዊ ምውህሃድን፡ ተሳትፎን ንምውሓስ ዝተፈላለየ ፕሮጀክትታት ኣብ ዝተፈላለየ ክፍለ ከተማታት የዳልው።

- ከተማ ሻፍሃውሰን - ጽምዶ መንእሰያት *(– Jugendarbeit)* : ጽምዶ መንእሰያት ኣብ ዝደጋገም እዋናት ኣብ ህዝቢ ዝርከበሉ ናይ ከተማ ቦታታት እናተረኽበ ቀረባት ብቐሊል ዝቃናዕ ናይ ምርኻብ ተኽእሎታት ይዝርግሕ። ቀረባትን፣ ፕሮግራማትን ፕሮጀክትታትን ናይ ጽምዶ መንእሰያት ኣብ ዕዉት ናይ ዕረፍቲ ግዜ ምድላዋትን ናይ ውልቀ ሰባት ምዕባለን የተኩር።
- ማሕበር ንሕቶታት መንእሰያት፣ ምክልካልን ሓገዝ ንውሉፋትን *(Verein für Jugendfragen, Prävention und Suchthilfe VJPS):* ክፍሊ ጉዳያት ሓለዋ ጥዕና፣ ምክልኻልን፣ ምኽሪ ንውሉፋትን
- ባይቶ መንእሰያት ሻፍሃውሰን: መድረኽ ንፖለቲካዊ ተሳትፎ መንእሰያት

# ቤት ትምህርቲ





## ስርዓት ትምህርቲ ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ቆልዑ ቅድም ኣብ መባእታዊ መድረኽ ይመሃሩ። (ክልተ ዓመት መዋዕለ ህጻናት፣ ሽዱሽተ ዓመታት ከኣ መባእታ ቤት ትምህርቲ) ብድሕሪኡ ከኣ ካልኣይ መድረኽ ሓደ (Sekundarstufe I) (Realschule ወይ ከኣ Sekundarschule). ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ መድረኽ፣ካልኣይ ክፋል ትምህርቲ ብናጻ ኢዩ። ካብ ካልኣይ ክፋል ካልኣይ ደረጃ ጀሚሩ ኩሉ ኣቑሑ ትምህርቲ ዋጋ ዝኽፈሎ እዩ።

## ግዴታዊ ግዜ ትምህርቲ።

እንተ ቐልጥፈ ድሕሪ ምምላእ ራብዓይ ዓመት ዕድመ ኣብ መዋዕለ ህጻናት ምኻድ ይጅመር። ኣብ መዋዕለ ህጻናት ብፍላይ ንእናተጻወትካ ምምሃር፡ ማሕበረ ሰባዊ ርክባትን ልምምድ ቋንቋን ዝዓበየ ኣድህቦ ይወሃቦ። መባእታዊ ትምህርቲ ካብ ምምላእ ሻድሻይ ዓመት ዕድመ ጀሚሩ ከም ልሙድ ንሽዱሽተ ዓመትታት ይጸንሕ። ብድሕሪኡ ኸኣ ናብ ማእከላይ ወይ ከኣ ናብ ቀዳማይ ክፋል ካልኣይ ደረጃ ይእተው። ስንክልና ዘለዎም ቆልዑ፡ ወይ ናብ ፍሉይ በት ትምህርቲ ይኣትዉ ወይ ከኣ ናብ ስሩዕ በት ትምህርቲ ይወሃሃዱ።

## ጥምረታዊ ስራሕ በት ትምህርትን ወለድን

ወለዲ ንደቆም ኣብ ትምህርትን መዕበያን ቀዳሞት ተጸዋዕቲ እዮም። ደቆም ከምህሩ፡ ደቆም ናብ ቤት ትምህርቲ ምውፋሮምን ንስሩዕ መደብ ትምህርቲ ይከታተሉ ምህላዎም ክቆጻጸሩን ሓላፍነቶም ኢዩ። ደቆም ዕዮ ቤት ይሰርሑ ምህላዎም ክቆጻጸሩን ዕዮኦም ክፍጽሙ ዘኽእሎም ኩሉ ክቕርቡሎምን እውን ሓላፍነቶም እዩ። ጥምረት ስራሕ ኣብ መንጎ ወለድን መማህራንን ኣብ ስዊዘርላንድ ዓቢ ግምት ይወሃቦ። ቤት ትምህርቲ ንወለዲ ናብ ናይ ወለዲ ምሸታትን ምክሪ ንምውህሃብን ኣዘውቲሩ ይዕድም። ደቆም ኣብ ትምህርቶም ክዕወቱን፡ ኣብ ጸገማት ምፍታሕን፡ ኣብ ምምራጽ ሞያ ሓባራዊ ፍትሓት ኣብ ምርካብን ተሳታፍነት ወለዲ ኣብ ትምህርቲ ኣገዳሲ እዩ።

► ካንቶን ሻፍሃውሰን ክፍሊ ትምህርቲ፡ሓበሬታታት ብዛዕባ ጉዳያት ትምህርቲ ብዛዕባስ ጭቡጥ ሕቶታት ቤት ትምህርቲ ውላድኩም ምስ ናይ ትነርሩሉ ኮም ተዘራረቡ።

| ግዴታዊ ትምህርቲ | | | | |
|---|---|---|---|---|
| ቅድመ ትምህርታዊ ልምምድ | መባእታዊ ደረጃ | ካልኣይ ደረጃ፡ ቀዳማይ ክፋል | ካልኣይ ደረጃ፡ ካልኣይ ክፋል | ሳልሳይ ደረጃ |
| መዋዕለ ህጻናት | መባታዊ ትምህርቲ | ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ፡ | ማእከላይ ቤት ትምህርቲ (ካንቶናዊ) ኢደ ጥበባዊ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ፡ ሞያዊ ቤት ትምህርቲ፡ ናይ ሞያ ምስክር ብቕዓት ፡ ዩኒቬርሲቲ፡ „ኤ ተ ሃ፡“ | ኢደ ጥበባዊ ልዑል ቤት ትምህርቲ፡ ዝለዓለ ኢደ ጥበባዊ ቤት ትምህርቲ |
| 2 ዓመት | 6 ዓመት | 2-3 ዓመት | 2-4 ዓመት | 2-6 ዓመት |





## ጀርመንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋን (DAZ) ናይ መእተዊ ክፍልታት ንተዛረብቲ ናይ ወጻኢ ቋንቋታትን (EFF)

ውላድኩም ትሑት ወይ ብዘይ ገለ ፍልጠት ጀርመንኛ ናብ ቤት ትምህርቲ እንተ ኣተወ፡ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለየ መልክዓት ዘለዎ ደገፋት ሒዛ ትጽበዮ። ንዕኡ ዝበቅዕ ፍታሕ ከኣ ብመማህራንን ብ DaZ ተጸኒዑ ይወሃቦ፣

ብቐዳምነት ቆልዑ ኣብ ስሩዕ ክፍሊታት ይጽምበሩ እሞ ተወሳኺ ትምህርቲ ቋንቋ ከኣ ይወሃቦም። ገለ ኮማት ቀረብ ናይ መእተዊ ክፍልታት ንተዛረብቲ ናይ ወጻኢ ቋንቋታት (EfF). ኣለወን

► ካንቶን ሻፍሃውሰን – *Schulportal:* ጀርመንኛ ከም ካልኣይ ቋንቋ: ሓበሬታታት ብዛዕባ ቀዳማይን ቀጻላይን ደገፋትን ንናይ ካልእ ቋንቋታት ተዛረብቲ ቆልዑ ኣብ ስሩዕ ቤት ትምህርቲ

## ትምህርቲ ብናይ ገዛእ ሃገር ቋንቋን ባህልን (HSK )

ቀዳማይ ቋንቋኦም ኣጽርዮም ዝፈልጡ ተዛረብቲ ናይ ወጻኢ ቋንቋታት ቆልዑ፣ ካልኣት ቋንቋታት ንኽመሃሩ ይቐለሎም። ስለዚ ከኣ ዝተፈላለዩ ቆንስላትን ውልቃውያን ሓገዝትን ንደቂ ወጻኢ ህጻናት ናይ ዓዶም ቋንቋን ባህልን ክመሃሩ ይድግፉ። መብዛሕትኡ ትምህርቲ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ይጅምር። ገለ ሓገዝቲ ከኣ ካብኡ ኣቐዲሞም ይጅምሩ። ምልክታ ብህዝባዊ ቤት ትምህርቲ ኣቢሉ ይፍጸም፡፡ *HSK*- ነጥቢ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሚስተር ኣብ ናይ ትምህርቲ ወረቐት ምስክር ክምዝገብ ይከኣል።

► ካንቶን ሻፍሃውሰን ናይ ትምህርቲ ኣፍደገ ኢንተርነት– *Schulportal:* ናይ ገዛእ ሃገር ቋንቋን ባህልን ፡ ሓበሬታ ንናይ HSK ትምህርን ናይ ግዜኡ ዝወሃብ ኮርሳትን

## ብሕታውያን ቤት ትምህርቲታት

ኣብ ሻፍሃውሰን ገለ ብሕታውያን ቤት ትምህርቲታት ናይ ፍሉይ ስርዓት ትምህርቲ ቀረብ ኣለወን፡ ዓለም ለኻዊት በት ትምህርቲ ሻፍሃውሰን ISSH International School of Schaffhausen ISSH ብመሰረት ዓለም ለኻዊ ስርዓት ትምህርቲ ውድብ ባካላውረኣት (IBO International Baccalaureate Organization (IBO); ትምህርቲ ብቋንቋ እንግሊዝ ይወሃብ።

Waldorfschule ብመሰረት ስርዓት ትምህርቲ ቫልዶርፍ Waldorf ትምህርቲ ይህብ። ሽታት ራንድ ሹለ (Stadtrandschule) ናይ ካብ 1 ክሳዕ 9 ዓመት ዝዕድሚኦም ናይ ምሉእ መዓልቲ ቤት ትምህርቲ እያ። ማሕበር Waldläufer ኣብ Neuhauser Wald መሰረታዊ ትምህርቲ (ካብ መዋዕለ ህጻናት ክሳዕ 2. ክፍሊ) ይህብ፣ ኣብ Hallau ካብ 1. ክሳዕ 6. ክፍሊ Tandemschule ኣሎ።

► *International School of Schaffhausen* ኩሉ መድረኻት ካብ 3.ዓማት ዕድመ ክሳዕ *International School of Schaffhausen*

► *Waldorfschule* ሻፍሃውሰንን መዋዕለ ህጻናትን ካብ 1. ክሳዕ 5. ክፍሊ ናይ መዋዕለ ህጻናት ናይ ጸወታ ጉጅለን *( Kindergarten, Spielgruppe)* ጉጅለ ወለድን ቆልዓን *(Eltern-Kind Gruppe)*

► *Stadtrandschule* ሻፍሃውሰን :
ናይ ምሉእ መዓልቲ ቤት ትምህርቲ ካብ 1. ካስዕ 9. ክፍሊ።

► ናይ ባህርይን ትምህርትን ማእከል *Waldläufer:*
እቲ ማሕበር ንናይ ባህርየ-ትምህርታዊ ቀረባት ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ይነጥፍ።

► *Tandemschule:*
ንእሽቶ ናይ ብሕቲ ክርስትያናዊት ቤት ትምህርቲ ኣብ *Hallau.*

# ስልጠናን ልዑል ትምህርትን






## ቀጻሊ ትምህርትን ሞያዊ ትምህርቲ ካልኣይ ክፋል ካልኣይ ደረጃን

መንእሰያት ድሕሪ ምዝዛም ግዴታዊ ትምህርቲ፡ ኣብ ቀጻሊ ትምህርቲ ወይ ከኣ ሞያዊ ትምህርቲ ክኣትዉ ይኽእሉ።መብዛሕትኦም ተመሃሮ ስዊዘርላንድ ኣብ ሞያዊ ትምህርቲ ይኣትዉ።

መሰረታዊ ሞያዊ ትምህርቲ ኣብ ሞያዊ ዓውዲ ስራሕ ንምስታፍ ዘኽእል ፍልጠትን ዓቕምን ንምርካብ የብቕዕ። ኣብ ስዊዘርላንድ እቲ ክልተኣዊ ስርዓት ትምህርቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኣገባብ ትምህርቲ ይዝውተር። እዚ ማለት ከኣ ጎነ ጎኒ ዝኸይድ ተግባራዊ ስልጠና ኣብ ኣፍረይቲ ትካላትን ቲዮረቲካዊ ተሳትፎ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሞያን ምውሳድ ማለት እዩ። ዳርጋ 70% መንእሰያት ጉዕዞ ሞያዊ ህይወቶም ብኸምዚ ዝበለ ኣገባብ ይፍልምዎ። ቅድመኩነት ምስ ዋና ትካል ስራሕ ዝግበር ናይ ስልጠና ውዕል እዩ።

ብመሰረቱ ክልተ ዓይነታት ሞያዊ መሰረተ ትምህርቲ ኣለዉ።

**1. Fähigkeitszeugnis** (ወረቐት ምስክር ብቕዓት፡ እዚ ናይ ሰለስት ወይ ኣርባዕተ ዓመታት መሰረተ ትምህርቲ ብፈተና ብቅዓት ሞያ (Lehrabschlussprüfung) ይድምደም። እዚ ፈደራላዊ ናይ ክእለት ምስክር ምስታፍን ዓወትን መደምደምታ መርመራ ሓፈሻዊ ትምህርቲ ተወሲኽዎ ናብ ምስክር ሞያዊ ብቕዓት (Berufsmaturität) ይዓርግ።

**2. Berufsattest:** ናይ ክልተ ዓመት መሰረት ትምህርቲ ብመርመራ ተዛዚሙ ምስክር ናይ ፌደራላዊ መረጋገጺ ሞያ (eidgenössischen Berufsattest) የውህብ፡ ኣብ ቀረባት ንተግባራዊ ተውህቦ ዘለዎም ተመሃርቲ ከኣ ዝያዳ ጠቓምነት ኣለዎ።

ጎኒ ጎኒ ስልጠና ወይ ከኣ ድሕሪ ምውዳእ ስልጠና Berufsmatura ክውዳእ ይከኣል Die Berufsmaturität ናብ Fachhochschulen (ልዑል ተግባራዊ ትምህርቲ) ንምእታው የብቕዕ።

ኣብ ዩኒቬርሲቲ ንምእታው ንናይ Kantonsschule (Gymnasium) (ካንቶናዊ ጂምናዝዩም) ናይ መድምደም ትምህርቲ መርመራ Matura ምሕላፍ የድልይ።

Die Fachmittelschule (ናይ ሞያ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ) ድሕሪ ናይ ሰልስተ ዓመት ሓፈሻዊ ትምህርትን ናይ ሓደ ዓመት ተግባራዊ ልምምድን ፈጺምካ ናይ Fachmaturitätsabschluss ሓሊፍካ ምስ ተዓወትካ ኣብ ልዑል ናይ ሞያ ቤት ትምህርቲ ንምእታው የብቕዕ

ምውዳእ Handelsmittelschule ምስ kaufmännischen Berufsmaturität. ተሓዊሱ Kaufmann/Kauffrau EFZ ንምዃን የብቕዕ።


- ካንቶን ሻፍሃውሰን ኣገልግሎት ሞያዊ ስልጠናን ናይ ሞያ ምኽርን ሓበሬታን ምኽርን ብዛዕባ ሞያዊ ስልጠናን ቀጻሊ ስልጠናን ። ሓገዝ ኣብ ሕቶታት ስልጠናን ቀጻሊ ስልጠናን። ሓገዛት ኣብ ጉዳይ ናይ ስልጠና ትካልን ናይ ስልጠና ርክባትን።
- *Kantonsschule Schaffhausen*
  ናይ ካንቶን ሻፍሃውሰን ቤት ትምህርቲ *Maturität* ብኽልተ ቋንቋታት ናይ ምውዳእ ተኽእሎታት ትቕርብ።(ጅርመን-እንግልዝ / ጀርመን-ፈረንሳየኛ).

## ልዑል ትምህርቲ፡ ሳልሳይ ደረጃ

ስዊዘርላንድ ሃብታም ቀረብ ትምህርቲ ኣለዋ። ልዑል ትምህርቲ ድሕሪ ሞያዊ ትምህርቲ ምውዳእ ወይ ከኣ ድሕሪ ጂምናዝዩም ገንዘብ ይኽፈሎ እዩ።

(ዩኒቨርሲቲ፡ ፈደራላዊ ተክኒካዊ ሞያዊ ልዑል ትምህርቲ፡ ስነ ትምህርታዊ ልዑል ትምህርቲ፡ ሞያዊ ልዑል ትምህርቲ፡ ልዑል ሞያዊ ቤት ትምህርቲ)

- *Berufsberatung.ch:* ኩሉ ሓበሬታታት ብዛዕባ ልዑል ትምህርቲ
- *Perspektiven-Studium:* መድረኽ ሓበሬታታትን ፕሮጀክትታትን ብዛዕባ ምእታው ናብ ልዑል ትምህርቲ ንስደተኛታት።





## ሓበሬታን ምኽርን ብዛዕባ ምርጫ ሞያን ምቕጻል ትምህርትን

ማእከል ሞያዊ ሓበሬታ (BIZ) ንተቐማጦ ሻፍሃውሰን ንሓበሬታን ንምርጫ ሞያን፡ምርጫ ልዑል ትምህርትን ቀጻሊ ጉዕዞ ስራሕን ቀጻሊ ተክእሎታት ስልጠናን ኩሉሳዕ ቅሩብ እዩ። ኣብ መርበብ ኢንተርነት BIZ ወይ ውን ብኣካል ኣብ ጎደና am Herrenacker 9 መጺእኩም ብዛዕባ መልክዕ ዝተፈላለዩ ሞያታት መረዳእታ ክትእክቡ ትኽእሉ። ብዘይ ቆጸራ መጺእኩም ምኽሪ ክትወስዱ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ንቐጻሊ ሕቶታት ከኣ ቆጸራ ምግባር ይከኣል።

ካብ ኣገልግሎት ምኽሪ ዓሚላት ተገዳስነቶምን ዓቕሚታቶምን ክለልዩን ንተኽእሎታት ሞያታት ሓሳባት ከማዕብሉን ይኽእሉ።

ዕድመኦም ክሳዕ 20 ንዝኾነ መንእሰያት ተቐማጦ ሻፍሃውሰን ብመሰረቱ ምኽሪ ብናጻ ይወሃቦም። ንኹሎም ተቀማጦ ሻፍሃውሰን ናይ ሞያዊ ህይወት መደብ ምኽሪ ምሃብ ክፉት እዩ። ናይተን ቀዳሞት ሰለስተ ቆጸራታት ምምኻር ነፍሲ ወከፍ ሰዓት ብናጻ እየን ዝወሃባ። ቀጻሊ ኣገልግሎት ምኽሪ ግን ዋጋ ይኽፈሎ።

► ማእከል ሓበሬታ ሞያ ሻፍሃውሰን *(Berufsinformationszentrum BIZ):* ናይ ሞያን-፣ ልዑል ትምህርትን፣ ታሪኽ ህይወትን ፣ ኣገልግሎት ምኽሪ ። ብዛዕባ ትምህርትን ሞያዊ ስልጠናን ዝምልከት ኩሉ ሕቶታት።

## ናይ ምስግጋር ቀረባት

ንናይ ግዴታ ትምህርቲ ምስ ወድአ፡ ትኽ ኢሉ ሞያዊ መሰረተ ትምህርቲ፡ ወይ ቀጻሊ ትምህርቲ ዘይረኻበ፡ ብቐረብ ድንድል (Brückenangebot) ክጥቀም ይኽእል። ናይ ሞያ ሓበሬታ ማእከል (BIZ) ብዛዕባ ክትገብርዎ ትኽእሉ ቅኑዕ ምርጫ ተማኺረኩም። ማእከል ሞያዊ ስልጠና (BIZ) ሻፍሃውሰን ኣብ ዓመት ሞያዊ ምድላው ዝተፈላለየ ሞዴላት ስልጠና ትቕርብ። ኣብ ግዴታዊ ትምህርቲ ንዘይተኻፈሉ ወይ ኣብ ስዊዘርላንድ ጥራይ ቁሩብ ንዝተኻፈሉ ደንጉዮም ንዝኣተዉ መንእሰያትን ዓበይትን ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ዝተቐረበ ክልተ ዝጽፍሑ ትምህርቲ ኣሎ። ፣

እቲ ቀዳማይ መድረኽ ናብ ናይ ስልጠና ሞያ ዘተኮረ፣ ናይ ምውህሃድ ኮርሳት BBZ. ዘሰጋግር ፕሮግራም መሰረታዊ ትምህርቲ JUMA ናይ SAH Schaffhausen እዩ። እቲ ናይ ምውህሃድ ኮርሳት ወይ ከም ናይ ምሉእ መዓልቲ ዕማም ወይ ከኣ ከም ቅድመ ምውህሃድ ስልጠና (Integrationsvorlehre) መሰነይታ ስራሕ ፣ ልምምድ ዝተሓወሶ ትምህርቲ ኮይኑ ይካየድ። ዕላማ ናይ'ዚ ቀረብ'ዚ ኣብ ስዊዘርላንድ መሰረታዊ ሞያዊ ስልጠና ንምጅማር ንምብቃዕ እዩ።

► ናይ ሞያ ትምህርቲ ማእከል ናይ ካንቶን ሻፍሃውሰን *(Berufsbildungszentrum BBZ):* ሓበሬታ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ቀረባት ናይ ሞያዊ ምቅርራባት ዓመት ብፍላይ ንናይ *BBZ* ናይ ምውህሃድ ኮርስ ንወጻእተኛታት መንእሰያት

► ምትሕግጋዝ ሰራሕተኛታት ስዊዘርላንድ *(Schweizerischen Arbeiterhilfswerks SAH): JUMA-B Kurs* -ንካብ 15 ክሳዕ 25 ዓመት ዝዕድሚኦም መንእሰያት ከም ኡ'ውን ሓያሎ ናይ ትምህርትን ናይ ደገፍትን ቀረባት ንማሕበረሰባውን ሞያውን ምውህሃድ

► *Integrationsvorlehre INVOL: Integrationsvorlehre* ንተፈላጥነት ዝረኸቡ ሓተቲ ዑቕባ፣ ግዝያዊ ተቐባልነት ዝረኸቡ፣ ካብ *EU/EFTA-* ከም ኡውን ሳልሳይ ሃገራትን ደንጉዮም ዝፈለሱን፣ ከም ኡውን *Schutzstatus S* ዘለዎም ኣብ ስዊዘርላንድ ናይ ሞያ ስልጠና ክገብሩ ድልየት ዘለዎምን ይግደስ።

► *START! Studium:* እዚ ናይ ምውህሃድ ቅድመ ትምህርቲ፣ ኣብ ዮኒቨርሲቲ ዝዩሪሽ *(Zürich)* ናይ ክልተ ሰሚስተር ቀረብ ትምህርቲ ንናብ ዩኒቨርስቲ ኣትዮም ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም ተባሂሎም ዝሕሰቡ ዑቕበኛታት ዝወሃብ እዩ። ኣብቲ መደብ፣ ተመሃሮ ኣብ ብቕዓት ቋንቋን ሞያን፣ ኣዋድዳን ናይ ዩኒቨርሲቲ ስዊዘርላንድ ዝጠልቦ ደረጃ ንምብጻሕ ይዳለዉ።





## ሕክምናዊ ረዲኤት

ኣብ ስውዘርላንድ መብዛሕትኦም ሰባት ኣብ ሕቶ ጉዳያት ጥዕና ቀዳማይ ኣማኻሪ ዝኾኖም ናይ ቤተሰብ ሓኪም ኣለዎም። ሻፍሃውሰን ክልተ ሆስፒታላት ኣለዉዋ። ናይ ህዝቢ ቤት ሕክምናን ብሕታዊት ክሊኒክ Belair ን ናብ ሆስቲታል ብመምርሒ ሓኪም ቤተሰብ ኣቢልካ እዩ ዝእተው። ኣብ ወጻኢ እዋን ስራሕ ኣብ ህጹጽ ኩነታት ከኣ ናብ ናይ ህጹጽ ኣገልግሎት ሕክምና ወይ ከኣ ናብ ናይ ካንቶን ህጹጽ መቐበል ሕሙማት ክኽየድ ይከኣል።

- ማሕበር ሓካይም፣ ሻፍሃውሰን፡ ርክባት ምስ ኣብ ሻፍሃውሰን ዝርከቡ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ሓካይምን ካልእ ንጥፈታትን
- ማሕበር ሓካይም ቤተ ሰባት *(Hausarztverein)* ሻፍሃውሰን: ርክባት ምስ ኣብቲ ዞባ ርከቡ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ሓካይም።
- ሆስፒታላት ኣብ ሻፍሃኡሰን ኣብ‘ዚ መርበብ‘ዚ ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ *Kantonsspital* ናይ ጥዕናዊ ምጽጋንን ናይ መሰጋገሪ ክንክንን) ናይ ስነኣእምሮ ሕክምና ማእከል *Breitenau* ከም ኡውን ናይ ቆልዑን መንእሰያትን ስነ ኣእምራዊ ሕክምና ይርከብ።
- ናይ ብሕቲ ክሊኒክ *Belair* ሻፍሃውሰን፡ናይ ብሕቲ ክሊኒክ ኣብ ናይ ነበርቲ ክፍለ ከተማ *Breite*

## ሕክምናዊ ህጹጽ ረድኤት

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ዕዮ ናይ ተመላለስቲ ሕክምናዊ ህጹጽ ረዲኤት ብሓካይም ወነንቲ ርእሰን ዝሽኣላ ኣገልግሎት ሕክምና ይፍጸም። ኣብ ንቡር ሰዓታት ስራሕ ንህጹጽ ረዲኤት ካብ ሓኪም ቤተ ሰብ ተወከሱ። እንተዘይረኽብክዎም ኣብ ኣገልግሎት ናይ ዝህልዉ ዝትክእዎም ሓኻይም ቁጽሪ ስልኪ ክንገረኩም እዩ።

ኣብ ወጻኢ ሰዓታት ስራሕ፡ ሕክምናዊ ረዲኤት ካብ ኣገልገልቲ ህጹጽ ረዲኤት ካንቶናዊ ሆስፒታል ሻፍሃውሰን ሕተቱ።

ምሸትን ቀዳመ ሰንበትን ብሓልዮት ናይ ቤተ ሰባት ሓካይም ናይቲ ዞባ ንምሉእ መዓልቲ ይካየድ።

ክፍሊ ህጹጽ ረዲኤት ኣብ ናይ ካንቶን ሆስፒታል ለይትን መዓልትን ፣

ን 365 መዓልታት ኣብ ዓመት ክፉት እዩ።

- ህጹጽ ኩነት ከጋጥም ከሎ እንታይ ይገበር፡ ቴለፎን ቁጽሪ *052 634 34 00* ምስ ደወልኩም ናብ ዝጠዓመ ህጹጽ ኣገክግሎት ሕክምና ክትምርሑ ኢኹም። እዚ ኣብ ኣገልግሎት ዝርከብ ናይ ቤተ ሰብ ሓኪም፣ ኣብ እዋን ቀትሪ ናብ ናይ ህጹጽ ኣገልግሎት ብሕታዊ ሓኪም ወይ ከኣ መደበር ህጹጽ ሕክምና ክኸውን ክኸውን ይኽእል። ናይ ሞት ስግኣት ዘለዎ ህጹጽ ኩነት ብዝምልከት ብኽብረትኩም ቁጽሪ ስልኪ 144 ደውሉ።
- ክፍሊ ጉዳይት ምጽራይን ምውሳድ ስጉምትን ኣብ ኩነታት ቅልውላው *(Abklärungs- und Kriseninterventionsstelle KiSH)* ክፍሊ ጉዳይት ምጽራይን ምውሳድ ስጉምትን ኣብ ኩነታት ቅልውላው *(KiSH)* ቀረብ ናይ ስነ ኣእምራዊ ኣገልግሎት እዩ። ኣብ *Psychiatrie-zentrum Breitenau* ድማ ይርከብ። ኣብ መንጎ *24* ን *48* ን ሰዓታት ከኣ ናይ ቅልውላው ጸገም ንዘለዎም ስሉጥ ናይ ዝርርብ ቆጸራ ይህብ፣. ቁጽሪ ስልኪ. *052 634 72 75* (ካብ ሰዓት *17.00* ምሸት ክሳዕ ሰኦኣት *8.00* ንጉሆን ቀዳመ ሰንበትን: ቁጽሪ ስልኪ. *052 634 34 34.)*

## ናይ ጥዕናን ሓደጋን መድሕን

ካብ ወጻኢ ሃገር ድሕሪ ምምጻእኩም ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ወርሒ ውዕል መድሕን ሕክምናን ሓደጋን ክትኣትዉ ትግደዱ። ካብ ካልእ ኮም ዝገዓዝኩም እንተ ደኣ ኳንኩም ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልታት ናብ ትነብሩሉ ሓድሽ ኮም ናይ መድሕንኩም ካርድ ኣቕርቡ።

ትካላት መድሕን ሕክምና ኣብ መሰረታዊ ጽፍሒ መድሕን ክቕበላኹም ብሕጊ ግዱዳት እየን።

ስራሕ ዘለዎም ሰባት ብመሰረቱ ናይ ሓደጋ መድሕን ኣለዎም።- ድርብ ናይ መድሕን ውዕል ከይትኣትዉ ተጠንቀቑ። መሰረታዊ መድሕን ንወጻኢታት ሕክምና ናይ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ኣብ መዝገብ ሆስፒታላት ሻፍሃውሰንን ዝርከቡ ይሽፍን። ሓደ ክፉል ናይቲ ወጻኢታትግን ከከም መሰል መራጽነትን መጠን ርእሰ ተኻፋልነትን ብተጠቃሚ ይሽፈን።

መንግስቲ ኣብ ክፍሊት መድሕን ትሑት እትዋት ንዘለዎም ቤተሰባት ሓገዛት ይገብር። ማሕበረሰባዊ መድሕን ካንቶን ሻፍሃውሰን ነዚ ናይ ደገፍ ክፍሊት ምልክታታት የመስርሕ።

ተጠቃሚ ኣብ ርእሲ እቲ መሰረታዊ መድሕን ካልእ ከም መሰል ብሕታዊ መደቀሲ ኣብ ሆስፒታል ዘውህብ ተወሳኺ መድሕን ክወዓዓል ይኽእል።






- *ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ንጉዳያት ጥዕና (Bundesamt für Gesundheit BAG):* ሓበሬታ ብዛዕባ ጥዕና መድሕንን ካልእን
- ቤት ጽሕፈዝ ጒዳያት ማሕበረሰባዊ መድሕን (Sozialversicherungsamt SVA) ሻፍሃውሰን: ናይ ጥዕና ቀጥዒታትሓበሬታ ብዛዕባ ምሕሳር ኣስተዋጽኦታትን ሓበሬታ ብዛዕባ ማሕበረ ሰባዊ መድሕናትን
- *ፌደራላዊ ቤት ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና (Bundesamt für Gesundheit BAG) – Priminfo:* ምንጽጻር ትካላት መድሕናት ጥዕና ንመሰረታዊ መድሕን ጥዕና
- *migesplus.ch* – ሓባሪ ጥዕና ስዊዘርላንድ: ኩሉ ንጥዕና ዝምልከት ጉዳያት ዝሓዘ፣ ናብ ብዙሓት ቋንቋታት ዝተተርጎመ ናይ ጥዕና ጥራዝ ሓበሬታ

## ክንክን ስኒ

ሕክምና ስኒ ብጀካ ኣብ ገለ ዘይልሙድ ኣሰራርሓ ብመሰረታዊ ናይ ግዴታ መድሕን ዝሸፈን ኣይኮነን፡፡ ስለዚውን መብዛሕትኡ ወጻኢታት ንሕክምና ስኒ ባዕሉ ተሓካማይ ዝሸፍኖ እዩ። ንህጻናት ሓደ ፍሉይ ውዕል መድሕን ክንክን ስኒ ክእተው ይከኣል እዩ።

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ህጻናትን መንእሰያትን ኣብ ናይ ቤት ትምህርቶም ቤት ሕክምና ስኒ ኣገልግሎት ክረኽቡ ይኽእሉ። ናይ ቤት ትምህርቲ ሕክምና ስኒ፣ ኣብ ዓዓመት ንቐልዑ መዋዕለ ህጻናትን ተመሃሮ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ናይ ስኒ መርመራታት ይገብረሎም። እቲ መርመራ ገንዘብ ዘይክፈሎን ግዴታውን እዩ። ካልእ ዝግበር መመላእታ ኣገልግሎት ብሳላ ካንቶናዊ ድጎማ ሕሱር እዩ። ናይ ምክልኻል ሓደጋ ጥዕና ሰብ ሞያ ኣብ ዓመት ሓደ ግዜ ንቆልዑ መዋዕለ ህጻናትን ተመሃሮን መርመራ የካይዱሎም።እቲ መርመራ ናጻን ግዴታውን እዩ። ወጻኢታት ኣገልግሎት ብካንቶን ዝሸፈኑ ስለ ዝኾኑ ብትሑት ዋጋ ክቐረቡ ይኽእሉ።

ኣባላት ምክልኻል ጥዕና ናብ መዋዕለ ህጻናት፣ መባእታ ቤት ትምህርቲታት፣ ናይ ምድላዋት ቤት ትምህርቲታትን፡ ቤት ትምህርትታትን እናዞሩ ንህጻናት ብዛዕባ ጥዕናዊ ጽርየት ኣፍን፡ ቅኑዕ ኣመጋግባን ኣስተምህሮታት ይህቡ።

- ናይ ቤት ትምህርቲ ናይ ስኒ ክሊኒክ ሻፍሃውሰን : ኣብ ርእሲ መርመራታትን ሕክምናታትን ምኽሪ ብዛዕባ ክንክን ስኒ።

## ደገፍን ክንክንን ኣብ ካንቶን ሻፍሃወስን

ሕዱር ሕማምን ስንክልናን፡ ኣብ ርእሲ ቃንዛ ኣካላት ካልእ ጸገማት እውን ኣብ ዕለታዊ ናብራ የስዕቡ እዮም። ንሽማግለታት እውን ሓደስቲ ብድሆታት የጋጥምዎም። ኣብ ርእሲ ዘቤታዊ ክንክንን ደገፍን ኣብያተ ኣረጋውያን፡ክንክንን ናይ ኣረጋውያን እውን ኣለዉ።

ኣብ ሻፍሃውሰን ኣብያተ ምኽሪ ከም ከም Pro Senectute ወይ Pro Infirmis እውን ኣለዉ። ወይ ናይ ደገፍ ኣገልግሎታት ክም Spitex ወይ

ቀይሕ መስቀልን ዝኣመሰሉ ኣብ ክንክንን ዕለታዊ ዕዮታት ደገፎም ዘወፍዩ ናይ ምኽሪ ትካላት እውን ኣለዉ።

- *Pro Senectute Kanton Schaffhausen:* ዝተፈላለዩ ቀረባት ኣገግሎት ምኽሪ ፣ ናይ ምዝንጋዕ ቀረባት፣ ሓገዝ ንኣረጋውያን ኣብ ዕለታዊ ናብርኦምን።
- *Pro Infirmis Thurgau-Schaffhausen:* ኣገልግሎት ምኽርን ደገፍን ን ኣካላዊ ስነ ኣእምራዊ፣ ናይ ምርዳእን ጸገማት ዘለዎም ሰባትን ሰቦምን ክሳዕ ናይ AHV ዕድመ ዝበጽሑ (ደቂ ኣንስትዮ 64 / ደቂ ተባዕትዮ 65)።
- *Krebsliga, Lungenliga, Rheumaliga und Diabetes Schaffhausen* ንጉዱኣትን ቤተሰቦምን ብዝተፈላለየ መገዲ ምድጋፍ፣
- *Spitex Kanton Schaffhausen:* ኣገልግሎታት *Spitex* ካብ ሓልዮት ጥዕናን ክንክን ሕሙማትን ክሳብ ኣብ ገዛ ናይ ምእላይን ደገፍ ምሃብን ይበጽሕ።
- ቀይሕ መስቀል ስዊዘርላንድ ካንቶን ሻፍሃውሰን፡ዝተፈላለየ ኣገልግሎታትን ደገፋትን ኣብ ጉዳያት ጥዕና፣ ማሕበረሰብን ምውህሃድን ይቕርብ።እቶም ኣገደስቲ ቀረባት ናይ ምጉዕዓዝ ኣገልግሎት፣ ናይ ህጹጽ ተሌፎን ኣገልግሎት፣ ኣገልግሎት ቀይሕ መስቀል ምብራይን እዮም። *(Rotkreuz-Entlastungsdienste)*
- *palliative.ch:* ካንቶን ጠርነፍ ዝኾነ መርበብ ዘለዎ ከቢድ ሕማም ንዘለዎም ሰባት ዝሕብሕብ፣ናይ ስዊዘርላንድ ማሕበር፣ ኣብ ሻፍሃውስን ናይ ካንቶን ማሕበር ኣሎ።
- ማሕበር ንሕቶታት መንእሰያት ምክልኻልን ሓገዝ ንውሉፋትን ሻፍሃውሰን *(Verein für Jugendfragen, Prävention und Suchthilfe Schaffhausen VJPS):* ክፍሊ ጉዳያት ደገፍ ጥዕናን፣ ምክልኻልን ምኽሪ ንውሉፋትን፣ ማሕበረ ሰባዊ ሓገዝን ፣ምእካብ መግቢ ንስኡናትን

# ግዜ ምዝንጋዕን ባህልን





## ምድህሳስ ሻፍሃውሰን

ዞባ ሻፍሃውሰን ንዝተፈላለየ ናይ ዳህሳስ ጉዕዞ ይዕድም።እቲ ኣብ መንጎ ሻፍሃውሰንን ሽታይን ኣም ራይንን *(Stein am Rhein)* ዝርከብ ዝተፈላለየ ትርኢታት ምድረ ገጽ መዘና ዘይብሉ ናይ ተፈጥሮ ጽባቐ የንጸባርቕ። ኣብ ሓጋይ ዳርጋ ፍርቂ ሻፍሃውሰን ኣብ ናይ ራይን ናይ ጥዕና መሕጸቢ ቦታታትን ክፉት ደንደሳትን ዝሑል ማይ የኻፍዮ።። ኣብ ምፍርራቕ ወርሓት ዓመት መንጫዕጫዕታ ራይን ንዓይኒ ተመልከትቲ ይመስጥ። እቲ ኣዝዩ ማራኺ ኸኣ እዋን እቲ መሬት ብበረድ ዝኽደነሉ ክረምቲ እዩ። ኣብ ሓጋይ ጽባቐ ተፈጥሮ ብናይ ሕብረ ቅርጻዊ ስነ ጥበባዊ ተኹሲታት ይጽምበል። ርሑቓት በረኽትን ግሩባትን ቦታታት ናይ ራንደንን ረያትን (Randens und des Reiats) ንዙረት፡ ምንቅስቓስን፡ ምዝንጋዕን ይዕድሙ። እቲ ብጽቡቕ ዝተሃንጸ ብቁዕ መገዲ ቢቺክለታ ኸኣ ንዙረት ይዕድም።

- *KulturLegi Schaffhausen:* ደገፍ ዝረኽቡ ወይ ትሑት እትዋት ዘለዎም ሰባት ካሳዕ 70% ምጉዳል ዋጋ ኣብ ብዙሓት ቀረባት ናይ ሻፍሃውሰን ካልእ'ውን ኣብ ምሉእ ስዊዘርላንድ ብምርካብ ተጠቀምቲ ናይ *KulturLegi* ይኾኑ።
- *Schaffhauserland Tourismus:* ብዛዕባ ብዙሓት ናይ ዙረት ቦታታት፣ ንኣሽቱ ጎዕዞታት ንጥዕናን ሓደስቲ ምድላዋት ፍጻመታት፣ ቤት ምግብታት፣ ስፖርት፣ ባህልን ካልእኦት ናይ ዕረፍቲ ቀረባትን ሓበሬታ ይህብ፣ ንህዝባዊ ምርኢታት፣ ናይ ከተማ ትያትር፣ ናይ መርከብ ጉዕዞ፣ ምርኢታትን ቲኬታትን ናጻ ቲኬታትን ይቐርብ ።.
- *KSS Freizeitpark:* ዝተፈላለየ ዓይነታት ስፖርት.ካብ ምሕምባስ ክሳብ ምንሽርታት በረድን ቢች ቮሊቦልን ምንቅስቓስ ንታሕጓስን *(Wellness )* ምድልዳል ኣካላትን ይቐርብ።
- *wanderland.ch:* ናይ ዞባን ዓድን ናይ ጉዕዞ ንጥዕና ምምልኻት ምስ ሓባር መገድን ናይ ምጉዓዝ ካርታን ብናይ ኢንተርነት መስመር።
- ዞባዊ ናይ ባህርይ ፓርክ ሻፍሃውሰን : ሓበሬታታት ተመኩሮታት ባህርይ ሻፍሃውሰን
- *Naturpark Schaffhausen:* ኣብ ዞባ ሻፍሃውሰን ዙረታት ብ ኢንተርነት ምምዳብ.
- *rheinfall.ch:* ሓበሬታታት ብዛዕባ ምቅርራባትን መግለጺታትን ፍጻመታት ባህርይ ኣብ *Rheinfall*

## ዕረፍትን ናጻ ግዜን

ሕጉስ ንምኳን፡ ዕለታዊ ምስ ሰብ ምርኻብን፡ ምዝንጋን፡ የድልይ። እዚ ኸኣ ወጥሪታት ንምዝርዛርን፡ ፍልጠት ንምእካብን፡ ጥዕና ንምሕላውን፡ ሓደስቲ ኣዕሩኽ ንምጥራይን ይጠቅም።

## ህይወት ክፍለ ከተማታትን ሃገረ ሰብን

ኣብ ክፍለ ከተማታትን ሃገረ ሰብን፡ ክትካፈልዎን ኣብ ምድላዉ ክትተሓጋገዙሉ ትኽእሉን በዓላትን ምርኢታትን ይዳለው። ብዛዕባ'ዚ ንፈለጥትኹምን፡ ፈተውትኹምን፡ ኣዝማድኩምን ተወከሱ። ማሕበራዊ ምዝማዳት ክፍጸመሎም ዝከኣል ከም ቦታታት መጻወቲ፡ መሐምበሲ፡ ወይ ሓፈሻዊ መኣከቢታት ናይ ሃገረ ሰብን ከተማታትን መራኸቢታት ኣለዉ። ኣብ ጥቓኹም ኣብ ዝርከብ ቦታ ጠቓሚ ኣስተዋጽኦታት ናይ ምፍጻም ድሌት እንተ ደኣ ሃልዩኩም፡ ኣብ ዓድኹም ወይ ክፍለ ከተማኹም ክትፍጽምዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኮማት ሻፍሃውሰን ሓበሬታ ብዛዕባ ህልው ፍጻመታት፡ ፖለቲካን፡ ምሕዳርን ኣብ ነናይ ነፍሲ ወከፈን ናይ መርበብ ገጻተን የውጽእኣ።

ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰን ንጉዳይ ሓባራዊ ናብራን፡ ምልውዋጥን፡ ማሕበረሰባዊ ጥምረትን ናይታ ካንቶን ንዘተባብዕን ንምምሕያሽ መነባብሮ ኣስተውጽኦ ዝገብርን ፕሮጀክትታት ደገፍ ይግበረሉ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ክፍለ ከተማታት ናይ ዝተፈላለየ ዕድመን፤ መበቆልን ዘለዎም ሰባት ርክባት ይካየድ ኢዩ።

- ከተማ ሻፍሃውሰን – *Quartiervereine* ዝተፈላልለየ ቀረባት ንጥፈታትን ሓበሬታትን ካብ ክፍለ ከተማታት ሻፍሃውሰን
- *Benevol* ሻፍሃውሰን : ክፍሊ ጉዳያት ናይ ናጻ ኣገልግሎት፣ ናጻ ኣገልገልቲ የራኽብን ኣብ ኩሉ መዳያት ህይወት ናጻ ኣገልግሎት ክህቡ ቅሩባት ንዝኾኑ ይደልይን
- *Quartierentwicklung Schaffhausen:* መራኸብን ፕሮጀክታትን ናይ ዝተፈላለዩ ክፍለ ከተማታት ሻፍሃውሰን

## ማሕበራትን ክላባትን

ኣብ ካንቶንን ኮማትን ዝተፈላለያ ማሕበራት ደቂ ኣንስትዮ ደቂ ተባዕትዮን ህጻናት መንእሰያትን ሽማግለታትን ኣለዋ። ገለ ካብኣተን ክም ስካውት፡ ዝኣመሰሉ






ጥምረታት መንእሰያት፡ ኣከብቲ ፍልጠት ተፈጥሮን፡ ታሪኽን፡ ንመጉዓዝያ ዝምልከቱ ክላባት፡ ክላባት ተጻውትቲ ገበጣ ቸስ፡ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ፡ ናይ ሙዚቃን፡ ባህልን ጥምረታት፡ በብዓይነተን ፖለቲካውያንን ስፖርታውያንን ጥምረታት። ኣብ ርእሲ እዚ ኸኣ ኣብ ሓያሎ ኮማት ከም ናይ ወለድን ቆልዑን ስፖርት፡ „ ኤ ል ኪ ቱርነን“ ((ElKi-Turnen) ናይ ጥዕና ምውስዋስ ኣካላት፡ ናይ ዕድመ ዝደፍኡ ምውስዋስ ኣካላት፡ ጉጅለታት መዝሙርን ተዋስኦን እውን ኣለዉ። ቀረባት ማሕበራት ንኹሉ ክፉት እዩ። ንሓደስቲ ኣባላት ከኣ ሓንጎፋይ ኢሎም ይቕበልዎም። ኣብ ትነብሩሉ ኮማት ብዛዕባ ዝተፈላለየ ቀረባት ተወከሱ። ኣብ ገጽ መርበብ ናይ ትነብሩሉ ኮም ዘድልይ ሓበሬታ ምርካብ ይከኣል።

- *wegweiser.sh* – ናይ ሻፍሃውሰን መድረኽ ሓብሬታ ቆልዑን፣ መንእሰያትን ቤተ ሰባትን። ኣብዚ ናይ ኢንተርነት መድረኽ ኣገልግሎት ምኽርን፣ ናይ መዘናግዕን ናይ ምእላይን ቀረባት፣ ኮርሳት፣ ናይ ወለዲ ናይ ትምህርቲ ኮርሳትን ካልእን ይርከብ።
- *Integres* – ናይ ምውህሃድ ጉዳያት ክፍሊ ኣብ ዞባ ሻፍሃውሰን፡ ኣብ ካንቶን ብዙሓት ወጻእተኛታት ወይ ማሕበራት ባህሊ ኣለዉ። ናይዚ ዝርዝር ኣብ መርበብ ኢንተርነት ናይ ክፍሊ ጉዳያት ምውህሃድ ይርከብ።

## ባህሊ

ዞባ ሻፍሃውሰን ዝተፈላለዩን ብዙሓትን ባህላዊ ቀረባት ይርከብዋ። ካብ ናይ ከተማ ቤት ተዋስኦን ንኣሽቱ ናይ መዋስኢ መድረኻት ኮማትን

ጀሚርኩም ክሳዕ ብዞባዊ ደረጃ ዝወሃብ ናይ ተዋስኦ ፍጻመታት ንጡፍ ተኻፋሊ ክትኮኑ ትክእሉ ኢኹም። እቲ ብዙሕ ዝዓይነቱ ፕሮግራማት ፊልም ሻፍሃውሰንን ሽታይን ኣም ራይንን (Stein am Rhein ) በቲ ኣብ ሙኖትዚነ (Munotzinne) ዝካየዱ ንኣሽቱ ግን ከኣ ምጩዋት ኣብ ናጻ ኣይር ዝካየድ በዓላት ፊልም ይደምቕ። እቲ ኣብ ርሑቕ ቦታታት ከይተረፈ ዝተወርየ ናይ Museum zu Allerheiligen ን ዝተፈላለዩ ናይ ስነ ጥበብ ምርኢታትን ንበጻሕቲ ዘዕግቡ ቀረባት እዮም። ከም ኣብ Hallau ሻፍሃውሰን ዝርከቡ ሙዝየም ዕዮ ተኽሊ ወይኒ ዝኣመሰሉ ናይ ቀረባ ቦታ ምርኢታት ዞባዊ ተፈላጥነት፡ ባህልን ልምድን የረድኡ። ንሸውሃት ፈተውቲ ዝተፈላለየ ዓይነት ሙዚቃ ዘርውዩ፡ ሓያሎ ምርኢታት ጃዝን ካልእ ብዙሕ ሙዚቃዊ ፍጻመታት ቦታዊ በዓላትን ከኣ ኣለዉ።

ንናይ ሙዚቃ ፌስቲቫል ከውኽብቲ ኣብ ከተማ፣ ንዓለም ለኻዊ Bachfest ናይ ኮንሰትርት መስርዕ «Schaffhausen Klassik», ከም ኡውን ብዙሓት ናይ ኮንሰርት ቦታታት ከም Kulturzentrum Kammgarn ናይ ሙዚቃ ክላብ Tap-Tap ዝተፈላልዩ ኣፍቀርቲ ሙዚቃ ይዓግቡሉ።

- *kulturraum.sh:* ናይ ባህሊ መድርኽ ከተማን ካንቶንን ሻፍሃውሰን ብዛዕባ ህልው ፍጻመታት፣ ቦታታትን ተኽእሎታት ምድጋፍ ናይ ዕዮ ባህልን ይሕብር።
- *nordagenda.ch:* ዞባ ሻፍሃውሰን ናይ ዘዋድዶም ምርኢታት መደብ ኣብ ኢንተርነት
- *Blauburgunderland Schaffhausen* ንወይንን ወይኒ ዝትከሎ ዞባ ወይንን ዝምልከት ናይ ምድላዋት *Blauburgunderland* ፕሮግራማት ሰሙናዊ ናይ ርክብ ምድላዋት ፕሮግራም ምስ ናይቲ ዞባ ጋዜጣታት ተተሓሒዙ ይዕደል።

## ቤት ንባብን ቤት ንዋይ ጸወታን

ቤት ንባባት ናይ ሓበሬታን ፍልጠን ናጻ ኣፍደገታት እዮም። ቤት ንባብ Agnesenschütte ከምኡውን ናይ ከተማ ቤት ንባብ Münsterplatz ናይ ከተማ ሻፍሃውሰን ናይ ህዝቢ ቤት ንባባት እዮም፣ ንኹሉ ኸኣ ክፉታት እዮም። ሓሳባት ብናጻ ምግላጽን፡ ናይ ዕድላት ማዕርነትን፡ ሰብ ባዕሉ ፍልጠቱ ክዕብይን፡ ንሓድሕዱ ክራኸብን፡ ሓሳባቱ ክለዋወጥን ከኣ የተባብዑ። ሰብ ባዕሉ ዝመሃረሉ ቦታ ከኣ ይቕርቡ። ኣባልነት ብናጻ፣ ንኹሉ ተቐማጢ ናይቲ ዞባ ፍቑድ እዩ።.

ቤት ንባብ Agnesenschütte ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ሞያውን ናይ ምዝንጋዕን መጻሕፍቲ ንኹሉ ደረጃታት ይቕርብ። ቤት ንባብ Stadtbibliothek am Münsterplatz ናይ ጥንታዊ ስነ ጽሑፋት መዐቀቢ እዩ።

ኣብ ኮማት Hallau, Oberhallau, Neunkirch, Wilchingen, Schleitheim, Neuhausen am Rheinfall, Stein am Rhein und Thayngen ናይ ህዝቢ ቤት ንባባት ይርከቡ፣ ኣብ Familienzentrum ሻፍሃውሰን ከምኡ‘ውን Stein am Rhein ቤት ንዋየ መጻወቲ ( Ludotheken) ናይቲ ካንቶን ይርከቡ። ቤተ ንዋይ መጻወቲ (Ludotheken) ጸወታን ኣቕሑ ጸወታን የለቅሑ።

# ኣብ ዕለታዊ መነባብሮ ዘድልዩ ነገራት ምርኻብ





## ዕዳጋታት

ዞባ ሻፍሃውሰን ከም ናይ መግቢ ድኳናት፡ ሞያዊ ድኳናት፡ ድኳናት ኣቑሑ ቤትን ድኳናት ቀንጠመንጢን ዝኣመሰሉ ኣብያተ ንግዲ፡ንኹሉ ካብ ንመዓላ ዕለታዊ ድልየታት ዘገልግሉ ነገራት ጀሚርካ ክሳብ ናይ ሞዳ ክዳውንቲ፡ ሰዓታት፡ ጋዕ ገልጠምን፡ ስልማትን ቃሕ ዝበለካ ነገራት ይርከብዋ።

ብጽቡቕ ዝተዓቀቡን ካብ ረግኢ መካይን ዝተፈልዩን፡ ማእከላት ኣረገውቲ ክፍለ ከተማ ሽታይን ኣም ራይንን፡ Stein am Rhein ሻፍሃውሰንን፡ ጽቡቕ ክዳን ተኸዲንካ ሽናዕ እናበልካ ናይ ዕዳጋ ዙረት ክትገብረሎም የወናውኑ።ሓያሎ ኮማት ኣብ ገጻት መርበባቶም ዝርዝር ኣስማት ኣብያተ ንግዳት ኣለዎም። ሓበሬታ ብዛዕባ ዕዳጋ ኣብ ኣረገውቲ ክፍለ ከተማ ካብ ፕሮ ሲቲ ምርካብ ይከኣል።

## ሰዓታት ስራሕ

ድኳናት ዝኽፈተሉ ሰዓታት ዝተፈላለየ እዩ። ብዙሓት ቤተ ዋኒናት ንጉሆ ኣብ መንጎ ሰዓታት ሾመንተን ትሽዓተን ይኽፈቱ፤ ኣብ መንጎ ሰዓታት ዓሰርተሸሞንተን ሰላሳን ዓሰርተው ትሽዓተን ከኣ ይዕጸዉ። ዓበይቲ ድኳናት ብኽፊል ንዝነውሐ ሰዓታት

## ዋጋታት

ዝተጻሕፉ ዋጋታት ቀየድትን ግብሪ መንግስቲ ዝተደመሮምን እዮም። መብዛሕትኡ እዋናት ብጥረ ገንዘብ፡ ብ ናይ EC-ካርድ ወይ ከኣ ብናይ ፖስት ካርድ ወይ ከኣ ናይ መኽፈሊ App TWINT ይኽፈል። መብዛሕትኦም ነጋዶ ነቲ ዝውቱር ናይ ክረዲት ካርድታት ይቕበሉ።

## ትኽ ኢልካ ካብ እንዳ ሓረስቶት

ኣብ'ቲ ንዓይኒ ዝማርኽ ሰሙናዊ ዕዳጋ፡ ናይ ቀጽሪ ዕዳጋ ወይ ከኣ ትክ ብትኽ ካብ እንዳ ሓረስቶት ናይ'ዚ ዞባ እዚ ሓድሽ ፍርያት ምዕዳግ ይከኣል።

ናይ ሻፍሃውሰን ሰሙናዊ ዕዳጋ፡ ሰሉስ ካብ ስዓት 7.00 ክሳዕ ሰዓት 11.00

ቀዳም ካብ ስዓት 7.00 ክሳዕ ሰዓት 12.00

ኣብ ሰሙናዊ ዕዳጋታት Hofladen ወይ ከኣ ኣብ ዕዳጋ ሓረስቶትናይ ቲ ዞባ ሓድሽ ፍርያት ትረኽቡ ።

ናይ ሻፍሃውሰን ሰሙናዊ ዕዳጋ ሰሉስ ካብ ስዓት 7.00 ክሳዕ ሰዓት 11.00

ቀዳም ከኣ ካብ ሰዓት 7.00 ክሳዕ ሰዓት 12.00

- *Schaffuuser Puuremärkt* (ናይ ሻፍሃውሰን ዕዳጋ ሓረስቶት)፡ ሰሉስ ካብ ሰዓት 8.00 ክሳዕ ሰዓት *12.00* ፤
  ዓርቢ ካብ ሰዓት *9.00* -ክሳዕ ሰዓት *17.30* ከምኡውን ቀዳም ሰዓት 8.00 ክሳዕ ሰዓት 12.00
  ዕዳጋ ኖይሃውሰን (Neuhauser Markt)፡ ዓርቢ ካብ ሰዓት *15.00* ካሳዕ ሰዓት *18.30*
- *Pro City Schaffhausen:*
  ሓበሬታታት ብዛዕባ ጥንታዊት ከተማ፤ ዕዳጋ ኣብ ሻፍሃውሰን
- ጥምረት ሓረስቶት ሻፍሃውሰን
  ሓበሬታ ብዛዕባ ቀጥታዊ ዕዳጋ ምስ ሓረስቶት ሻፍሃውሰን ሓበሬታ ኣብ ናይ ቅርዓት ድኳናትን*( Hofläden )* ድኳናት ዕዳጋን *( Marktstände)*

## ናይ መንግስቲ ኣብያተ ጽሕፈት፡ ፖስታን ባንክን

መብዛሕትኡ ናይ መንግስቲ ኣብያተ ጽሕፈት፡ ኣብ ከተማ ሻፍሃውሰን ይርከብ። ዝተፈላለያ ናይ ኮምን፡ ካንቶንን፡ ኣብያተ ጽሕፈት ዝተፈላለየ ስርሓት ኣለወን። ብዛዓ'ዚ ሓበሬታ ካብ ኮማዊ ምምሕዳርን መርበብ ኢንተርነትን ተወከሱ።

ፖስታ ብኣሃዱታት ፖስታ፡ ወካይል ፖስታ ወይ ከኣ ኣብ ንኣሽቱ ኮማት ብቤታዊ ኣገልግሎት ይሰርሕ። ንዝነውሐ ሰዓታት እቲ ኣብ ፊት መደበር ምድሪ ባቡር ዝርከብ ቀንዲ ኣሃዱ ፖስታ ካብ ሰኑይ ክሳዕ ዓርቢ ሰዓት *7.30 - 18.30*፡

ቀዳም ሰዓት *8.00 - 16.00* ኣገልግሎት ይህብ።

ኣብ ሻፍሃውሰን ዝተፈላለያ ዞባውያንን ዓለምለኻውያንን ባንክታት ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ጨንፈራት ኣለወን። ዝኽፈተሉ ሰዓታት ዝተፈላለየ እዩ። ዝምልከተን ባንክታት እናተሓጎሳ መረድእታ ይህባ።

- ናይ ስዊዘርላንድ ፖስታ *(Die Schweizerische Post:*
  ሓብሬታ ብዛዕባ ኣገልግሎትን ዋጋታትን ናይ ቡስጣ.

# ፖለቲካዊ ህይወት





## ዴሞክራስያዊ ስርዓት

ናይ ስዊዘርላንድ ዴሞክራሲ ዝተፈላለየ ተኽእሎታት፡ ሓሳብካ ምግላጽን፡ ኣብ ህዝባዊ መነባብሮ ምስታፍን የፍቅድ። ምርካብ ዘግነት ምሉእ ፖለቲካዊ መሰላት ኣብ ካንቶን ሻፍሃውሰንን ኮማትን ናይ ምጥቃም ተኽእሎ ይህበኩም። እቲ እንከላይ ህዝባዊ መሰል ተባሂሉ ዝስመይ ፖለቲካዊ መሰል ትሕዝቶ ናይ ድምጺ ምሃብ፡ ምምራጽ፡ ኣብ መስርሕ ምሕጋግ ሓድሽ ሕጊ ናይ ምብጋስን ምክፋል ኣብ ህዝባዊ ወኽሳን ዘጠቃልለ እዩ። እምበኣር ህዝቢ ርእይቶ ክህብ፡ ቅዋም ክቕይርን (ናይ ተበግሶ መሰል) ወይ እውን ባይቶ ዘመስርሖ ሕጊ ክነጽግን (መሰል ህዝባዊ ወኽሳ) ስልጣን ኣለዎ። ኣብ ስዊዘርላንድ ትርጉም ልዑላውነት፡ ልዑላውነት ህዝቢ እዩ። ፖለቲካዊ መሰላት ኣብ ጽፍሒ ፈደራላዊ ኣካልን፡ ካንቶንን ኮማትን ይትግበር።

## ምርጫን ምድማጽን

ፌደራላውያንን፡ካንቶናውያንን፡ኮማውያንን ባይቶታት ፈጸምቲ ኣካላትን ኣብ ኣርበ – ኣርባዕተ ዓመት ብህዝቢ ይምረጹ። ኣብ ርእሲ ድምጺ ምሃብ ዜጋታት ኣብ ጉዳያት ንድፊ እውን ድምጾም ንኽህቡ ይሕተቱ ኢዮም። ካብ ቅድሚ ብዙሕ ዓመታት ጀሚሩ ህዝባዊ ተኻፋልነት ኣብ ምሃብ ድምጺ፡ ሻፍህውሰን ኣብ ስዊዘርላንድ ዝለዓለ ጸብለልትነት ኣለዎ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ኣብ ሻፍሃውሰን ዜጋታት ድምጾም ክህቡ ዝግደዱ ስለ ዝኾኑ እዮም። ኣብ ድምጺ ምሃብ ዘይተኻፈለ ዜጋ ናይ ሽዱሽተ ፍራንክ መቕጻዕቲ ይኸፍል።

## ምምቕቓል ስልጣናት

መንግስቲ ኣብ ሰለስተ ኣካላት ዝተምቕለ እዩ። ባይቶ፡ (ሓጋጊ) መንግስቲ (ፈጻሚ) ቤት ፍርዲ (ፈራዲ)። ሓጋጊ ኣካል ሕግታት ይሕንጽጽን የውጽእን፡ንመንግስትን ምምሕዳርን ከኣ ይቆጻጸርን። ፈጻሚ ኣካል ንሕግታት የተግብር፡ ይገዝእን ሃገር የመሓድርን። ፈራዲ ኣካል ይፈርድ፡ ይሰርዕ፡ ይቐጽዕን የድሕንን። ነፍሲ ወከፍ ኣካል ካብ ሓድሕዱ ተፈላልዩ ኣብ ፌደራላዊ፡ ካንቶናውን፡ ኮማውን ጽፍሒ ይርከብ።

ኣብ ፌደራላዊ ጽፍሒ ዘሎ ብባይቶ ዝምረጽ ፌደራላዊ ሽማግለ ስልጣን መንግስቲ ስዊዘርላንድ ዝለበሰ ኣካል እዩ፡፡ ባይቶ ሽኣ ድምር „ሽማግለታት ሃገራዊ ቤት ምኽርን“ ኣባላት „ሽማግለታት ላዕለዋይ ቤትን“ እዮም። ካንቶን ሻፍሃውሰን ኣብ „ሽማግለታት ሃገራዊ ቤት ምኽርን“ ኣባላት „ሽማግለታት ላዕለዋይ ቤትን“ ከክልተ ወከልቲ ኣለዉዋ።

ኣባላት ፌደራላዊ ቤት ፍርዲ ብባይቶ ይምረጹ።

ካንቶን ሻፍሃውሰንን ኮማታን ንምምቕቓል ስልጣናት ብዝስዕብ ኣገባብ ሰሪዖም ኣለዉ፡፡

## ሓጋጊ ኣካል

ካንቶን፡-ሽማግለ ቤት ምኽሪ ካንቶን ሓጋጊ ኣካል እዩ። እቶም ብድምሮም ስሳ ዝኾኑ ኣባላቱ ከኣ ወከልቲ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ካንቶንን ፖለቲካውያን ሰልፍታትን እዮም።

ኮም፡- ሽማግለ ኣማኸርቲ ከተማ፡ ሓጋጊ ኣካል ኮም እዩ። ኣብ ከም ራይንፋል፡ Rheinfall ሽታይን ኣም ራይን፡ Stein am Rhein ቤሪንገንን Beringen ታይንገንን Thayngen ሽማግለ ተቐማጦ ናይ ምሕጋግ ስልጣን የመስርሕ። ኣብ ካልኦት ኮማት ከኣ ብጉባኤ ኮም ይምስራሕ።

## ፈጻሚ ኣካል

ካንቶን፡- ናይ ካንቶን መንግስቲ ነናቶም ክፍልታት ብዝመርሑ ሓሙሽተ ኣባላት ሽማግለ ባይቶ (Regierungsräte) ይምስረት። ናይ መንግስቲ ኣቦ መንበርነት ከኣ ኣባላት ሽማግለ መንግስቲ ኣብ ዐዓመት እናተበራረዩ ይቃባበልዎ። ፈጻሚ ኣካል ከተማ ሻፍሃውሰን ናይ ከተማ ሽማግለ እዩ። ሽታይን ኣም ራይን Stein am Rhein እውን ሓደ ሽማግለ ከተማ ኣለዋ። ኣብ ካልኦት ዝተረፉ ኩለን ኮማት ስልጣን ናይ ምፍጻም ብሽማግለ ኮም ይቕረብ።





### ፍርዳዊ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ እቲ ዝለዓለ ቤት ፍርዲ ሻፍሃውሰን እዩ። ተሰካም ጾር ፍሉያት ጉዳያት ፍትሕን፡ ላዕላዋይ ተቖጻጻራይ ካልኦት ናይ ፍትሒ ኣካላት ናይቲ ካንቶንን፡ከኣ እዩ። ካብ ዝቆጻጸረን ኣካላት ቤት ፍርዲ ካንቶን፡ ኣኽፈልቲ ዕዳ፡ ንበተኻት ሰብ ዕዳ ዝምልከቶ ኣካል፡ ናይ ዕርቂ ቤት ፍርዲ ጉዳይ ክራይን፡ሰበ ስልጣን ሓለይቲ ድሕነት ህጻናት ዓበይትን፡ ካልኦት ኣካላትን ይርከብዎም።

> ► ካንቶን ሻፍሃውሰን – ሰበስልጣናት: ዝርዝር ሓበሬታ ብዛዕባ ፈጻምን ሕጋግን ፈራድን ኣካላት ሻፍሃውሰን
>
> ► *ch.ch:* ሰፊሕ መግለጽ ናይ ቀረባ ሓበሬታትን ስዊዘርላንድ

## ተኣኽእሎታት ፖለቲካዊ ተሳትፎ ንወጻእተኛታት

ወጻእተኛታት ዋላ እኳ እውን ኣብ ፖለቲካዊ ጉዳያት ብቐጥታ ኢዶም ክመልሱ ኣይኽኣሉ እምበር፡ ኣብ መጻኢ ናይ ኮማቶም ጽልዋ ከሕድሩ ዘኽእልዎም ዝተፈላለየ ተኽእሎታት ኣለውዎም፡፡ ወጻእተኛታት ኣብ ናይ ዝነብረሉ ቦታ ማሕበራትን፡ ሞያውያን ውድባትን፡ ናይ ስፖርት ክላባትን፡ ሽማግለ ኣማኸርትን ኣባላትን ኮይኖም ክዋስኡ ይኽእሉ እዮም። ወጻእተኛታት ከም ኩሎም ስዊዘርላንዳውያን መሰል ኣቤቱታ ኣለዎም። ኣቤቱታ ንኹሎም ሰባት ኣብ ልዕሊ ሰበ ስልጣን፡ ኮማት፡ ካንቶናትን ፈደራላዊ ጽፍሕን፡ ሕቶታት፡ ርእይቶታት፡ ወቐሳታት፡ ይኹን በደለይ ይርኣየለይ ናይ ምባል ድምጾም ከቕርቡ ናይ ምኽኣል መሰል ይህብ። በዚ ኣገባብ እዚ እውን እቲ ብሰበ ስልጣን ኣካላት መንግስቲ ዝተወሰደ ውሳነታት ክጽለው ይኽእል ማለት እዩ።

## ምርካብ ዜግነት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዜግነት ዝተዋህቦ፡ፖለቲካዊ መሰላት ይረክብ። ኣብ ስዊዘርላንድ ንነዊሕ እዋን ዝተቐመጡ ዜግነት ንኽወሃቦም ከመልክቱ ይኽእሉ። እንተ ሕቶ ዜግነት ብስሉጥ ክወሃብ ከይወሃብ ግና ወሳኒኡ፡ ንውሓት ምቕማጥን፡ ምኽንያት ምቕማጥ ኣብ ስዊዘርላንድን እዮም። ምስ ዜጋታት ስዊዘርላንድ ዝተመረዓዉ ብዝተቓለለ ኣገባብ ዜግነት ንምርካብ፥ ምልክትኦም ትኽ ኢሎም ናብ ፈደራላዊ ጽፍሒ፡ ዝተረፉ ካልኦት ግና ኣብ ናይ ዝነብሩሉ ካንቶን ኮም የቕርቡ።
ዜግነት ደልዩ ዘመልክት ዝስዕብ ነጥቢታት ከማልእ ትጽቢት ይግበረሉ።

- ኣብ ኮማውን ካንቶናውን ህይወት ዝተወሃሃደ፡
- ምስ ናይ ስዊዘርላንድ ኣነባብራ፡ ባህልን ልምድን ዝተለማመደ
- ስርዓት ፍትሒ ናይ ስዊዘርላንድ ዘኽብርን፡ ውሽጣውንግዳማውንድሕነትስዊዘርላንድዘይጎድእን፡
- እኹል ፍልጠት ቛንቛ ጀርመን ዘለዎ
- ስሩዕ ሰባውን ገንዘባውን ኩነት ዘለዎ

(ዝርዝር መግለጺ ኣብ በርጌሳዊ ሕጊ ካንቶን ሻፍሃውሰን ዓንቀጽ 6)

> ► ካንቶን ሻፍሃውሰን – ናይ ፍትሕን ኮማትን ቤት ጽሕፈት *(Amt für Justiz und Gemeinden):* ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ምርካብ ዜግነትን ቀጥዒታት መሕትት በርጌሳዊ መሰላትን (መሰላት ዜጋን )






## INTEGRES - ክፍሊ ጉዳያት ምውህሃድ ዞባ ሻፍሃውሰንን መፈጸሚ ጉዳያት ምክልኻል ኣድልዎን ናይ ኣብ መንጎ ባህልታዝፍጠር ጎንጺታትን

ኣብ ዞባና ትነብሩን ትሰርሑን፣ ንዞባና ከኣ ክትለማመድዎ ትደልዩን እንተ ደኣ ኰንኩም፣ ኣብ መስርሕ ምውህሃድ ምስ ሃገርናን ዞባናን ብታሕጓስ ንሕግዘኩም። ጉጅለና ኣብ ጉዳያት ዕለታዊ መነባብሮ ወይ ከኣ ኣብ ምምራጽ ድሌትኩም ዘማልእ ናይ ቋንቋ ኮርስ ክሕግዘኩም ይኽእል። ኣብ ካንቶን ብዙሕ ምርጫ ናይ ቀረባት ኮርስ ቋንቋን ምውህሃድን ኣሎ።

### ዓይነታት ምኽሪ

- ምኽሪ ብዛዕባ ኮርሳት ቋንቋ ጀርመንን ምውህሃድን
- ደገፍ ኣብ ምምላእ ቀጥዒታት፣ ኣብ ምጽሕሓፋት ምስ ቤት ጽሕፈታት መድሕናትን ወይ ከኣ ትካላት
- ምኽሪ ብዛዕባ ሕቶታት ዕለታዊ ናብራን ናብ ዝምልከቶም ናይ ጉዳያት ቤት ጽሕፈታት ምሕባርን
- ምኽሪ ብዛዕባ ዓሌታውነትን፣ኣድልዎን፣ ሓድሕደባህላዊ ግርጭታትን
- ንሓደስቲ መጻእቲ ናይ ፈለማ ሓበሬታ

### ወጻኢታት

ኣገግሎት ምኽሪ ብናጻ እዩ።

### ሰዓታት ስራሕ

ብዘይ ቆጸራ ኣብ ዝስዕብ ናይ ስራሕ ሰዓታት።

ሰዓታት ስራሕ:
ሰኑይን ረቡዕን ካብ ሰዓት 9.00 ክሳዕ ሰዓት 11.00 / ሰዓት 14.00 ክሳዕ ሰዓት 17.00
ሰሉስ : ዕጹው
ሓሙስን ዓርብን: ሰዓት 14.00 ክሳዕ ሰዓት 17.00
ኣብ ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ ብቖጸራ.

### ቦታ

Integres
ክፍሊ ጉዳያት ምውህሃድ ዞባ ሻፍሃውሰን
(Integrationsfachstelle für die Region Schaffhausen)
Krebsbachstrasse 61
8200 Schaffhausen

### ርክባት

**ተሌፎን** : 052 624 88 67
**ኢ-መይል**: info@integres.ch

### ዛንታ

Integres ኣብ ሓጋይ ናይ 2006 ከም ናይ ብቖዓት ማእከል ንሕቶታታት ምውህሃድ ንምምላስ ተመስረተት። ክፍሊ ጉዳያት ምውህሃድ (Integrationsfachstelle) ግና ናይ ካብኡ ዝነውሐ ግዜ ተመኩሮ ኣለዋ። ዛጊት ብ 1972 ብሰፊሕ ምትእስሳር ናይ ሲቪካዊ ማሕበራት፣ ምጣነ ሃብትን፣ ፖለቲካን Schaffhauser Kontaktstelle Schweizer-Ausländer ተመስረተት። ዕላምኣ ምውህሃድ ወጻእተኛታት ንምድጋፍን ባህላዊ ምልውዋጣት ንምብርትታዕን ነበረ። Kontaktstelle ኣብቲ ዝሰዓበ ዓመታት ኣብ መንጎ ወጻእተኛታትን ሓዳስ ዓዶምን ምርኻብ ሓንቲ ካብቶም ኣገደስቲ ረቛሒታት ኮነት። እቲ ሓገዝ መብዛሕትኡ ግዜ ምስ ዕለታዊ ናብራ ዝተተሓሓዘ እዩ ዝነበረ። ኣብዚ እቶም ደለይቲ ምኽሪ ናይ ቤት ጽሕፈታት ቀጥዒታት ኣብ ምምላእን፣ ምስ ሓኪም ቆጸራ ኣብ ምግባርን ደገፋት ይረኽቡ ነበሩ። ሎሚ Integres ከም ቀደም ኣገልግሎት ምኽሪ ትህብ እያ፣ብቕዳምነት ግን ከም መነሃርያ ርክባት (Drehscheibe) ኮይና ብቕርጻን ብጽንሰ ሓሳባን ንዕዉት ምውህሃድ ትነጥፍ።

